ዩኒቨርስቲ መቐለ

ኮለጅ ሕብረተሰብን ሳይንስን ቋንቋታትን

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ስነ ፅሑፍን ትውፊትን ትግርኛ

# ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርትን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ስዋኣት ከተማ ፍረ-ወይኒ

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ኽፋል መማልኢ ኮይኑ ዝቐርብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ

ኣብርሃም ገብረእግዛቢሄር ዋጋየ

ዋና ኣማኻሪ ዶ/ር ትካቦ ገብረስላሴ

ሓጋዚ ኣማኻሪ አቶ ደሳለኝ ኪሮስ

ሰነ 2017 ዓ/ም

መቐለ

# ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርትን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ስዋኣት ከተማ ፍረ -ወይኒ

ብ

ኣብርሃም ገብረእግዛቢሄር ዋጋየ

ዋና ኣማኻሪ  ዶ/ር ትካቦ ገብረስላሴ

ሓጋዚ ኣማኻሪ አቶ ደሳለኝ ኪሮስ

ኣባላት ቦርድ ፈተናታት

ኣማኻሪ ------------------------------ ፊርማ ----------------- ዕለት ---------

ፈታኒ --------------------------------- ፊርማ ----------------- ዕለት -------

ፈታኒ --------------------------------- ፊርማ ----------------- ዕለት -------

# ምስጋና

ብመጀመርታ ነዚ ስራሕ ንምፍፃም ዘድልየኒ ኩሉ ስለ ዝሃበኒ ፈጣሪ ኩሉ ኣምላኽ የመስግኖም።
ንቑንዲ ኣማኻሪይ ትካቦ ገብረስላሴ (phd)ን ተሓጋጋዚ ኣማኻሪይ ደሳለኝኪሮስ (M.A.)ን ኣብ ስርሖይ ክቡር ርእይቶታትን ቅልጡፍ ምላሽን ዝሃቡኒ ልባዊ ምስጋናይ ይገልፅ።

ቀጺለ፡ ነቶም ኣብ ጎነይ ዝነበሩን ብፍልጠትን ብገንዘብን ዝደገፉኒ ስድራይ፡ መምህር ሃፍቶም ተኽላይ ፣ሰላማዊት ኣዲሱን ልዑል ምስጋናይ ክገልፅ እፈቱ። ኣብ መወዳእታ፡ ሓበሬታን ሓገዝን ብምሃብ ዝሓገዙኒ መምህር ሃፍቶም ተኽላይ ደጊመ ልዑል ምስጋናይ ይገልፅ።

# ትሕዝቶ ሰደቓ

**ሰደቓ** **ገፅ**

ምስጋና ..... i

ምዕራፍ ሓደ ..... 1

መእተዊ ..... 1

1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ ..... 1

1.2 ሓተታ መፅናዕቲ ..... 2

1.3 ሕቶታት መፅናዕቲ ..... 3

1.4. ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ ..... 3

1.5 .ኣገዳስነት እዚ መፅናዕቲ ..... 4

1.6 ደረት መፅናዕቲ ..... 4

1.7 ሕፅረታት እዚ መፅናዕቲ ..... 4

ምዕራፍ ክልተ ..... 5

2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ፅሑፋት ..... 5

2.1 መእተዊ ..... 5

2.2 ዳህሳስ ብያነ ብዝተፈላለዩ ሙህራን ..... 5

2.3 ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ..... 6

2.4 ዓይነትን ኣመዳድባን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ..... 8

2.5 ረብሓ ናውቲ ትምህርቲ ..... 9

2.5.1 ዝድመፁ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ..... 10

2.6 ዝራኣዩ ናውቲ ትምህርቲ ..... 11

2.7 ናይ ድምፅን ስእልን መምሃሪ ናውቲ ..... 14

2.8 ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ..... 15

2.8.1 መትከላት ምምራፅ ናውቲ ትምህርቲ መምሃሪ ..... 15

2.8.2 ምምራፅ ናውትታት ትምህርቲ ቋንቋ ..... 16

2.9 ንመምሃሪ ናውቲ ትምህርቲ ንምምራፅ ዝሕግዙ መዐቀኒታት ..... 17

2.9.1 ባህርያት ቀሊልነት ትምህርቲ ..... 18

2.9.2 ኣጠቓቕማ ናውት ምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ..... 18

2.9.3 መትከላት ምቕራብ ናውቲ ትምህርቲ ..... 22

2.9.4 ስነ-ልቦና ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ መምሃሪ ..... 22

2.10 ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ፀገማት፤ ..... 23

2.10.1 ኣድላይነት ስልጠና ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ..... 25

2.11 ግደ መምህራን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ብናውቲ ..... 26

2.12 ናውቲ ትምህርቲ ከም ሓገዝ መምሃሪ ..... 28

2.12.1 መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህርን ..... 29

2.12.2 ስርዓተ ትምህርቲን መርሃ ትምህርትን ..... 29

ምዕራፍ ሰለስተ ..... 30

ሜላ ኣፀናንዓን ኣቀራርባን ..... 30

3.1 መእተዊ ..... 30

3.2 ሜላ ኣፀናንዓ ..... 30

3.3 ምምራፅ መርኣያ ቤት ትምህርቲ ..... 30

3.4 ምምራፅ መርኣያ ደረጃ ክፍሊ ..... 31

3.5 ኣገባብ ምምራፅ ክፍልታት ትምህርቲ ..... 31

3.6 ኣገባብ መርኣያ መምህር ምውሳድ ..... 31

3.7 መሳርሒታት መኣከቢ መረዳእታ ..... 32

3.7.1 ትዕዝብቲ ክፍሊ ..... 32

3.7.2 ፅሑፋዊ መሕትት ..... 33

3.7.3 ቃለ መሕትት ..... 34

3.8 ኣገባብ ትንተና መረዳእታ 34
ምዕራፍ 4 35
ትንተናን ትርጉምን መረዳእታ 35
4.1 መእተዊ 35
4.2.ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ 36
4.3. ትንተና መረዳእታ 37
4.3.1 ውፅኢት ኣጠቓቕማ መምህራን ናውትታት ትምህርቲ 37
4.3.2. ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ 38
4.3.3. ግንዛበ መምህራን ኣብ አጠቃቅማ ናውተ ትምህርቲ 38
4.3.4. ትሕዝቶ ቴክኖለጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ 39
4.3.5 ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን 40
4.3.6 መምህራንቋንቋ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ብቕዓት 41
4.3.7 ግቡእነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ 42
4.3.8 ዝምድና ዕለታዊ ትምህርቲትን ንውት ትምህርትን 42
4.4.መምህራን ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ናይ ምጥቃም ልምዲ 43
4.4.1.ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር 44
4.4.2.ዓይነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ 45
4.4.3.መምህራን ውፅኢት ሕትመት ናይ ምጥቃም ልምዲ 46
4.4.4.ስልጠና አፈፃፀማን ብዛዕባ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ 46
4.4.5.መምህራን ብዝተፈላለዩ ሰሌዳታት ናይ ምጥቃም ልምዲ 48
4.5. ዓይነትን ኣመዳድባን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ 48
4.6. ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ፀገማት 50
4.7. ትንተና መረዳእታ ቃላዊ መሕትት መምህራን 52
4.7.1 ትንተና መረዳእታ ዕፁው ቃለ መሕትት 52

4.7.2 ትንተና መረዳእታ ክፉት ቃለ መሕተት 52

4.8 ትካላዊ ፀለውቲ ነገራት 52

4.8.1 ቦታ ዝምልከት 52

4.8.2. ኣመራርሓ ትምህርቲ 53

ምዕራፍ ሓሙሽተ 54

መጠቓለሊ፣መደምደምታን መፍትሒ ሓሳባትን 54

5.1 መጠቓለሊ 54

5.2 መደምደምታ መፍትሒ ሓሳባትን 54

መዋኽስቲ ፅሑፋት 56

ልጋብ 59

# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

መምህራኣን ንዓርሰ ስብእናን ትምቢትን ድሌትን ተምሃሮኦም ኣብ ሸቶ ንምብፃሕ ዝተሓንፀፁ ዕላማታት ትምህርቲ ንምትግባርን ኣብ መንጎ ተምሃሮን ትሕዝቶ ትምህርትን ዝህሉርክብ ግልፅን ጭቡጥን፣ኣዋህባ ትምህርቲ ሳሓብን ታሃራፍን ንምግባርን ጊዜን ጉልበትን ብዝግባእ ንምጥቃምን ግቡእነት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ይጥቀሙ።

ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝባሃሉ ኩሎም ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክፍፀም ምችውነት ትምህርቲ ዝፈጥሩ እዮም። "ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ምችው ባይታ ዝፈጥር

ዝራአዩ ከም ስእላዊ መግለፅታት፣ ምስልታት፣ ካርታትት፣ ፎቶግራፋት፣ ቻርትታትን ዝድመፅ ሬድዮ፣ ቴፕ፣ ናውቲ ሙዚቃ፣ ዝረአይን ዝድመፅን ድማ ቪድዮ ፊልምታት፣ቴለቪዥን፣መፅናዕታዊ ጉዕዞ (study trip) ዝበሉ ዝሓዘ እዩ።" (Tomlison, 2001ን2003 ኣ.ፈ) ። ብሓፈሻ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንመምህራን ተምሃሮን ይጠቅሙ እዮም። ንመምህራን ረቂቅ ትሕዝቶ ትምህርቲ ጭቡጥ ገይሮም ከቅርቡ ይሕግዝ ፣ንተምሃሮ ድማ ዝተማሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስ ከባቢኦም ከታሓሕዝዎን ከይርስዕዎን ንነዊሕ እዋን ክፀንሕ ብምግባር ክእለት ምዝካር ክዕብዩ የኽእሎም (Tomlison, 2003) ን (Mashuhara,1998 ኣ.ፈ)። ትምህርቲ ቋንቋ ዕውት ብዝኾነ መንገዲ ክሳለጥ ብመዳይ መፃሓፍቲን ካልኦት ሓገዝቲ ናውትታትን ትምህርቲ ክማላእን ምችውነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝፈጭሮ ሳሓባይ ክኸውን ብምግባር ተምሃሮ ዘሳትፍን ክእለት ቋንቋ ዘጠናኽሩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ምጥቃ ኣድላይ እዩ (Islam and Mares,2003ኣ.ፈ)።

ትምህርቲ ቋንቋ ምስዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ግቡእነት፣ ተዛማድነት ብዘለዎ ዝተፈላለየ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እንትድገፍ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ይሳለጥ ምኽንያቱ ቋንቋ ረቂቅን ሕልኽላኽን መረዳድእን መሳርሒ ስለዝኾነ ናብ ግልፅን ጭቡጥን ኣቕሊልካ ንምቕራብ ስለ ዘኽእል እዩ(Harmer,2001,Aggarwal, 1996)። ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝራአዩ ዝድመፁ፣ዝራአዩን ዝድመፁን ተባሂሎም ይምደቡ።መምህር ቋንቋ ከከም ኣድላይነቱ ምስቲ ዕላማ ትምህርቲ ዝስማማዕ እናመረ እንትጥቀም ግዘን ጉልበትን ቆጢቡ ዕላማ ትምህርቲ ብቀሊሉ ከጨብጥ የኽእል።ተምሃሮ ድማ ብቅዓት ኣቀባብለኦም ከዓብን ተሳተፍቲ ዝገብርን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ስለዝ ሳለጥ ከይተሳላቸዉ ክማሃሩን እቲ ዝተማሃርዎ ንነዊሕ እዋን ከይርስዕዎ ከፀንሑ የኽእሎም።

ካብ ተሞክሮ መፅናዕቲ መምህራን ንሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝህብዎ ትኹረት ትሑት ምኻኑ የርእዩ። ስለዚ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝህብዎ ረብሓ ልዑል ምኻኑ ዝተፈላለዩ ምሁራን ይገልፁ። ካብዚ ብምብጋስ እዚ መፅናዕቲ ህልዊ ኩነታት ኣጠቓቕማን ዝምድናን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ስዋኣት ከተማ ፍረ-ወይኒ እንታይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ዝዓለመ መፅናዕቲ ምክያ ኣድላይ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

## 1.2 ሓተታ መፅናዕቲ

መምህራን ንናይ ገዛእ ርእሶም ስብእናን ድሌታትን ተምሃሮኦምን ዝድለ ትሕዝቶ ንምዕዋት ዝምጥን ናይ ቋንቋ ሓገዛት ክጥቀሙ ይግባእ፤ ነቲ ዝተፃሓፈ ትሕዝቶ ንምትግባር፤ ኣብ መንጎ ተምሃራይን እቲ ዝማሃር ዘሎ ትሕዝቶን ዘሎ ፍልልይ ንፁርን ዝጭበጥን ንምግባር፤ እቲ ኣወሃህባ ኣስተምህሮ ዘይርሳዕ ንምግባር፤ ከምኡ'ውን ግዜኦምን ጉልበቶምን ብዝበለፀ ንምጥቃም እዩ። McArthur (1989, 78)

ተማሃሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እንተተሳቲፎም ተረዳዳኢ ርክብ ብኣድማዒ መንገዲ ከጠዓዕሙ እዮም።"Clark and Irbing (1996፡63)። ምስዚ ብዝዛመድ Wong(1998፡168) ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃር ቋንቋ ተምሃሮ ብዝተፈላለየ ግብራዊ ንጥፈታት ከምዝተማህሩ ይንገር። ንፉዕ መምህር ቋንቋ ተማሃሮ ብተሳትፎ ኣቢሎም ዝያዳ ዝመሃሩሉ መንገዲ ንኸለልዩ ይሕግዞም፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ግብራዊ ንጥፈታት ብምውፋር ከምኡ'ውን ብተፈጥሮኣዊ ኣገባብ ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ብርክባዊ ኣገባብ ክዋፈሩ ይሕግዝ።

መምህራን ቋንቋ ዝተፈላለዩ ፀጋታት ተጠቒሞም ኣቓልቦ ተማሃሮ ክስሕቡን ዝተፈላለየ ክእለት ቋንቋ ክለማመዱን ይግባእ" ይብል Aggarwal (1996፡153) ። ካብዚ ብተወሳኺ በድሉ (1996፡63-64) መምህራን ኣብ እዋን ናይ ምዝራብ ንጥፈታት ካብ ክፍፅምዎ ዝግባእ ዕማማት ስእላዊ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ክጥቀሙ ከም ዘለዎም ይገልፅ፤

ነዚ ሓሳባት ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ተመራማሪ ነቶም መምህራን ኣብ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ንጥፈታቶም መምሃሪ መሳርሒታት ይጥቀሙ ድዮም? ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምርኡ ኣልዒሉ፣ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከ ከመይ የዛምድዎ ይኾኑ?፣ ኣብ ትሕዝቶ መለኪዒ ስራሕ ኣፈፃፅማ /ውፂኢት ተኮር/ "ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ትጥቀሚ ዶ? (ትጥቅም ዶ?)" ዝብል ኣሎ እዚ ሓገዝ መምሃሪ ኸ ካብ ካልኦት ጉዳያት ንላዕሊ ቆላሕታ ዝወሃበሉ ቀንዲ ምኽንያት እንታይ ይኸውን ? መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብሓገዝ ትምህርታዊ ናውትታት ኣብ ምምሃር ክእለት ንተምሃሮ እንታይ ተራ ኣለዎም? መምህራን ትምህርታዊ ናውትታት ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን ከጋጥሞም ዝኽእል ፀገማትን ብደሆታትነ እንታይ እዮም? ዝምድና ተሕዝቶ ትምህርትን ናውቲ ትምሀርትን እንታይ ይመስል ፣ዝብሉ ነቲ ተመራማሪ ዝደረኹዎ ሕቶታት ነይሮም። ካብዚ ብምብጋስ እቲ መፅናዕቲ ነዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ ሕቶታት ከም ዝምልስ ይእመን። ስለዚ መሪሕ ሕቶታት እቲ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

## 1.3 ሕቶታት መፅናዕቲ

1. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ኣጠቃቅማ ናውቲ ትምርቲ እንታይ ይመስል ?
2. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ናውቲ ትመህርቲ ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን ዘጋጥሞም ዕንቅፋታት እንታይ እዮም?
3. መምህራን ቋንቋትግርኛ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሓገዛት መምሃሪ እንታይ ኣረኣእያ ኣለዎም?
4. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ንመምሃሪ ናውቲ ንምጥቃም ዘለዎም ድልውነት እንታይ እዩ?
5.ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትነ ንውቲ ትመህርትን ታይ ይመስለ ?

## 1. 4. ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ

### 1.4.1 ቀንዲ ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ፍረወይኒ ዝርከብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኸሊ ስዋኣት ኣብ 9ይ ክፍሊ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን ናውቲ ትመህርትን ንምፍታሽ እዩ።

### 1.4.2 ዝርዝር ዕላማታት እቲ መፅናዕቲ

ዝርዝር ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ፍረወይኒ ዝርከብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኸሊ ስዋኣት ኣብ 9ይ ክፍሊ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን ናውቲ ትመህርትን ኣለሊኻ መፍትሒ ምቕማጥ እዩ እዩ።

- ✔ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝጥቀሙሉ መምሃሪ ናውቲ ንምድህሳስ።
- ✔ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን ዘጋጥሞም ዝኾነ ይኹን ፀገም ንምልላይ።
- ✔ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ብዝምልከት ዘለዎምርዲኢት ንምርዳእ።
- ✔ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ድሌትን ተበግሳ ምደህሳስ ።

## 1.5 .ኣገዳስነት እዚ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ከምዘለዎ ይእመን።

መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ትምህርቲ ንምርዳእ ዝሕግዝ ሓበሬታ ይህብ።

ካብ ውፅኢት መፅናዕቲ ዝተረኸቡ ርኢቶታትን ናይ መፍትሒ ሓሳባትን መሰረት ብምግባር ንኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ንምርዳእን ትኹረት ክህቡን ይሕግዞም።

ኣብዚ ኣርእስቲ ብዕምቆት መፅናዕቲ ክገብሩ ንዝደልዩ ሰብ ሞያ ተወሳኺ ሓበሬታ ይህብ።

ንኣዳለውቲ መፁሓፍ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ፍንጪ ይህብ።

## 1.6 ደረት መፅናዕቲ

እቲ መፅናዕቲ ኣብ 2017 ዓ.ም ኣብ ክልል ትግራይ፣ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ፍረወይኒ፣ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤተ ትምህርቲ 9ይ ክፍሊ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝጥቀምሉ «ናውት ትምህርቲን ዝምድና ትሐዝቶ ትምህርቲን" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝካየድ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዘተኮረ እዩ።

## 1.7 ሕፅረታት እዚ መፅናዕቲ

ዋላ እኳ እቲ ተመራማሪ ነቲ መፅናዕቲ ንምክያድ ልዑል ድራኽ እንተነበሮ፡ ትምህርቲ ብደረጃ ተዋረዳዊ ወይ ጎናዊ ዝምድና ስለ ዘለዎ ኣብ ካልእ ዓይነት ትምህርትን ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ክፍልታትን ዝርከቡ ኣጠቃቅማን ዝምድናን ቋንቋ ዝምልከት «ምጥቃምን ምድላውን ኣይተሓወሶን።ካልእ ድሩትነት ድማ መረዳእታ ንምእካብ ካልኦት ሓበሬታ

ዝህቡ ኣማራፂታት ኣድለይቲ እንተነበሩ እኳ እቶም መልሲ ዝሃቡ ግን ኣብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምርቲ ተኽሊ ስዋኣት ካብ ዝርከቡ ካብ ታሽዓይ ክሳብ ዓሰርተክልተ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራንን ተምሃሮነ  እቶም ታሽዓይ ክፍሊ ጥራሕ መምህራንን ተምሃሮን ዘተኮረ ምኳኑ እዩ።ብተወሳኺ ብደረጃ ክፍሊ ዘሎ ፍልልያት ንምርኣይ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ጥራሕ እዩ ተኻይዱ። ስለዚ ካልእ ድሩትነት ድማ እቲ መፅናዕቲ ኣብ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ዘይምክያዱ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ
# 2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ፅሑፋት

## 2.1 መእተዊ

ኣብ ምዕራፍ ሓደ ድሕረ ባይታ፣ ፀገም፣ ዕላማ፣ መሰረታዊ ሕቶታት፣ትርጉም፣ ስፍሓትን ድሩትነትን ናይቲ መፅናዕቲ ተገሊፁ ኣሎ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ክልሰ-ሓሳባዊ መሰረት እቲ መፅናዕቲ ብመንፅር ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ክልሰ-ሓሳባት፤ እንታይነት ናውቲ ትምህርትን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን፣ መምህራን ንምንታይ ናውቲ ትምህርቲ ይጥቀሙ፣ኣጠቓቕማ ስእላዊ ናውቲ ትምህርቲ፣ ኣጠቓቕማ ድምፃዊ ናውቲ ትምህርቲ፣ ኣጠቓቕማ ናውቲ ድምፀን ስእልን፣መምረፂ ረቋሒ ናውቲ ትምህርቲ፣ ባህርያት ናውቲ ትምህርቲ፣ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ፣መትከል ምቕራብ ናውቲ ትምህርቲ፣ኣብ መስርሕ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ፀገማት፣ ተራ መምህራን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ትምህርቲ ቋንቋ ብናውቲ ትምህርቲ፡ ሓገዝ ምምሃር ናውቲ ኣብ ምጥቃምን ክያዶን ። ክምፈልፍል ዝተጠቀመሎም  ቅድሚ ሕጂ ምስ እዚ ፅንት ዝተኣሳሰሩ መፀናዕትታትን ተብራሪሆም እዮም።

## 2.2 ዳህሳስ ብያነ ብዝተፈላለዩ ሙህራን

መምሃሪ መራኸቢ ብዙሃን፣ ድምፅን ስእልን ትምህርቲ ናውቲ፣ፀጋታት ትምህርቲ ገለ ካብቶም ምሁራት ንመምሃሪ ናውቲ ዝህብዎም ኣስማት እዮም።

Nkuuhe (2000:224)፣Quist፣(2000,27)፣  Aggrwal (1995፣157)፣Romiszowski (1988፣7) እና Harrison ( 1995፣28):: ኣምር ናውተታት ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክትርጎም ይከኣል። መምህራንን ተምሃሮን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብመጠኑ፣ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርትን

ዓውድታት ትምህርትን ዝጥቀሙሉ ፀታት ዘጠቓልል እዩ።

Nkuuhe(2000፣224)፣ Nkuuhe(2000)ንመምሃሪ ናውቲ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ሓፈሻውን ፍሉይን ዕላማታት ትምህርቲ ንምዕዋትን ትሕዝቶ ትምህርቲ ብጭቡጥ መንገዲ ንምትሕልላፍን ዝጠቅሙ መሳርሒታት እዮም ክብል ይገልፆም። Hcinichctal (1996:8) ከምዚ ይብል " ናውቲ መምሃሪ ተምሃሮ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ትሕዝቶ ትምህርቲ (ፍልጠት፣ ክእለትን ኣተሓሳስባን) ንኸጥሪ ዝሕግዙን ዕላማ ትምህርቲ ሸትኡ ንኽወቅ ዕ ዘኽእሉ መሳርሒታት ወይ ንዋታዊ ባእታታት እዮም።" Harrison (1995፡28) እውን ንመምሃሪ ሓገዝቲ፡ ተማሃሮ ናይ ምንባብን ምፅሓፍን ክእለቶም ንኸመሓይሹ ዝሕግዙ፡ ከምኡ'ውን ንሓደ ክእለት፡ ሓቂ ወይ ሓሳብ ዘደልድሉን ዘማዕብሉን ክብሉ ይገልፆም። ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሓሳብ ከም እንርደኦ መምሃሪ ሓገዛት ዝተፈላለዩ ሓገዛት ኮይኖም ተምሃሮ ፍሉይ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብጭቡጥ መንገዲ ብምቕራብ ዕላምኦም ንኽወቅዑ ክስምዑን ክትንከፍን ዝሕግዙ እዮም።

## 2.3 ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

(Aggarwal:1995) ንኣብቲ ዘበን ዝነበረ ፃሓፍን ተሟጓትን ሰብኣዊ መሰልን Desiderious Eersmus (1466-1536) ከምዝበሎ ቃላውን ኣብ ሸምዳድን ዘተኮረ ኣዋህባትምህርቲ ብምቅዋም ተምሃሮ ብስእልታትን ብኻልኦት ዝራዩ ነገራትን ትምህርቲ ተሓጊዞም ክማሃሩ ከም ዘለዎም ብዕሊ ምፍላጥዝቲ ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝላዓለ ምኻኑየመልክት።

ብተመሳሳሊ መልክዑ Bowen (1982፣1) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፣ትምህርቲ ቋንቋ ስፍሓት ዕምቆትን ንክህልዎ ይገብር።ተምሃሮ ካብ ምምሃሪ መፅሓፍ ወፅኦም ተፈጥሮኣዊ ናብ ዝኾነ ነገር ትኹረት ክገበሩ የኽእሎም። እዚ ከይዲ ትምህርቲ ቋንቋ ምስ ገሃዳዊ ዓለም ማለት እውን ኣብ ደገ ምስ ዝረኸብም ቋንቋ የራኽቦም። ስለ ዝኾነ ኣብ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ምስ ዘሎ ማሕበረሰብ እቲ ቋንቋ ክጥቀሙሉ ዝገብር ዓቕሚ ይህለዎም። ብቐሊሉ ክርስዑ ዝኽእሉ ኣተሓሳስባታት' ሰፍሓት ነገራት፡ ክብደት፣ ዕምቆት፣ ጣዕሚ ዝመሳሰሉ ነገራት ቀሊልን ጭቡጥን ብዝኾነ መንገዲ ንምርዳእ የኽእሉ፡ ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ ሞንጎ መምህርን ተምሃሮን ዝግበር ምልልስ፣ ክትዕ፣ ምይይጥ፣ ገለ ሕቶን መልስን፣ ርኢቶታት፣ ብጭቡጥ ወይ በተፈጥሮአዊ ዓውዲ ምርድዳእ ዝቐርቡ መረዳእታታት ነቲ ሓሳብ ክጠናኽር ይገብሩ። ስለዚ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ክፍሊ ብቕዓት ቋንቋ ንኽህሉ ሓገዝቲ እዮም።

ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንዝኾነ ደረጃ ክፍሊ፡ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ንዘለዉ ከከም ደረጅኦም ብምጥቃም ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ዝግበር ናይ ባህሪ ለውጢ ብቐሊሉ ንምርካብ የኽእሉ። ስለ ዝኾነ መምህር ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣርባዕቲኦም ክእለታትን ክልቲኦም ፍልጠታትን ሓንፈፁ ንክምህር ይሕግዞ።

Grant (1987, 18) Wong and Wong (1998 168)፣Stern (1991)1 Cook (1996፣ 75)፣ MCdonough

and Shaw (1993፡ 214)ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንክኸውን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ልዑል ግደ ኣለዎም ተምሃሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እንተተሳቲፎም ድሌት ምምሃር ክህልዎምን ዓርስ እምነት ከሕድሩን ይኽእሉ። ማለት እውን መምህር ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብምጥቃም ንተምህሮ ብጉጅለ፣ ብዕድመን ብማንዛን ኮይኖም እናሰርሑ ዝነጥፉሎም ዕዮታት ኣዳሊዉ ዝህቦም እንተደኣ ኮይኑ ብቕዓት ምርድዳእ ብምዕባይ ክእለታት ቋንቋ ብማዕረ ከማዕብሉ የኽእሎም። ስለ'ዚ መምህር ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒሙ እንትምህር ተግባራዊ ንጥፈታት ውሽጢ ክፍሊ ይቀላጠፉ። እዚ ድማ ዝረኣይዎ ከተግብሩን፣ ብምንኽኻእ ዝሰርሕዎ ዝተፈላለዩ ተግባራት ውሽጢ ክፍሊ ምስ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዘሎ ህይወት ብምርኻብ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ክጥቀሙሉ ባይታ ይፈጥር።

ብሓፈሻ ተምሃሮም ብምልዕዓል ፅቡቕ ክእለት ቋንቋ ንክህልዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህር ርኡይ ብፅሒት ስለ ዘለዎም ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እቲ ትምህርቲ ውፅኢታዊ ንክኸውን ይሕግዙ።

Burns et al, (1999) (6) ኣለም (19950 26) and MCOonough and Shaw (1994 1) ከም ዝገልፅም ዝድመፁን ዝረኣዩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኦድዮቪድዮ" ናውቲ ብምጥቃም እናዳመፁ መዘክር ክሕዙ፡ ኣብ ሓደ ዛዕባ ተደሪኾም ዝርርብ ክገብሩ ኩነታት ምምችቻው፣ ክእለታት ቋንቋ ሓናፊፆም ክዕብዪ ዝሕግዙ ምኺኖም ይገልፁ። ስለዚ ዝዝረብን ዝድመፁን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምጥቃም ድሌትን ኣቀባብላን ተምሃሮ መሰረት ዝገበረ ኣመሃህራ ብምትግባር ኩሎም ተምሃሮ ተረባሕቲ ክኾኑ የኽእል። Harrison and Gown (1995፣28) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ኣቀባብላ ትምህርቲ ፍርሓትን ጭንቀትን ከይህሉ ዝገብሩ፣ ተምሃሮ ክእለታትን ፍልጠታትን ቋንቋ ከማዕብሉ ዝሕግዙን ሓቅታት ናይ ምንፃር ክእለት ዘዕብዩ እዮም።

Harmer (2001፥ 134) Qust (2000) 104) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንተግባራዊ ልምምድ ኢሉ እውን ድሌት ምምሃር ተምሃሮ ንምልዕዓል ይጠቕሙ። ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እንታይነት ፅንሰ ሓሳባት ብቃል ጥራሕ ካብ ምግላፅ ግልፂ ንምግባር ዘኽእሉ ግቡእ ውክልና ዘለዎም ናውቲ ብምቕራብ ተምሃራይ ብቐሊሉ ናይ ምምሃር ልምዲ ከዕቢ እንተኽእሉ ንመምህር ድማ ትሕዝቶ ትምህርቲ ጭቡጥ ብዝኾነ መንገዲ ንኽቕርብ ይሕግዙ። Nkuuhe (2000፡ 226) ርኡይ ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምስ ስነ ትምህርታዊ ስነ ልቦና (Educational psychology) የተሓሕዞ። እዚ እውን ሕድሕድ ተምሃራይ ዝመሃሮ ብስምዒት ህዋሳቱ (ብምጭናው፣ ብምርኣይ፣ ብምጥዓም፣ ብምድማዕን ብምድህላስን) ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ክእክብ የኽእሎ። ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ሓደሽቲ ምህዞታት ንክርከቡ እውን ግዲኦም ዕዙዝ እዩ (Richards 2001)።

ተምሃሮ ክእለት ምዝካር ከቃላጥፉ ምስ ከባቢኦም ስጡም ርክብ ክገብሩን ከባቢኦም ክፈትዉ ከምኡ እውን ከድንቑ ይሕግዞም። በዚ ኣቢሉ ድማ ዝተፈላለዩ ክእለታት ማለት እውን ምድማዕ፣ ብኣእዳውካ ምጥቃም ወይ ምንኽኻእ ናይ ምግጥጣም፣ ፀገም ናይ ምፍታሕ፣ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምዲ የማዕብሉ። መምህራን ዘቕርብዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ድማ ተኣማኒ፣ ግቡእን ትርጉም ዘለዎ ንክኾን የኽእሉ።

## 2.4 ዓይነትን ኣመዳድባን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ በብንፅል እንትረኣዩ ዓይነቶም ብዙሕ እዩ። Aggarwal(1996፥ 161)ን Nkuuhe (2000፥ 225) እዞም ብርክት ዝበለ ቁፅሪ ዘለዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብዘለዎም ተዛማድነትን ዝህብዎ ረብሓን በብወገኖም ይምድብዎም። ብመሰረት እዚ ክልተ ዓይነት ኣመዳድባ አለዉ። Aggarwal (1996፥ 161) ዝድመፁ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ (Audio materials)፣ ዝረኣዩ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ (Visual materials)ን ዝድመፁን ዝረአዩን (Aud[0- visual materials) ብምባል ኣብ ሰለስተ ይምድቦም።Nkuuhe (2000፥ 225) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ሓሙሽተ ይምድቦም። ንሳቶም እውን፦ ውፅኢት ሕትመት፣ ዝረኣዩ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ፣ ዝድመፁን ዝረኣዩን፣ ዘይንቀሳቐሱን ብምባል ይምድቦም። ብተወሳኺ ውፅኢት ሕትመት፣ ዝረአዩን ዘይንቀሳቐሱን" ብምባል ዝገለፆም Aggarwa/ ዝረኣዩ ኣብ ዝብል ውሽጢ ዝመደቦም እዮም። ዝድመፁን ዝረኣዩን" ዝብል ኣመዳድባ ምስቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ኣፈላላይ የብሎምን።ኣብ መወዳእታ ኤሌክትሮኒክስ" ዝብል ምስ ዝድመፁን ዝረኣዩን ኣብ ዝብል ዝሕቆፍ እዩ። ስለ ዝኾነ ካብ'ዚ መእመናይ መረዳእታ ብምብጋስ ኣመዳድባ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብናይ Aggarwal (1996) መሰረት ኣብ ሰለስተ (ዝድመፁ፣ ዝረኣዩ፣ ዝድመፁን ዝረኣዩን) ክምደቡ ኣለዎም ኢላትኣምን።ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብ ስራሕ ዝውዕል እውን ኣዚ ኣመዳድባ ኣግራዋል እዩ።

## 2.5 ረብሓ ናውቲ ትምህርቲ

ዝተፈላለዩ ምሁራት ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ርእይቶ ሂቦም እዮም። ብመሰረት Harmer (20 01:134) መምሃሪ ናውቲታት ንግብራዊ ልምምድን ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ንምንቕቓሕን ይጥቀ ሙ። ብመሰረት Quist (2000104)፡ ናውቲ መምሃሪ ንኣምር ብቓልጥራይ ካብ ምግላፅ ንላዕሊ፡ ንፁር ዝገብር ትር ጉም ዘለዎ ውክልና ብምቕራብ ንተማሃሮን መምህራንን ይሕግዙ። ተማሃሮ ኣብ ዝያዳ ዝተዋደደ ናይ ትምህርቲ ተመኩ ሮ ንኽዋፈሩ የኽእሉ፣ መምህራን ድማ ሕልኽላኽ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብንፁርን ብሕፅር ዝበለን መንገዲ ንኽቕርቡ ይ ሕግዙ። ምስዚ ብዝምልከት Nkuuhe (2000 226) ንመምሃሪ ሓገዝቲ ምስ ትምህርታዊ ስነልቦና ብምትእስሳር ዓ ቢይ ጥቕሚ ከም ዘለዎም ይገልፅ።

እዚ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብህዋሳቱ ኣቢሉ ዝተፈላለየ ሓበሬታ ብምእካብ (ብኣፍንጫ፣ብምሸት፣ብዓ

ይኒምርኣይ፣ብመልሓስምጥዓም፣ ብኣፍ ምዝራብ፣ ብእዝኒ ምስማዕን ብኢድ ምትንኻፍን) ከም ዝመሃር ይገልፁ። Nkuuhe (2000, 226) ንምንታይ መምሃሪ ናውቲ ምጥቃም ከምዘድሊ ክገልፅ ከሎ፦

- ንሓደ መስርሕ ወይ ሜላ ዝያዳ ዝጭበጥ ይገብርዎ፣
- ናውቲ ትምህርቲ-ምምሃር ቋንቋ ዕዉት ንኽኸውን ይሕግዙ፣
- ኣቓልቦ ተማሃሮ ይስሕቡን ናይ ምምሃር ድሌቶም የነቓቕሑን፣
- ክውንነት ናይቶም ኣምር ንምርዳእ ይሕግዙ፣
- ፈጠራ ይውስኹ ናይ ክልቲኦም ተማሃሮን መምህራንን፣
- ብጉጅለን ብውልቁን ነቲ ናይ ትምህርቲ ተመኩሮ የዕብይዎ፣
- ተምሃሮ ኣብ ቀንዲ ትሕዝቶ ወይ ቁልፊ ሓሳባት ከተኩሩ የኽእሉ፣
- ትርጉም ሓደስቲ ቃላት ንምርዳእ ስለዝሕግዞም ትርጉማት ኣብ ምድላይ ግዜይቖጥቡ።

ብሓፈሻ ኣብ ኣእምሮ ተምሃሮ ናይ ሓደ ተግባር ወይ ተኸታታሊ መስርሕ ናይ ሓደ ነገር ስእላዊ ምስሊ ብምፍጣር እቲ ሓሳብ ብቐፃሊ ናብኦም ክምለስ ይገብሩ። እዚ ድማ ነቲ ቀንዲ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዝጭበጥን ዘይርሳዕን ይገብሮ ዝብል ፍረ ነገር ዝሓዘ እዩ። ብተወሳኺ፡ምኽንያት ኣጠቓቕማ ሓገዛት ናውቲ ትምህርቲ ይገልጹ፡ ኣብስትራክት ትምህርታዊ ሓሳባት ብጭቡጥ መንገዲ ብምቕራብ፡ ተማሃሮ ብቐሊሉ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ክርድኡን ዝኽሪ ተማሃሮ ከዕብዩን ይኽእሉ፡ ተማሃሮ ምስ መምህራኖም ንኽራኸቡን ንኽፈትውዎምን ከድንቑን ብምሕጋዝ፡ ተማሃሮ ከም ምስማዕ፡ ምልክት ወይ ምልክት ኢድ ምጥቃም ዝኣመሰሉ ክእለታት ንኽማዕብሉ
ብምሕጋዝ ብምትእስሳር፡ ፀገማት ብምፍታሕ፡ ብምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ብምሕጋዝ ተማሃሮ ንኽመሃሩ ዘለዎም ድሌትን ድርኺትን ምልዕዓል፣ ኣብ መንጎ ተምሃሮን መምህራንን ፈጠራ ብምንቕቓሕ፣ ብመምህራን ዝቐርብ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ንተማሃሮ ሓቀኛ፣ ኣገዳስን ትርጉም ዘለዎን ምኳኑ ብምርግጋፅ Malawi Instiute of Education (20003)::ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ መብርሂ ብምብጋስ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣጠቓቕማ ሓገዛት ትምህርቲ ኣዝዩ ፅቡቕ ምኳኑ ምርዳእ ይከኣል። ስለዚ ትምህርታዊ ሓገዛት ምጥቃም ነቲ ትምህርቲ ብቐሊልን ንፁርን ኣገባብ ብምቕራብ፡ ፈጠራ መምህርን ተማሃሮን ብምዕባይ፡ መምህርን ተማሃሮን ኣብ ነንሕድሕዶም ፅቡቕ ርክብ ንኽህልዎም ብምሕጋዝ፡ ጉልበትን ግዜን ኣብ ምቑጣብ ልዑል ተራ ኣለዎ። ብተወሳኺ እቲ ትምህርቲ ንተማሃሮ ብዝጥዕም መንገዲ ክቐርብን ነቲ ትምህርቲ ንተማሃሮ ዝያዳ ክውንነታዊ ዝገብሮን እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ዝኾነ ደረጃን ኣብ ዝኾነ ዕድመን ምጥቃም ሓገዛት ትምህርቲ ዓቢ ረብሓ ከም ዘለዎ ክርዳእ ይከኣል እዩ Grant (1987፡18)። ተማሃሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እንተተሳቲፎም ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ርክብ ከመቻችኡ ይኽእሉ

እዩም።” ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ Wong (1998፡168) ኣብ መስርሕ ምምሃር ቋንቋ፡ ተማሃሮ ብዝተፈላለየ ግብራዊ ንጥፈታት ከም ዝተማሩ ይንገር። ሓደ ንፉዕ መምህር ቋንቋ መብዛሕትኡ ግዜ ተማሃሮ ብተሳትፎ ዝያዳ ዝመሃሩሉ መንገዲ የርእዮም፣ ብዝበለፀ ድማ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ንኽዋፈሩ ዘተባብዕን ንኽሳተፉ ዝሕግዞምን ግብራዊ ንጥፈታት የሳትፎም። "መምህራን ቋንቋ ዝተፈላለዩ ናውቲታት ተጠቒሞም ተምሃሮ ኣብ ዝተፈላለየ ክእለት ቋንቋ ከዋፍሩ ይግባእ" ይብል።

### 2.5.1 ዝድመፁ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ኣብ ትሕቲ ዝድመፁ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝሕቆፉ መልእኽቶም ብምድማዕ ጥራይ ናብ ስምዒት ህዋሳት ዘብፅሑ እዮም። እዚኣቶም እውን ከም ሬድዮ፣ ቴፕን መሳርሕታት ሙዚቃን የጠቓልል Aggarwa (1996፥ 161) ። ዝድመፁሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተምሃሮ ብተግባር እናተሳተፉ ንምስትምሃር ዘኽእሎም ዓውዲ ይፈጥሩ። ልዕል ክብል ዝተገለፀ ሓሳብ Nunan (1988፥ 38) እቲ ዝድመፅ ነገር ከም መሰረታዊ ዓውዲ ርእሱ ክኢሉ ጠጠው ዝብልን ምርዳእ፣ ምምሃዝን ኣዚርካ ምሕሳብን ከም ዘጠቓልል ትገልፅ።

ስለዚ ዝድመፁሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንኣርባዕቲኦም ክእለታትንክልቲኦም ፍልጠታትን ከማዕብሉ የኽእሎም።ተምሃሮ ነቲ ቋንቋ እንትመሃሩ ሓሳብ ናይ ምፍልፋልን መልእኽቲ ብትኽክል ናይ ምርዳእንክእለትንኽማዕብሉ ዝተቐረፀ ዝርርብ ብምድማዕን ካብ ዘዳመፅዎ መልሲ ክህቡ ብምግባርን ሓሳቦም ብዝግባእ ምግላፅ ንክኽእሉ ዝለዓለ ግደ ይፃወቱ። Atkins et al. (1996፥ 227-228)ተምሃሮ ሓደ ነገር ኣዳሚፆም ብናይ ባዕሎም ኣበሃህላ ሓሳባት ኣዋዲዶም ክፅሕፉ ወይ ካብ ዝተነበበሎም ፅሑፍ መልእኽቱ ክዛረቡ ብምግባር ክእለታት ሓንፊዕካ ምስትምሃር ከም ዝከኣል ይገልፁ። ስለዚ ዝስምዑ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምካ ምምሃር ንምምዕባል ክእለታትን ፍልጠታትን ቋንቋ ወሰንቲ እዮም። ብተወሳኺ ድማ MCdonough and Shaw (1993 214) ኩሎም ተምሃሮ ዘዳመፅዎ ነገር ኣብ ተግባር እንተውዒሎምዎ ሕፍረትን ፍርሕን ንምቕናስ ከም ዘኽእል የገንዝቡ።

ልዕል ክብል ካብ ዘቐረበ ናይ ምሁራት ሓሳብ ምግንዛብ ዝከኣል ብዘስምዑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝቐረበ ትሕዝቶ ትምህርቲ ድሌት ተምሃሮ ብምልዕዓል ተሳተፍቲ ክኾኑ ኣብ ልዕሊ ምግባሮም መልሲ ክህቡ ከም ዝሕተቱ ስለ ዝፈልጡ ብንቕሓት ንክከታተሉ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎም ምርዳእይከኣል።

## 2.6 ዝራኣዩ ናውቲ ትምህርቲ

ብመሰረት Aggarwal (1996፡157)፣ Wright (1989፡4) ን Bowen (1982፡6)ን ስእላዊ ሓገዛት ንትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ምድጋፍ መሪሕ ተራ ኣለዎም። Aggarwal (1996፡157) ከም መወከሲ ንተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላትን ፃሓፍን Aggarwal (1466-1536) ይጠቅስ፣ ንሱ ነቲ

ኣብ ግዜኡ ዝነበረ ቃላውን ስነ-ቓላውን ትምህርቲ ዝቃወምን ህፃናት ብሓገዝ ስእልን ካልእ ስእላዊ ሓገዛትን ክመሃሩ ከም ዘለዎም ብግልፂ ኣዊጁ። ብዘይካዚ እዚ ምሁር ኣብ መፅናዕቱ ስእላዊ መሳርሒታት ይጥቀም ነይሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ሙሁር ኣብፅናዓቱ ካብ ዘካትትዎም ቀንደዲ ረብሓ ናውቲ ትምህርቲ እዩ፡ John Amos Comenius ዝተባሃሉ ምሁር (1592-1670) ”( Sensulium pictus”)
ብእንጊልዘኛ ” The world sense objects” እትብል መፅሓፍ ኣዳለወ፣ እዚ መፅሓፍ እዚ 150 ስእልታት ዝሓዘን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወት ዘተኰረን እዩ። እዚ ከም ናይ መጀመርታ ብስእሊ ዝተሰነየ ናይ ህፃናት መፅሓፍ ክውሰድ ይከኣል፣ እታ መፅሓፍ ድማ ብሰፊሑ ተዘርጊሓ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝርከባ ማእከላት ትምህርቲ ብርክት ዝበሉ ተጠቀምቲ ከምዝረኸበት ይገልፅ። Nunan (1991፥136) ብተወሳኺ፡ ስእልታት ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ስምዒታትን ተገዳስነትን ተማሃሮ ካብ ምልዕዓል ብተወሳኺ፡ ብመንፅር ምምዕባል ስነ-ቓላት፣ብቓላትን ሓረጋትን ሓረጋት ኣብ ምህናፅን ፅቡቕ ልምዲ ከም ዝህቡ ብምግላፅ፣ንረብሓታት ስእላዊ መፃሕፍቲ የጉልሕ። ብመሰረት Wright (1989፥136) ስእልታት ኣብ ምምዕባል ክእለት ምስማዕን ምንባብን ተማሃሮ ልዑል ተራ ኣለዎም። ናይዚ ክልተ ቀንዲ ምኽንያታት ኣለዉ። ቀዳማይ ካብ ቃላት ዝወፁ ትርጉማት ኣብቲ ኣብ ስእልታት ዝረኽብዎ ዓውደ-ፁሑፍ ይምርኮስ፤ ወይ ስእልታት ዝተፈላለየ ኩነታት ብምፍጣር ኣብ ክፍሊ ንምምሃር ኣበርክቶ ይገብሩ። ካልኣይ፦ መብዛሕትኡ ግዜ ተማሃሮ ነቲ ስእሊ ብዘይ ስሩዕ ኣገላልፃ ምላሽ ክህቡ ፁቡቕ እዩ። ተስፋይ ናማረው (1993, 63) ከም ዝገለፆ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ምስማዕ ብስእላዊ መግለፅታት፣ ካርታት፣ ቅርፃ ቅርፂ፣ ብምስልታት ወዘተ. ምድጋፍ ኣገዳሲ እዩ።ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ደገፍ መሳርሒታት ኣብ ምምሃርን ምትርጓምን ክእለት ምስማዕ ኣዝዮም ሓገዝቲ እዮም።
ንኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ብዝምልከት owen (1982: IV) ትምህርቲ ዝተሓላለኸ መስርሕ ምኳኑን ኣጠቓቕማ ስእላዊ ሓገዛት መምሃሪ ንተማሃሮ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ቋንቋ ክድርኾም ከምዝኽእልን ይገልፅ።

ናውቲ ትምህርቲ ንተማሃሮ ንኽመሃሩ ዝድርኾም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ትሕዝቶ ናይቲ ትምህርቲ ብቐሊልን ጭቡጥን መንገዲ ንኽርድኡ ከም ዝሕግዞም ይገልፁ።

ቅድሚ ንባብ ምምሃርና ፅሑፋትና ብጥንቃቐ ምምራፅ የድሊ። ግቡእ ንባብ ንምምራጽ፡ መጀመርታ ረቋሕታት ንመምረፂ ንባብ ምፍላጥ ግቡእ እዩ። ንባብ ኣብ እንመርፀሉ እዋን ክማላእዎ ዘለዎም ብዙሓት መዐቀኒታት ኣለዉ። ካብዚኦም እቲ ዝተመርፀ ንባብ ብካርታ፣ ብግራፍ፣ ብሰንጠረዥን ስእላዊ ቅርፅታት ዝድገፍ እንተኾይኑ፣ ንተማሃሮ ኣገዳሲ፣ ጠቓምን ቀሊልን ክኸውን ዓቢ እጃም ኣለዎ።

ብጥንቃቐ ዝተመርፀ ፀሑፍ ነቲ ሓበሬታ ብዝግባእ መንገዲ ብቐሊል መስርሕ ንኽመሓላለፍ እውን የኽእሎ። ንፍጥነት ንባብ እውን ይውስኽ (Nuttall, 1982:25)።ስነ-ቓላት ብስእሊ፡ ብቅርፃቅርፂ፡ ሰደቓን ሰንጠረዥን ዝኣመሰሉ ስእላዊ ሓገዛ ኣቢልካ ምምሃር ትርጉም ቃላት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ ንፁሩን ግልፅን ብምግባር ክከታተሉ ይግባእ Wallace (1992:42), Grains and Redman (1986:76) and Allen (19 83:7)።

ምስዚ ብዝምልከት Harmer (2001:161) ከም ዝበሎ ኣብ ክንዲ ንተማሃሮ ሓደስቲ ቃላት ምምሃር፡ ብዝረኣዩ ናውቲ ትምህርቲ ብምጥቃም ተምሃሮ ካብቲ ኣቐዲሞም ዝነበሮም ፍልጠት ተመርኲሶም መዋቅር ቃላት (ኣየናይ ቃል

ምስ ኣየናይ ቃል ከም ዝኽይድ) ክድህስሱን ባዕሎም ክረኽብዎምን የኽእሎም።በድሉ (19 96፣63-64) ከምዘብርሆ፣ ምዝራብ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ዕማማት ዝሓዘ መስርሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ ግዜ ዘይፍፀም ንጥፈት እዩ። እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም ኣብ ቅድሚ ምዝራብ፡ ኣብ እዋን ምዝራብን ድሕሪ ምዝራብን ዝተኸፋፈሉ ኮይኖም፡ ኣብ ንጥፈታት ዘረባ ክግበር ካብ ዝግበኦ ንጥፈታት፡ ስእላዊ ሓገዝቲ ምጥቃም ምኳኑ ይገልፁ እዚ ድማ መምህራን ንመጀመርታ ግዜ ብተግባር ብምልምማድ ክእለት ምዝራብ ክምህሩን ድሕሪኡ ድማ ኣብ ሓፂር ግዜ ወግዓዊ መደረ ናይ ምሃብ ኩነታት ክርድኡን ይሕግዝ ካብ ሕፍረት ሰጊርካ ንሰማዕቲ ብዝስሕብ መንገዲ መደረ ናይ ምግባር ክእለት ንከማዕብሉ ይሕግዞም። ንውጽኢት ሕትመት ብዝምልከት፡ በድሉ (1996፡13) ከብራርህ ከሎ፣ፃሓፊ ብዛዕባ ህይወት ይፅሕፍ ህይወት ኣብ ተግባራት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እውን ይንፀባረቕ ።

ኮነ ኢልካ ንመምሃሪ ዝተዳለወ፥ ነቲ ተማሃራይ ንሓቀኛ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ከቃልዕ እዩ ስለዚ ስነ-ፁሑፍ ኮነ ኢልካ ዝተዳለወ ናይ ምምሃር ናውቲ ጠቓሚ መሳርሒ ምኳኑ ይንገር። ናይ ገዛእ ርእሶም፡ ስድራቤታውን ማሕበራዊ ህይወትን ተመኩሮታት፡ ነቲ ሓቀኛ ናይ ቋንቋ ዓውደ-ፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣምፂኦም፡ ብጉጅለን ብፅምዲን ብምዝታይ፡ ዝተረድእዎ ብምፅሓፍ፡ ዝፀሓፍዎ ብምንባብ፡ ከምኡ'ውን ናይ ምንባብ ክእለቶም ከዕብዩ ይኽእሉ ። ነቲ መምህር ስነ-ቓላትን ሰዋስውን ንምምሃር ዝሓንፀፆ መዓልታዊ ዕላማታት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ብውልቂ ይኹን ብውህደት፡ ዓቢ ኣገዳስነት ከም ዘለዎም ይገልፅ ንዝተፈላለዩ ፍልጠት ቃላትን ኣጠቓቕማ ቋንቋን ንምምዕባል ጠቕሚ ስእላዊ መምሃሪ ሓገዛት ንመምሃሪ ቋንቋ ብተደጋጋሚ ተላዒሉ እዩ። Bowen (1982፡13-14) ናውቲ መምሃሪ ሓገዝቲ ከከም ስርሖም ኣብ ሰለስተ ይኽፍሎም። ንሳቶም ድማ ስእልታት፣ሰሌዳታትን ፕሮጀክተራትን ኮይኖም፣ ካልኦት ተዛመድቲ መምሃሪ ሓገዛት ዘጠቓልሉ እዮም።

ስለዚ ኣብ ትሕቲ ሰለስተ ዓይነት ናውቲ መምሃሪ ሓገዝ ዝወድቁ ተዛመድቲ ሓገዛት መምሃሪ ዝርዝር ክንርኢ ኢና፤ ንሳቶም ድማ፡ ስእልታት፡ ናይ መንደቕ ስእልታትን ሰንጠረዥን፡ ተኸታታሊ ስእልታት፡ ፍላሽ ካርድ፡ ቃል ፍላሽ ካርድ፡ ስእሊ ፍላሽ ካርድ፡ ናይ ስራሕ ካርድን ናይ ስራሕ ወረቓቕትን፡ ሰሌዳታት - መተሓሳሰቢ ሰሌዳታት፡ ምርኢት ሰሌዳታት፡ ካብ ረጉድ ሱፍ ጨርቂ ዝተሰርሑ ሰሌዳታት፡ፕሮጀክተራት፡ ልዕሊ ርእሲ ፕሮጀክተራትን ካልኦት ፕሮጀክተራትን ዝበሃሉ ምኳኖም ይፍለጥ።

ስእላዊ መምሃሪ ናውቲ ኣብ መስርሕ ምምሃር ቋንቋ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብቐሊሉ ክግዕዙ ከምዝኽእሉን መብዛሕትኦም ብተመጣጣኒ ዋጋ ክረኽብዎም ከምዝኽእሉን ኣብ ኣድላይነቱ ንምጥቃም ኣፀጋሚ ዘይምኳኖምን ኣገዳስነቶም የጉልሕ፤ ይኹን እምበር፡ ማግኔታዊ ቦርድን ፕሮጀክተራትን ብቐሊሉ ዘይምርካቡ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ገለ ፀገማት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

## 2.7 ናይ ድምፅን ስእልን መምሃሪ ናውቲ

እዞም ናይ ድምጽን ስእልን መምሃሪ መሳርሒታት ድምፂን ምስልን ዝሓዙ እዮም ስለዚተምሃራይ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ቋንቋ ብምጥማትን ብምስማዕን ክመሃር ዝኽእሉ መምሃሪ ሓገዝቲ

እዮም። ብመሰረት Aggarwal (1996፡153)፡ ድምፅን ስእልን መምሃሪ ሓገዛት ተማሃሮ ነቲ ዝቐረበሎም ትሕዝቶ ንምንፃርን ንምርግጋፅን ዝሕግዙ፡ ከምኡ'ውን ተማሃራይ ቅኑዕ ርድኢት፡ ትርጉምን ምስጋናንን ንኽለሊ ዝሕግዙ ተወሳኺ መሳርሒታት እዮም። ብተወሳኺ መምህር መስርሕ ኣመሃህራ ዝያዳ ክውንነታዊ፣ ውፂኢታዊ፣ መሳጥን ትርጉም ዘለዎን ንኽገብሮ የኽእሉ።

እዚ ምሁር እዚ፡ ቀንዲ ዕላማ ምጥቃም ናይ ድምፅን ስእልን መምሃሪ ሓገዛት ኣብ መንጎ ተማሃራይን ትሕዝቶ ትምህርትን ዘሎ ርክብ ንፁርን መሳጥን ክውንነታውን ንምግባር፡ ከምኡ'ውን ነቲ ሰለስተ-መኣዝናዊ መስርሕ ትምህርቲ ማለት ኣፍልጦ፡ ምምዳብን ምምሳልን ኣብ ምፍፃም ልዑል ተራ ንምፅዋት ምኳኑ ይምጉት።

ከምቲ Aggarwal (1996, 154) ብዝያዳ ዝገልፆ ኣጠቓቕማ ድምፅን ስእልን መምሃሪ ናውቲ ኣብመንጎ ተማሃራይን ትሕዝቶ ትምህርትን ዘሎ ርክብ ንምንፁር እዩ። ስለዚ ድምፅን ስእልን
ምሃሪሓገዛት ተምሃሮ ነቲ ዝተመሓላለፈ ሓበሬታ ንኽዝክሩ፣ ብተግባር ንኽገልፁ፣ ነቲ ትምህርቲ
መሳጢ ንኽገብሩን ስእላዊ ምስሊ ንኽፈጥሩን ምስቲ ዝተማህርዎ ንኽወሃሃዱን ይሕግዙ። ብሓፈሻ ተምሃሮ ኣብ ቋንቋ ዘጋጥሞም ናይ ርክብ ክፍተት ናይ ምምላእ ሓይሊ ኣለዎም።
ብመሰረት Burnsetal.(1999:46) McDonough and Shaw፣ (1994:14)፣ድምፅን ስእልን ዝሕግዙ ሓገዛት ከምኡ'ውን ከምቲ Clark and Irbing (1996:63) ዝገልፆዎ ድማ ድምፅን

ስእልን ዝሕግዙ ሓገዛት"መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንፁርን ጭቡጥን ንኽኸውን ክምረፁ ይግባእ። እዚ ዕማም ብግቡእ ክፍፀም ይግባእ። ሓደ መምህር ነቶም ሓገዛት ክመርፆም ዝግበኦ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት ሓገዛት ስለዘለዉ ወይ ድማ ኣብ ትልሚ ትምህርቲ ነዚ ዕላማ ስለ ዝጥቀሙሉ ዘይኮነስ ብመሰረት ዘሓንፀፆ ዕላማታት ክኾን ይግባእ። ተማሃሮ ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ክሰምዑ፣ መዘክር ክሕዙን ሓፀርቲ መደረታት ክገብሩን ዘኽእሉ ኩነታት ብምምችቻው ዝተዋደደ ክእለት ቋንቋ ንምምዕባል ከምዝሕግዙ ይገልፅ። Gagne,etal ካልኦትን (1992 225)
ዝድመፁን ዝራኣዩን ናውቲ ትምህርቲ ዝባሃሉ ከም ምርኢት ፊልምታት፣ ቅዳሓት ድምፂ፣ ፊልምታትድምፂ፣መገሻታት መፅናዕቲ (study trip) ፣ ተለቪዥን ቪድዮን ቴፕን ወዘተ. ብምባል ይገልፅወዎም።

## 2.8 ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ

ንዝተመደበ ቦታ ምምላእ ወይ ብመንፅር ረብሓታት ትምህርቲ ምቕባል ክኸውን የብሉን። ስለዚ ትምህርቲ ኣብ እትትልመሉ እዋን፡ንመምሃሪ ናውቲ ንምጥቃም ዝወሃብ ውሳነ፡ ኣብ ዕላማዊ ረቛሒታት ወይ መዐቀኒታት ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ። እቶም ቀንዲ ክቐርፁ ዘለዎም ዕላማታት ትምህርቲ፡ ክምሃር ዘለዎ ትሕዝቶ፡ ብዝሒ፡ ደረጃ፡ ደረጃን ብስለትን ተማሃሮ፡ ክምረፁ ዘለዎ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ መምህር ነቲ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ናይ ምጥቃም ዓቕሙ፡ ምህላው ናይ ትምህርቲ ናውቲታትን ከም ግዜ፡ ገንዘብ፡ ምሕደራን ቦታን ዝኣመሰሉ ግብራዊ ፀገማትን እዮም። ነዚ ሓሳብ'ዚ ብምድልዳል፡ ተስፋይን ማረውን (1993፡12-13)፡ ረብሓታት ሓገዛት ናውቲ መምሃሪ ኣብ ጥርጣረ

ከምዘየለ ይገልፁ። ይኹን እምበር ከከም ባህሪ ትሕዝቶ እቲ ትምህርቲ ግቡእ ናይ ምምሃር ናውቲ ምጥቃም ግቡእ እዩ። መምሃሪ ናውቲ ንሓደ ትምህርቲ ንምግላፅን ጭቡጥ ንምግባርን ከም ዝሕግዙ ኣብ ዝእመንሉ እዋን ጥራይ እዩ ክጥቀሙሉ ዘለዎም። ካብዞም ሊቃውንቲ እዚኣቶም፡ ኣጠቓቕማ ናውቲ መምሃሪ ኣድላዪ እዩ ተባሂሉ ኣብ ዝእመነሉ እዋን ክውዕል ከም ዘለዎ ንርዳእ።

### 2.8.1 መትከላት ምምራፅ ናውቲ ትምህርቲ መምሃሪ

መምህራን ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት ንምምላስ መትከላት ምምራፅ ሓገዛት መምሃሪ ክኽተሉ ይግባእ፣ ኣብ መስርሕ ምምሃር-ምስትምሃር መዓስ ሓገዝቲ መሳርሒታት ክጥቀሙ ኣለዎም?

ብኸመይ ክጥቀሙ ኣለዎም?ንመን? ኣበይንዝብሉ መትከል ተኸቲሎም ዝተመርፁ ናውቲታት ትምህርቲ ንዕላማታት ትምህርቲ ንምዕዋት፣ ዕማም ምምሃር ምስትምሃር ንምምችቻውን ንተማሃራይ ጥጡሕ ናይ ትምህርቲ ሃዋህው ንምፍጣርን ኣገደስቲ ምኺኖም ኣብቲ ዓውዲ መፅናዕትታት ዘተካየዱ የረጋግፁ።

ብመሰረት Aggarwal (1996፡158-160) ኣብ መስርሕ ኣጠቓቕማ ናውትታትታት ትምህርቲ ክኽተሉ ዝግበኦም መትከላት፣ መትከላት ምድላው፣ ምምራፅ ኣካላዊ ምቁፅፃር፡ ኣገባባት ምላሽን ጠለብን ገምጋምን እዮም። ካብዚኦም ምስዚ ዓንቀፅ ዝዛመዱ መትከላት ምምራፅ ጥራሕ እዮም ዝተወሰዱ፤ ውፅኢታዊነት ናውቲ ትምህርቲ ዝረጋገፅ ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማ ትምህርቲ ንምዕዋትን ዝተፈላለየ ባህርያት ናይቶም ዝምህርዎም ተማሃሮን ዝስማዕማዕ ምስ ዝኾኑ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቶም ዝተመርፁ ናውቲታት ትምህርቲ፡ ነዞም ዝስዕቡ መትከላት ምምራፅ ምስ ዝኽተሉ ውፅኢታዊ ክኾኑ ይኽእሉ፡ ምስ ዕድመ ተማሃሮ፡ ድሌታት፡ ማሕበራውን ባህላውን ድሕረ ባይታ፡ ደረጃ ክፍሊን ካልእ ባህርያትን ዝሰማማዕ ክኸውን ኣለዎ። ስምዒታት ካብ ምልዕዓልን ተገዳስነት ምልዕዓልን ብተወሳኺ ፍሉይ ትምህርታዊ ክብርታት ክህልዎም ይግባእ። ነቲ ዝውክልዎ ሓቀኛ ነገር ብትኽክል ክመስሉ ይግባእ። እቲ ዝድለ ናይ ትምህርቲ ዕላማ ንምዕዋት ክሕግዙ ይግባእ። ኣብ መስርሕ ምምሃር-ምስትምሃር ንኽንጥቀመሉ ዝሕግዝ መምሃሪ መሳርሒ ኣብ እንመርፀሉ እዋን፡ ዕድመን ደረጃን ተማሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ቀሊልን ንምርዳእ ዘይተ ሕልኽላኽ ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ተምሃሮ ዝተፈላለየ ስንክልና እንተሃልዩ፡ ድማ ነቲ ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ ድዮም፡ ከምኡ'ውን ፆታዊ ፍልልያት ተማሃሮ ኣብ ግምት ዘእተዉ ድዮም ዝብል ኣቐዲሙ ክሕሰበሉ ይግባእ። ኣገዳስነቱ ተገዳስነት ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ከነቓቕሕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሓፈሻዊ ባህሪ ተምሃሮ ኣብ ምቕያር ፍሉይ ተራ ክፃወት ይግባእ። ስለዚ እቲ ዝተመርፀ መምሃሪ ናውቲ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ዝውክሎ ሓቀኛ ነገር ክመስል ይግባእ። ነቲ ዝውክሎ ሓቀኛ ነገር እንተዘይመሲሉ ኣብ ትርጉሙ ድንግርግር ክፈጥር ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቶም ተማሃሮ ተቐባልነት ክስእን እዩ፣ ከምኡ' ዓቕሙን ተኣማንነት ትሕዝቶ ናይቲ ትምህርትን ኣብ ሕቶ ዘእቱ ክኸውን ይኽእል ።

### 2.8.2 ምምራፅ ናውትታት ትምህርቲ ቋንቋ

መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን መዓልታዊ ትልሚ ትምህርቲ ቅድሚ ምድላው ኣየኖት ናውትታት ኣብ ትልሚ ትምህርቲ ከእትዉ ከም ዘለዎምን ኣብ እዋን ምምሃር ድማ ኣየኖት ናውትታት ብመሰረት ትልሚ ክጥቀሙ

ከም ዘለዎምን ክሓስቡ ይግባእ። እዚ ብፀቡቕ ዝተደገፈን ዘተኣማምንን መፅናዕቲ እዩ።

ምስዚ ተኣሳሲሩ rbing (1996፡53) መምህራን ኣብ ግምት ዘእትውዎም ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ ይዝርዝር፡ ዕላማታት መዓልታዊ ትምህርትን ሓፈሻዊ ዕላማታት ስርዓተ ትምህርትን ይዕወቱ ድዮም ኣይዕወቱን፤ እቶም ፍሉያት ዕላማታት ትምህርቲ ይዕወቱ ድዮም ኣይዕወቱን፤ ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ትምህርታውን ባህላውን ድሕረ ባይታ፣ ቋንቋኦም፣ ዕድሚኦም፣ ፆታኦም፣ ድሌቶምን ነቲ ቋንቋ ክመሃሩ ዝደልዩሉ ምኽንያታትን ኣብ ግምት ይኣቱ ድዩ፤ ከምኡ'ውን ንትምህርቲ ክዕንቅፉ ዝኽእሉ ናይ ርክብ ዕንቅፋታት ካብ ሕፍረት፣ ጭንቀት ወይ ምስ መማህርትኻ ንምርድዳእ ዝፍጠሩ ድዮም፤ ትልሚ ትምህርቲ ኣብ ምሕንፃፅ ኣየኖት ክእለታት ክምዕብሉ ከም ዝተሓሰቡ ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ እዩ፤ ከምኡ'ውን ናይ'ቲ መዓልቲ ትምህርቲ ዝተመርፁ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ብቐሊሉ ዝረኽብዎምን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉን ተንቀሳቐስቲን ድዮም ኣይኮኑን ዝብለ ትኽረት ዝዋሃቦም እዮ።

## 2.9 ንመምሃሪ ናውቲ ትምህርቲ ንምምራፅ ዝሕግዙ መዐቀኒታት

መስርሕ ምምራፅ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝጥዕሙ ናውት ትምህርቲ ኣብ መዐቀኒታት ተመርኲሱ ክፍፀም ከሎ ዝቐለለን ዝያዳ ዝምጥንን እዩ። ብርግፅ እቲ ሕርያ ንምግባር እንጥቀመሉ መዐቀኒታት ከከም ምድብን መልክዕን ናውቲ መምሃሪ ክፈላለ እዩ። ይኹን እምበር፡ እቶም ዝበዝሑ መምሃሪ ናውቲ ንምምራፅ ዝጥቀሙሉ ልሙዳት፡ ተዛማድነት፡ ግቡእነት፡ ልክዕነትን ንፁርነትን እዮም (Farrant 1984)።

ንመምረፂ ናውቲ ትምህርቲ ዝጥቀሙሉ መዐቀኒታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1 ጠቃምነት (relevance) ትሕዝቶ ትምህርቲ ንምቕራብ ዘለዎ ኣገዳስነትን፣ ዝተሓሰበ ትሕዝቶ ዕላማታት ትምህርቲ ንምትግባር ዘለዎ ኣገዳስነት

2 ግቡእነት (appropriateness) ምስ ዓቕሚ ተምሃራይ ዝምጥን ናይ ተምሃሮ ተመኩሮን ደረጃ ብስለትን ዝምጥን እምበር ልዕሊ ወይ ትሕቲ ናይ ተምሃሮ ናይ ምርዳእ ዓቕሚ ዘይኮነስ፣

3 ስሕበት (attractiveness)፡ ምስ ሰሓቢ ሕብርታት ብልክዕ ንውሽጠ ስምዒትተማሃሮዘዕግብ፡

4 ትኹረት /ኣቓልቦ/ (focus of attention)፣ ምሃሮ ኣብቲ ዝድለ ትምህርታዊ ክፍሊ ከተኩሩ ምግባር፣ ነቲ ኣገዳሲ ትምህርታዊ ሓሳብ ንተማሃሮ ብንፁር ምርኣይ፣

5 ዓቕን( size)፣ ንተማሃሮ ብንፁር ዝረአ ዓቐን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

6 ልክዕነት (accuracy)፣፡ ምስ ሓቀኛ ነገር ወይ ተግባር ተመጣጣኒ፡ ልክዕ ከም ዝመስል እምበር ዝተዛብዐ ዘይኮነ፣ .

7 ንፁርነት (clarity)፣ ብንፁር ንኹሉ ተማሃሮ ዝምጥንን ዝረአን። ንኹሉ ደረጃታት ንፁርን ካብ ዝተሓላለኸን ምድንጋርን ነፃ ክኸውን ኣለዎ፣

8 ቀሊልነት (simplicity) ፡ ንተማሃሮ ንምርዳእ ዘፀግምን ብብዙሕ ቴማታትን ሓሳባትን ዘይተመልአን፡ ብምባል ይዝርዝሮም (Farant 1984:13)

### 2.9.1 ባህርያት ቀሊልነት ትምህርቲ

ቅድሚ ምድላው፡ ምምራፅን ምጥቃምን ናውትታት ትምህርቲ ንኣድማዒ ኣተገባብራ መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር፡ እንታይ ዓይነት ባህርያት ከም ዘለዎምን ብኸመይ ክዳለዉን ክምረፁን ክጥቀሙሉን ከም ዘለዎምን ምሕሳብ የድሊ። ነዚ ምትግባር እውን ክእለት እዩ። ብመሰረት Aggarwal (1996:157) ባህርያት ትምህርቲ ሃፍቲ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፤

- ብፈተነታት ዝተረጋገፀ፣
- ንምጉዕዓዝ ኣፀጋሚ ዘይኮነ፣ .
- ምስ ዕላማ ትምህርቲ ዝዛመድ፣ .
- ትርጉም ዘለዎን ምኽንያታውን ዝኾነ፣ .
- ዝተመጣጣኒ ዋጋን ርካሽን፣
- መዓልታዊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ምሃብ፣ ግዜኦም ዘይ ሓለፎም፣
- ተምሃሮ ክሳብ ዝረኣይዎም ዝተዳለዉ፣
- ንምሓዝ ቀሊልን ምቹእን፣
- ተምሃሮ ንኽመሃሩ ምልዕዓል፣
- ምስ ዕድመ፣ ደረጃ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራዊ ድሕረ ባይታን ድሌታትን ተምሃሮ ዝተመጣጠነን...
- ንዝኾነ ክሰርሑን ከገልግሉሉን ዝተሓሰቡ ዕላማ ዝምጥኑ ክኾኑ።

### 2.9.2 ኣጠቓቕማ ናውት ምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ

ግቡእ መዐቀኒታት ተጠቒምካ ናውቲታት ትምህርቲ ምምራፅ ጥራሕ ነቲ ዝድለ ዕላማ ንምዕዋት ይሕግዝ እዩ ምባል ውሑስ ኣይኮነን። ነቲ ዝተሓሰበ ናይ ትምህርቲ ዕላማ ንምዕዋት፡ ዝተመርፀ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ብዝግባእ ኣገባብ ምጥቃም የድሊ።

ከምቲ Heinichetal (1996፡22) ዝብሎ፡ እቶም መምሃሪ መሳርሒታት ምስ ተመረፀን ምስ ተወደቡን፡ እቲ ዝቕፅል ዕማም፡ መምህራን ባዕሎም ነቶም ሓገዛት ከመይ ጌሮም ንምምሃር ይጥቀሙሉ? ንተማሃሮ ነቲ ሓገዛት ብምጥቃም ነቲ ትምህርቲ ብቐሊሉ ንኽርድእዎ ብኸመይ ይመርሕዎም፡ እዞም ቁልፊ ሕቶታት ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዛት ዘሎ ኩነታት ብንፁር ዘርእዩ እዮም። መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ክውን ንምግባር መምሃሪ ሓገዛት ብግቡእ ምጥቃም ግቡእ እዩ። መምሃሪ ሓገዛት ብግቡእ ምጥቃም ንሓሳባትናን ንነገራት ዘለና ርድኢትን ጭቡጥ መሰረት ይህብ፣ ንርድኢትና ትርጉም ይህቦ፣ንሓሳባትና ንሕማም ቃላዊ ትምህርቲ ከም መድሃኒት ይገልጽዎ።

ብተወሳኺ Aggarwal (1996:154) ድምፅን ስእልን መምሃሪ መሳርሒታት ምጥቃም ዘለዎ ረብሓ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይገልፁ፤

1. ጥዑይ ኣብ ክፍሊ ዝግበር ምትእስሳር ምትብባዕ መምሃሪ ሓገዝቲ (Encouraging healthy classroom interaction)፦ ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ከም ዘነቓቕሕ፣ብንጥፈት ናይ ምውፋር ሓይሎም፡ ውክልና ክውንነት ወዘተ፡ ንዕውትነት መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ኣበርክቶ ኣለዎም።

2. ትምህርቲ ብጅምላ ምዝርጋሕ (Spread of education on a mass) scale ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝነብሩ ተምሃሮ ቴክኖሎጂ (ሬድዮ፣ ተለቪዥን፣መርበብ ሓበሬታ፣ኢሜላት  ወዘተ) ተጠቒሞም ኣብ ርሑቕ ብሓንሳብ ንኽምሃሩ ምቹኣት እዮም።

3. ምድንፋዕ ሳይንሳዊ ቁጥዐ( Promotion of scientific temper) ፦ ትምህርቲ ብክልሰ-ሓሳብ ጥራይ ዘይኮነስ ብተግባር እውን ክቐርብ የኽእሉ። ተምሃሮ ንነገራትን ተርእዮታትን ብቓላት ካብ ምስማዕ ብሳይንሳዊ መንገዲ ብምዕዛብ ሓቂ ናይ ሓደ ነገር ንኽርድኡ ይሕግዙ። ሓፈሻዊ ሃዋህው ክፍሊ ንፈጠራ ምቹእ ንኽኸውን ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ።

4. ውልቃዊ ፍልልያት ምምላእ( Meeting individual differences) ፦ ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝርከቡ ተማሃሮ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ መንጎኦም ውልቃዊ ፍልልያት ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ንኣብነት ገለ ተማሃሮ ምዝራብ ይፈትዉ፣ ገሊኦም ድማ ዝቐርቡሎም ነገራት ብምርኣይ ክመሃሩ ይፈትዉ፣ ገሊኦም ድማ ብኢዶም ብምትንካፍ ክመሃሩ ይመርፁ።በዚ መንፁር ዝተፈላለየ ዝንባለ ዘለዎም ተማሃሮ ኣብ ሓደ ክፍሊ ይነብሩ። ስለዚ ድማ ከከም ድሌቶም ንኽመሃሩ ጥጡሕ ኩነታት ይፈጥሩ።

5. ንፁርነት (Vividness) ፦ ንፁርነት ናይ መምሃሪ መሳርሒታት ንመምሃርን ምስትምሃርን ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ንኣብነት ብዛዕባ ጥንታዊ ታሪኽ ዝገልፁ ዛንታ፡ ከም ቪድዮ ካብ ዝቐርብ ቪድዮ ንላዕሊ፡ ብቪድዮ ክሊፕ እንተቐሪቡ ንምርዳእ ዝቐለለ እዩ።

6. ክውንነት(Realism)፦ ንትምህርቲ ዝቐርብ ትሕዝቶ ብሓቀኛ መልክዑ ክረአን ክመኮርን የኽእል። ንኣብነት ፊልምታትን ኣቀራርባታትን ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት ነዊሕ ናይ ንባብ ዕማም ንምርዳእ ይሕግዙ።

እቲ ተማሃራይ ዝረኸቦ ተመክሮ ቀጥታዊ፡ ጭቡጥን ነባሪን ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ትምህርቲ ባህርያዊ ይገብሮ።

7. ዝተፈላለየነት(Variety)፣- ትምህርቲ ብድምጽን ስእልን ሓገዛት ተማሃራይ ዝተፈላለየ ዓይነትን ዓቐንን ነገራት ኣብ ኢድ መምህርን ተማሃራይን ክህልዎ የኽእሎ። እዚ ማለት እቲ ተምሃራይ ብዝግባእ መንገዲ ክመሃር ይኽእል እዩ መምህር ድማ ክምህር ይኽእል እዩ።

8. ሓድሽ ትምህርቲ ኣብ ምግንዛብ (Helping in fixing up new learning)፡- ተማሃራይ ኣብ ኣእምሮኡ ሓደስቲ ነገራት/ፍልጠትን ክእለትን ክፈጥር ከምኡ'ውን ኣብ ዝምልከቶ ግዜን ቦታን ኣብ ግ ብሪ ከውዕሎ የኽእሉ ምኽንያቱ ትምህርታዊ ፀጋታት ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ተመኩሮታትን ብምሃብ ስምዒታትን ተገዳ ስነትን ተምሃሮ ንምንቕቓሕ ኣቓልቦኦም ንምሓዝ ናብቲ ዝድለ ዕላማ ንምምራ።

9. ኣቓልቦ ኣብ ምስሓብ ብምሕጋዝ(Helpful in attracting attention)፣ ኣብ ተገዳስነት ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘተኮረ ዘላቒ ኩነታት ብምፍጣር መስርሕ ኣመሃህራ ምቹእን ሰሓብን ይገብሩ፤ ንፅዕነት ስራሕ መምህር ይቕንሱ።
10. ኣብ መትከላት ኣመሃህራ ዝተመስረተ ትምህርታዊ ናውቲታት ተጠቒምካ ምምሃር፡ መምህር ነቲ ትምህርቲ ካብ ጭቡጥ ክሳብ ኣብስትራክት፡ ካብ ዝፍለጥ ክሳብ ዘይፍለጥ፡ ከምኡ'ውን ብግብራዊ ኣገባብ ክምህሮ የኽእሎ።

11. ተቐባልነት (Receptivity)፡- ናውቲታት ትምህርቲ፡ ምስ ህዋሳት (ዝርእ፡ ዝትንክፍ ወዘተ) ስለዝቐረቡ፡ ተመኩሮታት ትምህርቲ ናይ ምዕቃብ ሓይሊ ኣለዎም።

12. ናይ ምሕላውን ምትዕፅፃፍን ዕድላት (Opportunities to handle and) manipulate፡- ድምፅን ስእልን መምሃሪ ፀጋታት፡ ተማሃሮ ነቲ ናይ ትምህርቲ ንብረት ኣብ ኣእምሮኦም ክሕዝዎ፡ በቲ ዝተማህርዎ መሰረት ከባቢኦም ክድህስሱን ክድህስሱን ዕድል ይህቡ።

13. ናፅነት (Freedom ፡- ብዛዕባ እቲ ፀጋታት ብምዝርራብ፡ ብምንቅስቓሶም፡ ብምትንካፎም፡ ብምዝንጋዕ፡ ብዛዕባ ኣቃውምኦም፡ ሕብሩ ወዘተ ግብረ መልሲ ብምሃብ፡ ንተማሃሮ ንኽመሃሩ ናፅነት ይህቡ። መምህራን ንተማሃሮ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስሚዒት ብምእታው፣ ክሰርሑ ይደልዩ

ድዮም፣ ዳግማይ ክሰርሑ ይእዘዙ ወይ ናይ ስራሕ ድሌትእንተ ሃልይዎም ብግብራዊ ተሳትፎ ነቲ ቋንቋ ከም ዝመሃርዎ ይገብሩ።

14 ንሕማም ቃላዊ ትምህርቲ ፀረ ምኺን፡- (Antideste to the disease of verbal instruction) ንፀገማት ቃላዊ ትምህርቲ ኣብ ምብዳህ ተወዳደርቲ ዘይብሉ ምኳኑ ይሓቱ። ስለዚ ትምህርታዊ ሓገዛት ንመስርሕ ትምህርቲ ካብ ቃላዊ ናብ ግብራዊ ተሳትፎ የሰጋግርዎ። ተምሃሮ ንፁርን ቅኑዕን ንኽኾኑ የኽእሉ። ንተማሃሮ ብዙሓት ቃላትን ሓረጋትን ብኣፍ ክንምህሮም ንኽእል ኢና፤ ቃላትን ሓረጋትን ብኣፍ ጥራይ ምምሃር ኣብ ሓፂር ግዜ ብዙሓት ቃላትን ሓረጋትን ከነፍሪ ዘኽእለና እኳ እንተኾነ፡ ተማሃሮ ንኹሉ ዝተዛረበሎም ቃላትን ሓረጋትን ክርድእዎን ክጥቀሙሉን ዘይክእሉ ፀገም ኣሎ።በዚ መዳይ ተምሃሮ ዝተዛረቡሎም ቃላትን ሓረጋትን ናይ ምርሳዕ ፀገም የጋጥሞም። ስለዚ እዚ

ዝተማህረ ናይ ምርሳዕን ምዝካርን ምትግባርን ፀገም ብመምሃሪ መሳርሒታት ብምጥቃም ክቃለል ይከኣል።

15 ዝያዳ ድርኺት ምፍጣር (Best motivators) ትምህርታዊ ፀጋታት ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ናይ ምልዕዓል ሓይሊ ስለዘለዎም፡ ኣቓልቦኦም ናብቲ ትምህርቲ ይስሕቡ። 16.
ንሓቀኛ ትምህርታዊ ተመኩሮታት ምውካል (Vicarious experiences)፡- ሓድሽ ተመኩሮ ብተለምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ክቐርብ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ነዚ ሓድሽ ተመኩሮ ንተማሃራይ ምቕራብ ግብራዊ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን እዮም ዝጥቀሙ። ምኽንያቱ ኣብዚ ሓድሽ ተመክሮ ብዙሕ ንምትግባሩ ኣፀጋሚ ዝኾነ ኩነታት ከጋጥም ይኽእል ። ንኣብነት ኣብ መቀለ ንዝመሃር ተማሃራይ ዝቐረበ ክፍሊ እንስሳታት ዘገዳም" ዝብል ንበባብ ይኸውን መምህራን ንንዋት ትምህርቲ ከም መምሃሪ ናውቲታት ቅድሚ ምጥቃሞም፡ ነቲ ናውቲ ትምህርቲ ብጥንቃቐ ኣብ ኣእምሮኦም ክስእሉን ብዛዕባ እቲ ናውቲ ትምህርቲ እኹል ርድኢት ክረኽቡን ይግባእ። ብኻልእ ኣዘራርባ መጀመርያ ኣካላዊ ባህርያትን እንታይነትን ናይቲ ትምህርታዊ ናውቲታት ባዕሎም ክርድኡ ይግባእ። ነቲ ተማሃራይ ናብ እንስሳታት ዘገዳም" ዝረኽብዎ ቦታ ወሲዶም ብኣካል ከርእይዎ ኣይክእሉን ይኾኑ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ናውቲ ትምህርቲ ነቲ ፀገም ዝኮነ ተካእቲ ኮይኖም ይቀርቡ። ማለት ዝተፈላለዩ እንስሳታት ዘገዳም" ምስእሊ ተጠቒምካ ምምሃር የኽእሉ።ተማሃሮ ነቲ ትምህርቲ ንምርዳእ ስእሎም ተጠቒሞም ምስሊ እንስሳታት ዘገዳም ምስቲ ዘንብብዎ ዘለዉ ከዋሃህድዎ ይኽእሉ። ኣብዚ መዳይ ትምህርታዊ ሓገዛት ውክልና ዘለዎ ተራ ክፃወቱ ይኽእሉ እዮም።

## 2.9.3 መትከላት ምቕራብ ናውቲ ትምህርቲ

Aggarwal (1996፡155-156) መትከላት ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣቕሪቡ ኣሎ።

መምህራን ኣብ ክፍሊ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ከም ሓገዝቲ ዝጥቀሙሉ ናይ ትምህርቲ

ሓገዛት፣ ምፍንጫሎም፣ ምትእኽኻቦም፣ ኣሰራርሓኦምን ኣጠቓቕምኦምን ሜላታት ክፈልጡን ክፍትኑን ክኽእሉ ይግባእ።

ትምህርታዊ ሓገዛት ኩሎም ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ ተምሃሮ ኣብ ዝርእይዎን ብትዕዝብቲ ዘድሊ ፍልጠትን ክእለትን ብዘጥዕም መንገዲ ኣብ ዝረአ ቦታ ክቐርብ ይግባእ።

ኣብ እዋን ኣጠቓቕማ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ፣ ኣብ ልዕሊ መምሃሪ መሳርሒታት ጉድኣት ከይበፅሕ።

ንመምሃሪ መሳርሒታት ምሉእ ኣቓልቦ ንኽወሃቦ ብዝተኻእለ መጠን ትኹረትካ ዝሰርቕ ነገራት ክውገድ ኣለዎ።

ድሕሪ ትምህርቲ ተምሃሮ ንዝቐርቡ ሕቶታት ቅልጡፍ መልሲ ክወሃቦምን ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ናይቲ መዓልቲ ዘለዎም ተዛማድነትን ግቡእነት ናይቲ ኣጠቓቕማ ሜላ ክግምገምን ይግባእ።

## 2.9.4 ስነ-ልቦና ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ መምሃሪ

ስነ-ልቦና ኣጠቓቕማ ናውቲ መምሃሪ ንተመኲሮታት ትምህርቲ ክውንነታውያንን ዘእምንን ብምግባር ምስ ክውንነት የዛምዶም። ነቲ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ውፅኢታዊ ይገብሮ። ስለዚ ብዘይካ እቲ ንባብ፡ ዝተፈላለዩ መምሃሪ መሳርሒታት (ስእሊ፡ ፊልምታት፡ ኣኒሜሽን ፊልምታት፡ ቅዳሓት ድምፂ፡ ትምህርታዊ ፀወታታት (Mockups)፡ ተለቪዥን ወዘተ) ንሓቀኛ ተመኲሮ ትምህርቲ ንምውካል ክጥቀሙ ይኽእሉ። ኣብዚ መዳይ ብናውቲታት ትምህርቲ ዝድገፍ ትምህርቲ ተማሃራይ ከም ክውንነት ክርድኦ፣ ነቲ ሓቀኛ ውክልና ናይቲ ትምህርታዊ ተመኲሮ ክቕበልን እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ክውንነት ዝተመስረተ ምዃኑ ንኽርዳእን የኽእሎ። ምስቲ ዓውደ-ፅሑፍ ንምትእስሳር ዝግበር ፃዕሪ ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ናውቲታት ትምህርቲ ንመስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ምስ ህዋሳት ኣብ ምውህሃድ፡ ተገዳስነት ተማሃራይ ኣብ ምምሃር ኣብ ምልዕዓልን ዝድለ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ምምፃእን ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም ድዩ ኣይብሉን ንምፍታሽ ተፈቲኑ እዩ። ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ መስተጋብራዊ ከም ዝገብርዎን ካብ ክልሰ-ሓሳብ ናብ ተግባር ከም ዘሰጋግርዎን እውን ተገሊፁ ኣሎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ Aggrawal (1996፡157) ሓደ ተምሃራይ ብዝተፈላለዩ ህዋሳቱ ኣቢሉ ካብ ዝረኽቦ ትምህርታዊ ተመኲሮ ክንደይ ዝኣክል ንነዊሕ እዋን ዝኽሪ ጠቓሚ ምዃኑ Cubon (1969) ብምጥቃስ ይገልፅ፤ ካብቶም ዝቐረቡ ትምህርትታት ብህዋሳት ኣቢልካ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ብኸምዚ ዝስዕብ ይግመት፡ 1% ብዓይኒ፡ 1% ብጣዕሚ፤ 1.5% ብመንካዕ፤ 3.5% ብጨና፤ 11% ብምስማዕ፤ 27% ብዓይኒ ምርኣይ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ናይ ሰባት ናይ ምዝካር ዓቕሚ 10% ብምንባብ፣ 20% ብምስማዕ፣ 30% ብምርኣይ፣ እናገበርካ 90% ብምዝራብ ክፍጠር ከምዝኽእል ይግለፁ። በዚ መፅናዕቲ ዝድገፍ ናይ ምሁር ርእይቶ ዝተፈላለዩ መምሃሪ ናውቲ ተደጊፉ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ክቐርብ ከሎ እቶም ሓገዛት ምስ ህዋሳት ምቅርራቦም ዝርዝር ናይቲ ዝቐርብ ትምህርታዊ ትሕዝቶ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ይውስን። ስለዚ ተምሃሮ ብህዋሳቶም ከም ዝመሃሩን ነቲ ዝተማህርዎ ኣብ ነዊሕ ዝኽሪ ክዕቅብዎ ከም ዝኽእሉን ምርዳእ ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሳታፍን መስተጋብርን እንተኾይኑ ተማሃሮ ነቲ ትምህርቲ ናይ ዘይምርሳዕ ተኽእሎኦም ዝለዓለ ይገብሮም።

## 2.10 ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ፀገማት፤

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘሎ ኣገባብ ኣመሃህራ ተምሃራይ ማእኸል ዝገበረ ኣስተምህሮ እዩ። ኣብዚ ትምህርታዊ ሓገዛት ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም።በዚ መዳይ ጠለቦም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ይኸይድ እኳ እንተሎ ኣብ ኣጠቓቕምኦም ግን ገለ ፀገማት ኣለው። Aggrawal (1996፡159-161) ነዚኦም ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾም፤

1. ዘይምግዳስ ተምሃሮ፣ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ፅሬት ዘለዎምን ብግቡእ ዝተዳለዉን ትምህርታዊ ሓገዛት ምጥቃም ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ብዓቢኡ ይውስኽ። ዘይተወደበ፣ ዘይተተኩረን ዘይመሳጥን ትምህርታዊ ናውቲ ውፂኢታዊ ዘይኮኑን ተማሃሮ ካብ ምትእስሳር፣ ምትእምማን ምጥፋእን ዘይምግዳስን ከስዕብ ይኽእል።

2. ፋይናንሳዊ ፀገም፦ ሓደ ቤት ትምህርቲ ቲታት ትምህርቲ ንምጥቃም ዘድሊ ሃፍቲ ንምዕዳግ ወይ ንምድላው፣ ወይ ድማ ኣብ ሃፍቲ ትምህርቲ ስልጠና ንምውሳድ ዘድሊ ናውታት ንምዕዳግ ወይ ንምድላው ፋይናንሳዊ ፀገም እንተሃልይዎ እቲ ዘድሊ ፀጋታት ትምህርቲ ክዳሎ ወይ ክዕደግ ኣይኽእልን፤ ከምኡ'ውን እቲ መምህር ወይ ተማሃራይ ኣብ እዋን ስልጠና ነቲ ናውታት ክጥቀመሉ ኣይክእልን ይኸውን።እቲ ክኢላ ስልጠና ክሳተፍ ኣይክእልን ይኸውን።

3. ናውቲ ትምህርቲ፣ ጥቅሚ ኣልባነት ወይ ግቡእ ዝኾኑ ኣገልግሎት ዘይምሃብ ዝክሰት ብሰንኪ ሕፅረት ዓቕምን ሸለልትነትን መምህር ወይ ድማ ግቡእ ምምራፅ ብዘይምግባሩ፣ ኣብ ኣቀራርባን ኣጠቓቕማን ፀገማት፣ ከምኡ እውን ሓፈሻዊ መትከላት ዘይኽተሉ ምምራፅን ኣጠቓቕማን ናውትታት ትምህርቲ እዩ።ከምዚ ዓይነት ፀገማት እንተሃልዩ፡ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር እንጥቀመሉ ናውቲ ትምህርቲ ጠቕሚዝናኣሰእዩ።

4. መምህራን ነቲ ትምህርቲ ብዘይ ናውቲ ትምህርቲ ምምሃር ኣሰልቻዊ፣ ግዜ ዝወስድን ውፅኢት ዘይብሉን ምዃኑ ብንፁር ክእመኑ ይግባእ። ኣብ ምምራፁን ኣጠቓቕማን ናውቲ ትምህርቲ ሸለልተኛታት ተኾይኖም ተራኦምን ስርሖምን ብግቡእ እንተዘይፈፂሞም፡ መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ፀገማት ከጋጥሞም እዩ።

5. ሕፅረት ሓይሊ ኤሌክትሪክ፡ ዝበዝሑ ናይ ትምህርቲ ሓገዛት ከም ሬድዮ፡ ተለቪዥንን ፕሮጀክተርን ብዘይ ኤሌክትሪክ ክቐርቡ ኣይክእሉን እዮም።ምክፍፋል ሓይሊ ኤሌክትሪክ እውን ከምቲ ኣብ ገጠር ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ተበፃሒ ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ ኣጠቓቕማ ፀጋታት ትምህርቲ ፀገማት ከስዕብ ይኽእል።

6. ስእነት ስልጠና፣ ኮሌጃት ስልጠና ወይ ማእኸላት ስልጠና ትምህርቲ መምህራንን ሰብ ሞያ ትምህርትን ኣብ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ትምህርቲ ግቡእ ክእለት ኣብ ምዕጣቕ ተራ ኣለዎም። ከምዚኦም ዝበሉ ማእኸላት ስልጠናን ኮሌጃት ስልጠናን ኣብ ዘይርከበሉ ከባቢታት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝምህሩ መምህራንን ሰብ ሞያ ትምህርትን ስልጠና ናይ ምርካብ ዕድል ክውሕድ እዩ፤ ስእነት ስልጠና ኣብ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ትምህርቲ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ እዩ።

7. ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ንብረታት ኣብ ምጥቃም ተገዳስነት ዘይምህላው፤ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብትሑት ወፃኢ ፀጋታት ከባቢ ብምጥቃም ብናውትታት ዝተዓጠቐ ክፍሊ ክህሉ ይግባእ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ማሕበራዊ፣ ትምህርታውን ስነ-ኣእምሮኣውን ምኽንያታት ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ንዋት ኣጠቓቕማ ትሑት እዩ። እዚ ፀልዋታትን ካብ ከባቢ ዝመፅእ ነገራት ትሑት ምዃኑን ዝኾነ ትምህርቲ ከምዘይህብን፡ ካብ ፋብሪካታት እንተዘይተሰሪሑ ወይ ካብ ክቡር ንብረት እንተዘይተሰሪሑ ድማ ከም ዋጋ ከምዘይቁፀር ዝህሉ ኣረኣእያን፡ መምህራንን ተማሃሮን ናይ ከባቢ ንብረት ናይ ምጥቃም ዓቕሞም የጉድል።

8. ተምሃሮ ንምብፃሕ እኹል መሳለጥያታት ዘይምህላው (ማእከላት ትምህርቲ) ብዘይካ'ቲ ኣብ ክፍሊ ዝቐርብ ትምህርታዊ ፀጋታት፣ ዝተወደበን ደረጃ ዝሓለወን ናይ ፊልም ቤተ-ፈተነታት፣ ናይ ድምጽን ስእልን ትምህርታዊ ናውቲታት ቤተ-መዘክር፣ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ምርኢታት፣ ቤተ-መዘክር ስነ-ጥበብ፣ እኽብካብ ስእሊ፣ ታሪኻዊ

ሓበሬታ ወዘተ ብዝተፈላለዩ ደገፍቲ ትካላት ኣቢሎም ብሰብ ሞያ ትምህርቲ ንኽበፁሑ ተዳልዮም ክቐርቡ ይግባእ። እዞም መሳለጥያታት ወይ መሳለጥያታት ዘይምህላዎም ንኣጠቓቕማ ናውትታት ትምህርቲ ይፀልዎ። 9. ግቡእ ናይ ትምህርቲ ናውቲ ዘይምምራፅ፣ ነቲ ዝተሓሰበ ትምህርታዊ ዕላማታት ንምዕዋት መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ንምቅልጣፍ ዝሕግዙ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ብግቡእ ክምረፁ እንተዘይ ክኢሎም፣ረብሓ ተምሃሮ ብምንቕቓሕ ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማታት ትምህርቲ ክትግበር ኣይከኣልን። ስለዚ ብዝግባእ ምምራፅን ምጥቃምን የድሊ። ብሓፈሻ ንመስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ንምቅልጣፍ ዝጥቀሙሉ ፀጋታት ትምህርቲ ኣብ ክልተ ክምቀሉ ይኽእሉ። እቲ ቀዳማይ መምህራን ነቲ ትምህርቲ ንተምሃሮ ንፁር ንምግባር ዝጥቀሙሉ፤ እቲ ካልኣይ ድማ ተማሃሮ ብንጥፈት ንኽሳተፉ ዝሕግዝ እዩ። ብመንፅር ጎናዊን ደተዋረዳውን ዝምድና ትምህርቲ፡ ንመፃኢ ኣብ ግምት ብምእታው ምጥቃም ቀዳምነት ዝወሃቦ እዩ። ሎሚ ንመምሃሪ ዝውዕሉ መምሃሪ ናውትታት ንዝቕፅልን ቀፃልን ትምህርቲ መሰረት ክኾኑ ይግባእ። ሓንሳብ ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ወዒሎም ብስርዓት እንተዘይተዓቂቦም ብመንፅር ምትእስሳር፡ ቀፃልነትን ተዛማድነትን ናይቲ ትምህርቲ ዝኾነ ረብሓ ኣይህልዎምን።

## 2.10.1 ኣድላይነት ስልጠና ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ

ኣብ መስርሕ ምምሃር-ምስትምሃር ቋንቋ ትምህርታዊ ናውታት ምጥቃም ዘለዎ ትምህርታዊ ረብሓታት ተዳህሲሱ እዩ። እቲ ዝዓበየ ትምህርታዊ ረብሓ ዝረጋገፅ ምስ ዝተነደፉ ዕላማታት ዝሰማምዑ ፀጋታት ትምህርትን ዕላማታት ንምዕዋት ዝቐርብ ትምህርታዊ ትሕዝቶን ብጥንቃቐ ተመሪፆም ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዝውዕሉ ተዳህሲሱ እዩ። እቲ ዝቕጽል ዕማም፡ ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማታት ትምህርቲ ንምዕዋት ዘኽእል ግቡእ ናውቲታት ትምህርቲ ናይ ምምራፅን ምጥቃምን ክእለት ብኸመይ ንረክብ ዝብል እዩ። መልሲ ናይቲ ሕቶ “ብስልጠና” ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብዚ መዳይ እዚ Newbyetalን ካልኦትን. (1996:22) ስልጠና ኣብ ክልሰ-ሓሳባዊ ትንተና ጥራይ ካብ ምትኳር ምስ ግብራዊ ንጥፈታት ክውሃሃድ ከም ዘለዎ ይሕብሩ። ብፍላይ ኣብ ዓውደ መፅናዕትን ትካላት ስልጠና መምህራንን ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዛት መምሃሪ ዝምልከት ስልጠና ኣብ ግብራዊ ልምምድ ዘተኮረ ክኸውን ተመራፂ እዩ። Betsate (2000:73)፣ Melvin (1973) ከም ዝጠቐሶ፡ ኣወንታዊ ውፅኢት ግብራዊ ስልጠና ብመፅናዕቲ ዝድገፍ ምኳኑ ይገልፁ። እዚ ምሁር ዘቕረቦ መፅናዕቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ከተማ ፍረወይኒ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኸሊ ስዋተ ኣብ ታሽዓይ ክፈሊ መምህራንን ተምሃሮን ዝተኻየደ እዩ። እቲ ዕላማ መምህራን ውፅኢታዊ ዝኾኑ ናይ ምምሃር ናውቲ መሪፆም ዝጥቀሙሉ ግብራዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ንምልላይ ን ተምሃሮ ግቡእ ሜላ ኣማሃህራ ዝረኽብሉን ንምንዳይን እዩ ። ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ እውን እቶም ሰልጠንቲ ካብ ኣብ ኣስተምህሮን ዘተን ንላዕሊ ኣብ ሓቀኛ ናይ ልምምድ ተመኩሮታት ከምዝሳተፉ ይሕብር። ስለዚ ከምቲ እዚ ምሁር ዝገልፆ ሰልጠንቲ ብሓገዝ መሳርሒታት ትምህርቲ መፅናዕታዊ ፁሑፋት ክፁሕፉ፣ ናይ ፕሮጀክት ስራሕ ክሰርሑን ብዛዕባ መፅናዕቶም ፀብፃብ ክፁሕፉን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ሓቀኛ ክፍሊ ክለማመዱ ዝኽእሉሉ ተኽእሎ ፀቢብ እዩ፣ Newby et al. (1996:26) ምስዚ ተኣሳሲሩ መምህራን ቅድሚ ስርሖም ይኹን ኣብ እዋን ስርሖም ስልጠና ብምሃብ ኣብ ምምራፅን ኣጠቓቕማን ሓገዛት መምሃሪ ክስልጥኑ ይኽእሉ። እዞም ምሁራት፡ ስልጠና ጥራይ፡ ንመምሃሪ ዝኸውን ናውቲ

ብግቡእ ክመርፁን ክጥቀመሉን ዝኽእል ክኢላ ከም ዘየፍሪ ይምጉቱ። እንታይ ደኣ መምህራን ኣብ እዋን ስልጠና ዝረኸብዎ ክልሰ-ሓሳባዊ ኣምር ተጠቒሞም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ግብራዊን ዘላቒን ክእለት ክትርጉምዎ ከም ዘለዎም ይምጉቱ።

## 2.11 ግደ መምህራን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ብናውቲ

መምህራን ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ቋንቋ ዝተቐመጡ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ንምዕዋት እቶም መምሃሪ መሳርሒታት ንፁራትን ቀለልትን ጭቡጣትን ብምግባር ኣብ ምምሃር ወሳኒ ተራ ኣለዎም። መምህራን ነቲ ኣስተምህሮ ንፁር፣ ቀሊልን ጭቡጥን ንምግባር መምሃሪ ናውቲ ክጥቀሙ ትፅቢት ይግበር፤ መምህራን ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምምሃርን ምስትምሃርን ተጠቒሞም ተምሃሮ ምስቲ ዕላማ ዝገበሩ ቋንቋ ንኽላለዩ ክሕግዙ ትፅቢት ይግበር። መምህራን ሓላፍነቶም ንምፍፃም መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ውፅኢታዊ ክገብርዎ ይግባእ። Gower et al. ካልኦትን. (1983፡154) ነዚ ሓሳብ ብኽምዚ ዝስዕብ ይገልፆ፤ ኩነታት ትምህርቲ ምቁፅፃርን ኣብ መንጎ ተምሃሮ ምትእስሳር ምፍጣርን ዕማም መምህራን እዩ። ተምሃሮ መስርሕ ርክብ በቲ ቋንቋ ንምምሃር ኣብ ክፍሊ ምትእስሳር የድልዮም፤ዕማም መምህራን ዝተፈላለዩ መምሃሪ ንዋት ተጠቒሞም ናይ ተምሃሮ ፅምዲን ጉጅለን ስራሕ ምቕራብ፣ ምክትታል፣ ምምካርን ምግምጋምን እዩ።Burns etal (1999:337) ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ሓላፍነት መምህራን ንተምሃሮ ምልዕዓልን ንመምሃርን ምምሃርን ምቹእ ናይ ክፍሊ ሃዋህው ምፍጣርን ምኺኑ ንፉዓት መምህራ

ንነዚዝገብርዎ ትምህርቲ ቋንቋ ብክውንነታዊ ኣገባብ ብምቕራብ እዮም። (Burns et al.1999:536) ዝብል ፅሑፍ ኣሎ።

መምህራን ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ክዛተዩን ሓሳብ ክለዋወጡን ንምትብባዕ ዝተፈላለዩ ናይ ምምሃር ሓገዛት ክጥቀሙ ይግባእ። ፡Hittleman (1988፡69-70) መምህራን ዓው ኢሎም ከንብቡ፡ ኣብ ክፍሊ ዘተ ክገብሩን ምስ ንጥፈታት ክፍሊ ዝተኣሳሰር ሕትመት ንባብ ወይ ኣስተምህሮ ክመርሑን ከም ዘለዎም ይገልፁ። እዚ ንዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ንምዕዋት ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ፤ ቀንዲ ሓላፍነት መምህር ናብ ተግባር ክተርጎም ከም ዘለዎ ይገልፁ።ብሓፈሻ መምህራን ንሃዋህው ክፍሊ ብምቁፅፃርን መምሃሪ ሓገዝቲ ብምጥቃምን ፅኑቕ መስርሕ ትምህርቲ እንተፈጢሮም ተምሃሮ ቋንቋ ንርክባዊ ዕላማታት ብኣድማዒ መንገዲ ክጥቀሙሉ እዮም።

ተምሃሮ ብመምሃሪ ሓገዛት ተደሪኾም ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ፅምዲን ጉጅለን ንጥፈታት ምስ ዝሳተፉ ተፈጥሮኣዊ ቋንቋ ክጥቀሙ እዮም። እዚ ኣገባብ እዚ ንዕላማታት ትምህርቲ ዕላማ ቋንቋ ብንሡርን ቀሊልን ጭቡጥን መንገዲ ንምጥቃም በሪ ይኸፍት፤ እዚ እቲ ዝዓበየ ዕማምን ሓላፍነትን መምህራን እዩ።

ቛሕታት መሕረዩ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሰማምዑሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንምርካብ ከይዲ ምሕራይ ቀሊልን ውፅኢታዊ

ዝኸውን እቶም ረቛሕታት እንትትግበሩ እዩ። ብኣብዝሓ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንምሕራይ ዝጠቕሙ ሓበራዊ ዝኾነ ጠቓምነት (relevance)፣ ግቡእነት (appropriateness)፣ ትኽክለኛነት (accuracy)፣ ግልፅነት (clarity)እዮም (Farrant1984)።

**ሰደቃ ሓደ፦ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንምሕራይ ዘገልግሉ ረቛሕታ**

| | ረቃሒ | መግለፂ |
|---|---|---|
| 1 | ጠቓምነት | ትሕዝቶ ትምህርቲ ንምቕራብ ዘለዎ ረብሓ፣ ነቲ ትሕዝቶ ንምትሕልላፍ ዝተሓንፀፁ ዕላማታት ትምህርቲ ተግባራዊ ንምግባር ዘለዎ ኣድላይነት" |
| 2 | ግቡእነት ንተበፃሕነትን | ዓቕሚ ተምሃራይ ኣብ ግምት ዘእተወ፤ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ዘይኮነ። ዝተፈላለዩ ድሌታት ዘለዎም ተምሃሮእንተላይ ስንኩላን ዝጥቀምሉን ብቀሊሉ ክረኽብዎን ብዝኽ እሉቅርፅታት ይርከብ። |
| 3 | ሰሓብነት | ሰሓባይ ሕብሪዘለዎ ትኽክለኛ ምስሊ ዝሓዘን ድሌት ተምሃራይ ዘማልእን። |
| 4 | ትኹረት | ናብ'ቲ ዝተደለየ ትሕዝቶ ትምህርቲ ትኹረት ክገብሩ ዝገብር፤ ዓንኳር ሓሳብ እቲ ትምህርቲ ዘመልክት። |
| 5 | መጠን | ግቡእ ዝኾነ ግዝፊ ዘለዎን ንኹሎም ተምሃሮ ብዝግባእ ዝረአን። |
| 6 | ትኽክለኝነት ተ ዛማደነትንትሕ ዝቶ | ቅኑዕን፥ ካብ ጭቡጥነት ጌጋታት ነፃእዋናዊ ፍልጠተ ዘለዎን እዩ። ኣገዳሲ፥ምስ ስርዓተ ትምህርቲ ወይ ሲለበስ ዝጠልቦ ነገራት ዝስማማዕ። ግቡእ ደረጃ፦ምስ ስርዓተ ትምህርቲ ወይ ተምሃሮ ክፍልን ድሕረ ባይታን ፍልጠትን ዝስማማዕ። |
| 7 | ግልፅነትን ውዳበን | ሓበሬታ ብስነ ሞገታዊ ኣገባብ ቅደም ተኸተል ዘለዎን ንምክትታል ቀሊልን ቋዋቋ ንተማሃሮ ንፁርን ርዱእን እዩ። መምርሕታት ንጥፈታት ፍሉይን ንምትርጓም ቀሊልን እዩ። |
| 8 | ቀሊልነት | ተምሃሮ ንክርድእዎ ዘየፀግም ብዙሓት ጭብጥታትን ሓሳባትን ዘይሓዘ |
| 9 | ፅምዶን ድሪኽትን | ስእላዊ መግለፅታትን መስተጋብርዊ ባህርያትን ተገዳስነትን ተምሃራይ የነቃቅሕ። ንጡፍተሳትፎ ነቀፌታዊ ኣታሓሳስባ የተባብዕ። |
| 10 | ባህላወን ፆታው ነ ተሃዋስነት | ካብፅልዋታት ወገናውነት ወይ ኣፀያፊ ትሕዝቶ ይርሕቅ። ቡዝሕነቱ ንኩሉዝሓቁፍን ዘንፀባርቅን እዩ። |
| 11 | ፅናዕትን ፅሬትን | ንኣካላዊ ንብረት ንተደጋጋሚ ኣጠቃቅማ ክፃወር ዝኽእል። ንድጅታላዊ ንዋት ብቀሊሉ ክትረኽቦትኽእል ከምኡእውን ካብ ቴክኒካዊ ፀገማት ነፃ ዝኽነ። |

## 2.12 ናውቲ ትምህርቲ ከም ሓገዝ መምሃሪ

ኣብዚ መፅናዕቲ ንመምሃሪ ቋንቋን ሓገዛት መምሃሪን ሲለባስ፣ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህርን ኢልና ንፅውዖም። ቋንቋ ምምሃርን ናውቲ ትምህርትን ንመስርሕ ትምህርቲ ቋንቋ ዕዉት ንኽኸውን ዝመርሑ መሳርሒታት እዮም። :Nunan (1988፡105) ከም ዝገልፆ፡ ሓገዛት መምሃሪ፡ ኣብ መንጎ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋን ሓቀኛ ዓለምን ዘሎ ርክብ ንፁር ዝገብሩ መሳርሒታት ትምህርቲ እዮም። እዞም መሳርሒታት እዚኦም ኣብ ዘማዕብሉሉ እዋን ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣብ ግምት ዘእተዉ እኳ እንተኾኑ ኣብዚ ክረአ ዝድለ ዘሎ ግን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ምምሃር ናውቲ መምሃሪ ዝገብርዎ ድጋፍ እዩ። ቀፂሉ ድማ መፅሓፍ ተምሃራይ፡ መምርሒ መምህርን ስርዓተ ትምህርትን ክምርመር እዩ።

### 2.12.1 መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ መምህርን

Harmer (2001:257)፣ Sheldon (1987:238)፣ Richards and Rogers (1986:25) መፅሓፍቲ ትምህርቲ ቋንቋ ንምምሃርን ምስትምሃርን ቋንቋ ዝምርሑ፣ መበገሲን መወዳእታን ነጥብታት ትምህርቲ ቋንቋ ዘመልክቱ፣ ኣብነታት ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዘቕርቡን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምቕራብ ንተማሃሮ ልምምድ ዝህቡን፣ ብሓፈሻ መሰረታዊ ፍልጠትን ዝተፈላለዩ ኣምርን ንተማሃራይ ዝህቡ፣ ሓበሬታ ዝህቡ ብምዃኖም ብጥንቃቐ ክዳለዉ ከምዘለዎም ይገልፁ ንመምህር ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝምልከት እዩ።ነቲ ዓውዲ ዘፅንዑ ክኢላታት ከም ዘረድኡ፡ መምሃሪ መፅሕፍትን መምሃሪ ናውትን ኣብ ዝዳለወሉ እዋን፡ ንመምሃሪ ቋንቋ ብመምሃሪ መሳርሒታት ከም ዝድግፉን መስርሕ ትምህርቲ ቀሊልን ንፁርን ክውንነታዊን ብምግባር፡ እቲ ተማሃራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክሳተፍ ከም ዝኽእል ምግላፁ ኣገዳሲ እዩ።

### 2.12.2 ስርዓተ ትምህርቲን መርሃ ትምህርትን

መርሃ ትምህርትን ስርዓተ ትምህርትን ኣብ ገለ ሃገራት ብምትኽኻእ ክጥቀሙሉ ይረአ። ኣብዚ መፅናዕቲ ግን እዚ ዝስዕብ ትርጉም ተቐባልነት ኣለዎ። መርሃ ትምህርት ካብ ስርዓተ ትምህርቲ ንትሕዝቶ ሓደ ትምህርቲ ብዝፀበበ ትርጉም ንምውዳብ ዝሕግዝ፡ ሓፈሻውን ፍሉይን ዕላማታት ናይቲ ትምህርቲ ዘርኢ፡ ኣገባብ ኣመሃህራን እቲ ትምህርቲ ዝቐርበሉ ናይ ግዜ ገደብን ዘመልክት ሰነድ ኮይኑ፡ ከምኡ’ውን መሳርሒታት ኣመሃህራን ኣገባብ ምምዛንን ዘመልክት እዩ ። ከም ኣገላልፃ (Cunningworth 1989:22)፡ (Ur 1996:176) ከምኡ’ውን (Hutchinson 1987፡65)

Widdowosen (1990፡129) ከም ዝገልፆ፡ ስርዓተ ትምህርቲ ንመምህራን ከም መምርሒ፡ ዝተፈላለዩ ኣገባባትን ሓገዛት ምምሃርን ዘመልክት፡ ከምኡ’ውን ንመምህራን ከም መምርሒ መሳርሒ ኮይኑ የገልግል። Yalden (1987፡81)፣Olshtain(1986፡79)፣Nunan (1988፡43) ስርዓተ ትምህርቲ፡ ተማሃራይ እንታይ ክመሃር ኣለዎ ንዝብል ሕቶ ዝምልስ መሰረታዊ ሰነድ ትምህርቲ ቋንቋ ምዃኑን፡ ኣብ ሓፈሻዊ ፍልስፍና ትምህርትን ፖሊሲ ትምህርቲ ቋንቋን ሃገርና ዝተመርኮሰ ምዃኑን፡ መምህር እንታይ ክምህር ከም ዘለዎን ተማሃራይ እንታይ ክመሃር ከም ዘለዎን ዝገልፅ ምዃኑ ይገፁ። በዚ መንፅር ሓደ ስርዓተ ትምህርቲ ንፖሊሲ ትምህርቲ ቋንቋ ሓንቲ ሃገር ዘንፀባርቕ እዩ፣ ስለዚ ድማ ኣዳለውቲ ናውቲታት ትምህርቲ፣ ኣዳለውቲ ሓገዝ መምሃሪ፣ መምህራንን ክፍልታት ፈተናን እዩ።ብሓፈሻ

ዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ተመርኲሶም ፖሊሲ ትምህርቲ ቋንቋ ሃገርና ንምድላው ዘድሊ ሓበሬታ ይረክቡ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ሜላ ኣፀናንዓን ኣቀራርባን

### 3.1 መእተዊ

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ መምህራን 9ይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ዝጥቀሙሉ ናውቲታት ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ንምፍታሽ እዩ። ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ድማ እቲ መፅናዕቲ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ተጠቒምካ እዩ ተኻይዱ። ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ኣገባብ ምርምር፣ ኣሳታፋይ መፅናዕቲ፣ ኣገባብ ኣብነታዊ፣ መሳርሒታት ምእካብ መረዳእታ ምርምርን ኣገባብ ትንተና መረዳእታን ተገሊፁን ቀሪቡን ኣሎ።

### 3.2 ሜላ ኣፀናንዓ

እዚ መፅናዕቲ ዝተኸተሎ ኣገባብ መፅናዕቲ ክልስ ዓይነታውን መጠናውን ኣገባባት ዝጥቀም ገላፂ ምርምር እዩ ነይሩ። እቶም መረዳእታታት ብመጠናዊ ተንተኒ ሜላታት ተጠቒሞም ምስ ተንተኑ ብቁፅሪ ተቀሚጦም እዮም።ብዝላዐለ መልክዑ ካአ ተብራሪሆም እዮም። እቲ ተመራማሪን እቲ ዝተመርፀ መምህርን ከም ተሓጋጋዚ ነቲ ናይ ክፍሊ ትዕዝብቲ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ብድምር 18 ግዜ ኣካይዶም ውፂኢቱ ድማ መዝጊቦም። ካብዚ ብተወሳኺ ብመሰረት እቲ ቅድን ኣገባብን ዝተመረፁ መምህራን ትሻዓተ፣ 40 ተምሃሮ ሐደ መተሓባበሪ ጨንፈር ማእከልን ኣመራርሓ ቤትትምህርትን ብሃንደበ ታዊ ሜላ ተመሪፆም እዮም። እዚኣቶም 15 ዕፁዋትን ክፉታትን ፅሑፋት መሕትት ተዋሂቦም ብኣገባቡ ክመልኡ ተገይሮም እዮም ብተወሳኺ ንመምህራን ከክልተ ግዘ ናይ ክፍሊ ትዕዝብቲ ተገይርሎም ዝተረኸበ ውፂኢት ድማ ኣብ ስምምዕነተ ዝተሞርከሰ ፍር ነገር ሰፊሩ እዩ።፥ዓሰርተ ሸውዓተ ቃለ መሕትት ምስቶም መልሲ ዝሃቡ መምህራንን ኣመራርሓ ቤት ትምህርትን ብመልክዕ ዘተ ተኻይዱ እዩ፥ፁሞቅ ፍርነገሩ ድም ብምጥማር ሰፊሩ እዩ።

### 3.3 ምምራፅ መርኣያ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ወረዳ ፍረወይኒ ሓንቲ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ እኳ እንተሃለወት እቲ ቤት ትምህርቲ ብርክት ዝበሉ ተምሃሮ ስለ ዝቅበል ምሰ ግዘን ዓቅሚ በጀትን ኣብግምት ብምእታው ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ጥራሕ ብምትኳር ብ ሜላ መርኣያ ኣመራርፃ ብምጥቃም እዩ ተኻይዱ።

እቲ መፅናዕቲ ብዓይነታውን ብኣሃዛውን ኣገባብ ስለ ዝኽተል ዝኾነ ደረጃ ክፍሊ ክምረፅ ይኽእል ነይሩ። ይኹን

እምበር ነቲ መፅናዕቲ ብቐረባ ንምክትታል፣ ብቀሊሉ ንምቁፅፃር፣መረዳእታ ንምእካብን ካብቶም ኣብቲ መፅናዕቲ ዝሳተፉ መምህራን ምትሕብባር ንምርካብን፣ ናይ ምርምር ድጋፍ ንምርካብን ካብ ክፍሊ ትምህርቲ ፣ ቤት ትምህርትን ነቲ መረዳእታ ዝሃቡ መምህራንን ፍቓድ ንኽረክብ ዓሊሙ ኣብ ታሽዓይ ክፈሊ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ጥራሕ ኣትኹሩ እዩ

## 3.4 ምምራፅ መርኣያ ደረጃ ክፍሊ

እቲ ብደረጃ ክፍሊ ዝተወሰደ መርኣያ ዕላማ ዘለዎ መርኣያ ተጠቒምካ ዝተመርፀ እንትኸውን 9ይ ክፍሊ ድማ ተመሪፆም እዮም። ደረጃ ክፍሊ ዝተመረፀሉ ምኽንያት፡ ብመትከል፡ ኣጠቓቕማ ፀጋታት ትምህርቲ ደረጃ ክፍሊ ስለዘይውስኖ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ዝተፈላለዩ ስልጠናታትን ኣብ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ዘተን ንተማሃሮ ካልኣይ ብርኪ እውን ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ትምህርቲ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ኣይተፈልጠን። ኣብ ዝተመረፀ ደረጃ ክፍሊ ብ ትግርኛ ይኹን ብኻልኦት ቋንቋታት ኣብ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ትምህርቲ ዝምልከት መፅናዕቲ ምርካብ እውን ኣይከኣልን። ይኹን እምበር እቲ መፅናዕቲ ክካየድ ፈተነ ከም ዝተገበረን ኣብ መባእታዊ ደረጃ ከምዘሎን እዩ ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያት፡ ብመሰረት ክልላዊ ትልሚ ትምህርቲና፡ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ካብ ታሽዓይ ክፍሊ ናብ ዋና ዓይነት ትምህርቲ ስለዝ ጅምር፡ ኣብቲ ደረጃ ዘለዉ ተማሃሮ ይኹኑ መምህራን እኹልን ዘተኣማምንን ሓበሬታ ክህቡ ከም ዝእሉ ስለዝእመን፡ ኣብ ወረዳ ፍረወይኒ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ስዋኣት ቋንቋ ትግርኛ ዝምህሩ መምህራን ክህልዉ ኣድላዪ ኮይኑ ረኺበዮ ።

## 3.5 ኣገባብ ምምራፅ ክፍልታት ትምህርቲ

ቀንዲ ትኹረት ናይቲ መፅናዕቲ መምህራን ኣብ ኣጠቓቕማ ትምህርታዊ ናውትታት ምፍታሽ እዩ። ካብ ታሽዓይ ካብ 10 ክፍሊ ኣኣርባዕተ ተምሃሮ ብድምር ኣርባዓተ ተምሃሮ ን ትሽዐትኦም ዘምህሩ መምህራንን ብሃንደበታዊ ኣገባብ፣ ተሓርዮም። ነዚ ዝተመርፀሉ ምኽንያት ካብቶም ዝተመርፁ ክፍልታት እኹል ሓበሬታ ምርካብ ንምርግጋፅ እዩ ነይሩ።

## 3.6 ኣገባብ መርኣያ መምህር ምውሳድ

ከምቲ ኣብ ዕላማ ዝተገለፀ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ፍረወይኒ ኣብ ዝርከባ ሓፈ ሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስዋኣት ዝምድና ናውት ትምህርትን ትሕዝቶ ትምህርትን ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ እንታይ ከም ዝመስል ንምፍታሽ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ዝተመርፀ ቤት ትምህርቲ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስዋኣት 2 ደቂ ተባዕትዮ መምህራን፣ 7 ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ን 40 ተምሃሮ ማለት 20 ተባዕትዮ 20

ኣንስትዮ ከምእውን ሐደ መተሓባበሪ ጨንፈር ማእከልን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ብሜላ መርኣያ ተካቲቶም። ዕላ ማን ቀንዲ ምኽንያትን እዚ ኣመራርፃ ኣገባብ መርኣያ ንምምራፅ ቁፅሪ መምህራን ውሑድ ስለ ዝነበረ ካብ ኩሎም መምህራን እኹልን ዘተኣማምንን ሓበሬታ ክረክብ እዩ ዝብል እምነት ስለዝኮነን እዩ።

## 3.7 መሳርሒታት መኣከቢ መረዳእታ

ነዚ መፅናዕቲ ከም ዝምጥን ዝተመረፁ መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ ኣብ ክፍሊ ትዕዝብቲ፣ ፅሑፍ መሕተቲን ቃለ መሕትትን እዮም። ትኹረት እቲ መፅናዕቲ ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርት ን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን መምህራን ቋንቋ  ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኽሊ ስዋኣት ከተማ ፍረ-ወይኒ ስለዝነበረ ብሰለስተ ሜላ ኣገባብ ዝተኣከበ መረዳእታ ሓቋፋይነቱ ንምርግጋፅ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ ምጥቃም ኣድላዪ ነይሩ። እቶም መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ ብተመራማሪ ዝተዳለዉ ኮይኖም ብኣማኻሪ መፅናዕትን ተሓጋጋዚኡን ዝተረጋገፁ እዮም። ነዞም መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ ተጠቒሞም ዝተዳለዉ መሕተቲ ቅጥዕታትን ተገምጊሞም ቅኑዕነቶምን ትኽክለኛነቶምን ብሙኩራት ባዓል ሞያ ኣማኻሪይ ተረጋጊፁ እዩ።

### 3.7.1 ትዕዝብቲ ክፍሊ

እቲ መፅናዕቲ ብቐንዱ ኣብ ትዕዝብቲ ዝተመስረተ እዩ ነይሩ። ኣብ እዋን ትዕዝብቲ፡ መሰረታዊ ሕቶታት፡ ማለት መምህራን ቋንቋ ትግርርኛ ናይ ትምህርቲ ናውቲታት ይጥቀሙ ድዮም ኣይጥቀሙን ንምፍላጥ፡ መምህራን ቋንቋ ትግርርኛ ብቋንቋ  ትግርርኛ  ናውቲታት ትምህርቲ ክጥቀሙሉ ከለዉ ዘጋጥሞም ፀገማት እንተሃልዩ ንምፍላጥ፡ ኣብ ኣጠቓቕማኦም ዘለዎም ኣረኣእያ ንምፍታሽ፡ ከምኡ'ውን ኣበርክቶ ናውቲታት ትምህርቲ ኣብ ምምሃር ምስትምሃርን ምፍላጥ፣ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን ናውቲታት ትምህርትን ንምግምጋም ዝዓለመ እዩ።

ትዕዝብቲ ብሃንደበታዊ መንገዲ መርኣያ ምውሳድ ተጠቒምካ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ  ዝተመርፀ ክፍሊ ንነፍሲ ወከፍመምህር ክልተ ግዜ ን ሓደ ግዘ

ድማ ኣብ ጨንፍር ሟከል ትዕዝብቲ  ተኻይድም

ብድምር ዓሰርተ ትሽዓተ  ግዘ ትዕዝብቲ ተገይሩ። ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ዕላማዊ ርእይቶታትን ውሳነ ንምሃብን ዕላማታት እቲ መፅናዕቲ ንምዕዋት ዝሕግዝ ጠቓሚ ሓበሬታ ንምእካብን ኣብ Day (1990) መሰረት ብምግባር ንመፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ምድባት ተዳልዮም እቶም ምድባት ድማ፦ብሉፅ" ኣዝዩ ፅቡቕ" ፅቡቕ" እኹልን"ድኹ ምን"እዮም። እቲ መረዳእታ ዝተኣከበ ግቡእን ተኣማንነትን  ናይቶም ናይ ትዕዝብቲ ቅጥዕታት ብኣማኸርቲ መፅናዕቲ ምስተረጋገፀ እዩ። ኣብቲ ትዕዝብቲ ካብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ዝተወሰኑ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ከም ተሓጋገዝቲ ተወሲኹ።  ኣብዚ ክፍሊ ዝተገበረ ትዕዝብቲ ኣብ ክፍሊ 3.4 ዝተዘርዘሩ መሰረታዊ መትከላት መሰረት ብምግባር ዝተኻየዱ እዮም። እቲ ዝተዓዘብናዮ ፍፃመ ብሞባይልን ድምፅን ዝተቐድሐ፡ ነቲ ዝተገብረ መደምደምታታት ዕላማዊ ምዃኑ ዘረጋግፁ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተመራማሪ ቅድሚ ኣብ መደምደምታ ምብፁሑ ነቲ ዝተቐድሐ ሞባይልን ድምፅን ብተደጋጋሚ ክግምግሞ ዕድል ዝፈጠረ እዩ። እቲ ተመራማሪ ብዛዕባ እቲ ሞባይልን ድምፅን ዝተቐድሐ ግብረ መልሲ እውን ብምሃቡ፡ ኣብ ዝያዳ ዕላማ ዘለዎ መደምደምታ ንምብፃሕ ሓጊዙ እዩ።

ዝተፈላለዩ ናይ ዓውዲ ክኢላታት Allwright (1980) ፣Mc-Donoughና Shaw (1993)፤ Gay et al (2009) ከም ዝገለፆ፡ እቲ ቅዳሕ ንኹሎም ክዕዘቡ ዝተሓሰቡ ክፍልታት ንምሽፋን ዝዓለመ ዘይኮነስ፡ ነቶም ፍቓድ ዝተረኽበሎም ክፍልታት ጥራይ እዩ። ስለዚ ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብቶም ፍቓድ ዝተውሃቦም ክፍልታት ኣብ ዝተመረፁን ውሱናትን ናይ ክፍሊ ግዜታት ብዕላማ ዝተመርኮሰ መንገዲ ምቅዳሕ እዩ ተኻይዱ። እቶም ቅዳሓት ናብ ፁሑፍ ተቐይሮም፡ ብዝርዝር ተገሊፆም፡ ኣብ መወዳእታ እቲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ድማ ከም መመላእታ ቀሪቦም።

## 3.7.2 ፅሑፋዊ መሕትት

ካልእ ነዚ መፅናዕቲ ዝተመርፀ መሳርሒ ምእካብ መረዳእታ፡ ፁሑፋዊ መሕትት ፁሑፍ እዩ።እቲ ፅሑፍ መሕተቲ እውን ኣብታ ዝተመረፀት ደረጃ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ፣ተምሃሮ፣ መተሓባበሪ ጨንፈር ማእከ ከምኡ እውን ቤት ፅሕፈት እቲ ቤት ትምህርቲ ይመልኡ። እቶም መሕተቲ ፁሑፋት ብመሰረት ፍሉይ ዕላማታት እቲ መፅናዕቲ ዝተዳለዉ እዮም።

እቲ ፁሑፋዊ መሕትት ሰለስተ ክፋላት ዘለዎ ኮይኑ፡ እቲ ቀዳማይ ብዛዕባ ድሕረ ባይታ መምህራን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይን ሳልሳይን ክፋላት ድማ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መምህራን ምስ ክፉት ሕቶታት ዝጥቀሙሉ ቦታ እዩ። እቲ ፅሑፍ መሕተቲ ኣብ ተመሳሳሊ መፅናዕትታት ኣብ ብቋንቋ ትግርኛ ዝተጠቐሙሉ ኣቀረርባ ወሲድካ ምስዚ መፅናዕቲ ብምትዕርራይ ዝተዳለወ እዩ። እቶም ናይ ፁሑፍ ቅጥዕታት መሕተቲ ኣብ ዝምልከቶም ፁሑፋት ወይ ክልሰ-ሓሳባት ተመርኲሶም ዝተዳለዉ ኮይኖም፡ ተዛማድነቶምን ትኽክለኛነቶምን ብኣማኸርቲ መፅናዕቲ ተረጋጊፆም፡ እቲ ዳታ ድማ ተኣኪቡ። ብመሰረት እዚ ዝተዳለወ መሕተቲ ፅሑፋት ንትሻዓተ መምህራን ተዓዲሉ እቲ መረዳእታ ተኣኪቡ

## 3.7.3 ቃለ መሕትት

ቃለ መሕትት ኣብ መንጎ ሓደ ተመራማሪን ተሳተፍትን ገጽ ንገጽ ዝግበር ዕላል እዩ። ብምሰረት Flick (2006)ን Dornyei (2006:86) ቶም ሕቶታት ቀረቦም ብ ቦያለው (2006፡86) ኣገባብ ኣቀራርባ ገይሮም ከኣ ተዳልዮም እዮም።

ስለዚ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሓበሬታ ዝሃቡ ሰባት ኣብ ዝተመረፀ ቤት ትምህርቲ ትግርኛ ዝምህሩ ኮይኖም ። 2 ደቂ ተባዕትዮ መምህራን፣ 7 ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ን40 ተምሃሮ ማለት 20 ተባዕትዮ 20 ኣንስትዮ ከምእውን ሐደ መተሓባበሪ ጨንፈር ማእከልን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ዘካተተ እዩ። እቶም መምህራንን ተምሀሮን ብዕላማዊ ናሙና ዝተመርፁ ኮይኖም ብቃለ መሕተቲ ሕቶታት ቀሪብሎም እዩ። ብቃለ መሕትት ዝተኣከበ መረዳእታ እውን ተተንቲኑ እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ልጋበ ቀሪቦም ኣለዉ።እዚ ዕላማ ዘለዎ ኣገባብ ናሙና ንምምራፅ ቀንዲ ምኽንያት ቁፅሪ መምህራን ውሑድን እኹልን ብምኳኑን ካብ ኩሎም መምህራን ዘተኣማምን ሓበሬታ ስለዝርከብን እዩ።

## 3.8 ኣገባብ ትንተና መረዳእታ

ብመሳርሒታት ምእካብ መረዳእታ ዝተኣከበ መረዳእታ መፅናዕቲ ሳይንሳዊ ብዝኾነ ኣገባብ ትንተና ተጠቒምካ እዩ ተተንቲኑ። ካብ ትዕዝብቲ ክፍሊ፣ ፁሑፍዊ መሕትትን ቃለ መሕትትን ዝተኣከበ መረዳእታ ብኣሃዛውን መረዳእታ ብምተርጒሙን መብርሂ ተዋሂብዎ እዩ። ብተወሳኺ ካብ ሓደ ኣገባብ ምእካብ መረዳእታን እቲ ካልእን ዝተረኸበ መልስታት ዘሎ ርክብ ደረጃ ብደረጃ ተተንቲኑ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ክፍልታት ቋንቋ ትግርኛ ናይቲ ዝተመርፀ ቤት ትምህርቲ ዝተኻየዱ ትዕዝብቲ ውፂኢቶም ብፁሑፋዊ መሕተቲን ቃለ-መጠይቓትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ክፋል 1.2 ዝቐረቡ ሕቶታት መፅናዕቲ መሰረት ብምግባር ተተንቲኑ። እቲ ትንታነ ብሰንጠረዥ ቀሪቡ ኣሎ፣ በቲ ዳታ ዝለዓሉ ሕቶታት፣ ብቑፅርን ብሚእታዊትን (%) ተኸፋፊሉ ኣሎ።

# ምዕራፍ 4

# ትንተናን ትርጉምን መረዳእታ

## 4.1 መእተዊ

ኣቐዲሙ ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ዕላማታት እቲ መፅናዕቲ ክወቅዑ ዝኽእሉ መሳርሕታት ምእካብ መረዳእታን ንምትንታን ዝጥቀሙሉ ሜላታትን ንምቕራብ ፈተነ ተገይሩ ነይሩ። ብተወሳኺ ንቑንዲ መፅናዕቲ ከም እታው ክውዕሉ ዝኽእሉ መሰረታዊ ጉዳያት ንምልላይ ብመሰረት ዲዛይን መፅናዕቲ ኣብ ክፍሊ ትዕዝብቲ፣ ፅሑፋዊ መሕተቲ ቅጥዕታትን ቃለ መሕትትን ተኻይዱ እዩ።ኣብዚ ክፍሊ ካብ ዝተረኸበ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ትንታነን ትርጉምን ውፅኢት እቲ ቀንዲ መፅናዕቲ ቀሪቡ እዩ። ስለዚ እቲ መፅናዕቲ ንምምላስ ዝተዳለወ መሰረታዊ ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝጥቀሙሉ ናይ ትምህርቲን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን እንታይ ከምዝመስሉ ንምምላስ።

2. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ክጥቀሙ እንከለዉ ዘጋጥሞም ዕንቅፋታት እንታይ እዮም? ንምልላይ፡

3. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሓገዛት መምሃሪ እንታይ ርድኢት ኣለዎም? ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሓገዛት መምሃሪ ዘለዎም ኣፍልጦ ብዝርዝር ንምምርማርን ንምስናድን፣

4. መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ንመምሃሪ ሓገዝቲ ንምጥቃም ዘለዎም ድልውነት ንምድህሳስ፣

5. ኣብ ኣተዓቃቅባ ናውቲ ትምህርቲ ዘሎ ኩነታት ንምፍታሽ

6. ምስ ቴክኖሎጂ ኣዋዲድካ ዝግበር ትምህርቲ ከመይ ከምዝመስል ንምርኣይ

እዞም ሕቶታት ንምምላስ፡ እቲ ኣብ ክፍሊ ዝግበር ትዕዝብቲ ብመሰረት እቲ ዝቀረበ ንድፊ ኣብ ሰለስተ ክፋላት ተኸፋፊሉ፡ ንሳቶም ድማ መምህራን ንመምሃሪ ናውትታት ዘለዎም ኣጠቃቅማ፡ መምህራን ንመምሃሪ ናውትታት ዝጥቀሙሉ ናይ ቋንቋ መምሃርን ከምኡ'ውን ንመምሃሪ ናውትታት ናይ ምጥቃም ብቅዓቶምን እዮ።

ኣብቲ ንታሽዓይ ክፍሊ መምህራንን፣መተሓባበሪ ጨንፈር ማእከልን ተምሃሮን 2 ግዘ ትዕዝብቲ ፣ 5 ቃለ-መጠይቓት ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ተኻይዶም። ብተወሳኺ፡ ብዕላማ ዝተመርፁ መርኣያ መምህራን 7 ክፉታትን ዕፁዋትን ናይ ፁሑፍ መሕተቲ ተዋሂቦም።ሓበሬታ ተኣኪቡ ዝተኣከበ መረዳእታ ብኸምዚ ዝስዕብ ተተንቲኑ ኣሎ ።

## 4.2.ድሕረ ባይታ ተፀናዕቲ

ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብዝምልከት ስልጠና ቅድመ ስራሕ መምህራን

መምህራን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንምጥቃም ዝዓግትዎም ነገራት ይሀልዉ እዮም። ካብኣቶም ድም ስልጠና ቅድሚ ስራሕ ይኹን ኣብ እዋን ስራሕ ዝረኸብዎ ስልጠና ምህላዉ ዘይ ምህላዉን ንምፍላጥ ንመምህራን ሕቶ ቀረቡ ነይሩ። ብመሰረት እዚ መምሀራን ስልጠና ዝምልከት ዝሃብዎ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

ሰደቓ 4.3.1

ስልጠና ቅድመ ስራሕ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣመልኪቶም መምህራን ዝህብዎ መረዳእታ

| መምህር | ፆታ | | ደረጃ ትምህርቲ | ዝሰልኖ ዓይነት ትምህርቲ | ዘበን ግልጋሎት | | | | | ሓገዝቲ.ናውቲት/ቲ ዝምልከት ስልጠና ቅድመ ስራሕ ወሲዶም ዶ/ ደንዶ | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ኣን | ተባ | | | ሰርቲፊኬት | ዲፕሎማ | ዲግሪ | 2ይ ዲግ | ድምር | እወ | አይፋል |
| 1 | 1 | | 2ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | - | 07 | 02 | 09 | - | |
| 2 | | 2 | 2ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 11 | 02 | 3 | 16 | - | |

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 3 | 3 | | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 20 | 08 | - | 28 | - | |
| 4 | | 4 | 1ይ ዲግሪት | ትግርኛ | -- | - | 11 | - | 11 | - | |
| 5 | | 5 | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 11 | 09 | - | 20 | - | |
| 6 | 6 | | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 12 | 08 | - | 20 | - | |
| 7 | 7 | | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 18 | 14 | - | 32 | - | |
| 8 | | 1 | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 13 | 06 | -- | 19 | - | |
| 9 | 3 | | 1ይ ዲግሪ | ትግርኛ | -- | 17 | 09 | - | 26 | - | |

ልዕል ክብል ዝቐረበ ሰደቓ ዘመላኽቶ 9 ተፀናዕቲ መምህራን ቀዳማይ ዲግሪ ምሩቓት ኮይኖም ክልተ ኻኣ ካልኣይ ዲግሪ እዮም ብዋናነት ዝሰልጠኑሉ ዓይነት ትምህርቲ ድማ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። ሓገዝቲ ናውቲ- ትምህርቲ ዝምልከት ስልጠና ቅድመ ስራሕ ከም ዘይወሰዱ ድማ ይሕብር። መምህራን ቅድመ ስራሕ ይኹን ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ስልጠና እንተዘይረኺቦም ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዓርሱ ዝኸኣለ ፅዕንቶ ከም ዝፈጥር Aggarwal (1996፥ 159-161) ገሊፁ። ብምኽንያት እዚ ተፀናዕቲ መምህራን ስልጠና ቅድመ ስራሕ ዘይወሰዱ ምዃኖም ዘቕረብሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እውን እንተኾነ ብዝግባእ ክጥቀሙሎም ከምዘይከኣሉ ምግንዛብ ይከኣል። መምህራን ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝምልከት ስልጠና ክረኽቡ ይግባእ። ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝምልከት ኣብ ስራሕ እናሃለዉ/ዋ ስልጠና ረኺቦም/ቦን ዶ? ዝብል ኣብ ቃለ መሕትት ሕቶ ቑፅሪ 8 ተሓቲቶም ኩሎም ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ስልጠና ከምዘይ ረኸቡ ገሊፆም። ብፅሑፋዊ መሕትት ዝተረኸበ መረዳእታ እውን ነዚ ዘጠናኽር ኮይኑ ተረኺቡ። ነዚ ዝምልከት Aggarwal (1996፣161) መምህራን ኣብ ስራሕ እና ሃለዉ ስልጠና ምሃብ ምስ እዋናዊ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክላለዩ ይሕግዝ። ይኹን እምበር ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ስልጠና ብዘይ ምርካቦም መምሃሪ ሓገዝ ክጥቀሙ ከም ዘይከኣሉ እቲ ከይዲ ትዕዝብቲ የመላኽት።

## 4.3. ትንተና መረዳእታ

### 4.3.1 ውፅኢት ኣጠቓቕማ መምህራን ናውትታት ትምህርቲ

መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ድሌት ተምሃሮ ብዘማልእ መንገዲ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ብቐጥታ ዝተኣሳሰሩ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ይጥቀሙ ድዮም ኣይጥቀሙን ንምፍላጥ ውሱን ቁፅሪ ትዕዝብቲ ክፍሊ ጥራይ እኹል እዩ ምባል ውሑስ ኣይኮነን። ከምቲ Day /1990፡42/

ኣብ ሓደ ዓመት ወይ መንፈቅ ካብ ዝወሃቡ ትምህርቲ እንተወሓደ 30% ክኸበር ከምዘለዎ ይገልፅ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ፃዕቂ ስራሕን በዝሒ ተምሃሮን ኣብ ክፍሊ ትዕዝብቲ ዝሓሸ ኣማራፂ እኳ እንተኾነ እኹል ትዕዝብቲ ክፍሊ ግን ክካየድ ኣይከኣለን። ስለዚ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ዕላማ ዝገበሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ንትሻዓተ ክፍልታት እናመሃሩ እንከለዉ ንነፍሲ ወከፎም ንኽልተ ክፍለ ግዜ ምዕዛብ ተካኢሉ። ብተወሳኺ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ ተኣማንነቱ ንምርግጋፅ ኣብቲ መንፈቅ ዓመት ዝተጠቕሱ ናውትታት ምምሃር ምስ መዓልታዊ

ትልሚ ትምህርቲ ዝሰማምዑ ድዮም ኣይሰማምዑን ኣብ ዓመታዊ ትልሚ ትምህርቲ ብምርኣይ ክምርምሩ ፈቲኖም። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልፀ ብሓፈሻ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ክፍሊ 18 ክፍለ ግዘ ተዓዚብና ኢና።ከምኡ እውን ኣብ ጠንፈር ማእከል ብምርካብ 2 ግዜ ምዐዛብ ተኻኤሉ እዩ፡፡ ብድምር ዕስራ ግዜ ተኻይዱ። ካብዚ ብምብጋስ መምህራን ኣብ መንጎ እቶም ዕስራ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ክንደይ ግዜ ነቲ መምሃሪ መሳርሒታት ተጠቒሞም ዝብል ሕቶ? ኣብዚ ዝስዕብ ሰሌዳ ቀሪቡ ኣሎ፤

**4.3.2. ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ**
**ሰደቓ መምህሪ ናውቲ ትጥቀሙ ዶ**

| ወሃብቲ ሓበሬታ | መምሀሪ ናውቲ ትጥቀሙ ዶ | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ብመጠን | | | | ብግዘ | | | | | |
| | እወ | % | አይፋል | % | መዓልታዊ | % | ሰሙናዊ | % | ከም ኣደላይነቱ | % |
| መምህር | 8 | 88.88 | 1 | 11.11 | | | | | 9 | 100 |
| ተምሃሮ | 30 | 75 | 10 | 25 | | | | | 40 | 100 |

ከም ዝረአ ብመንፅር ብዝሒ መምህራን ኣብዚ ብርኪ ክፍሊ ዝጥቀምሉ ናውቲ መምሃሪ 8 (88.8%) ክጥቀሙ እንከለዉ 1 (11.11%) ድማ እኹል መጠን ክጥቀሙ ዘይካሉ እዮም ። ከምቲ ኣብዚ ሰሌዳ ቁፅሪ 4.2 ዝተርኣየን ብትዕዝብትን ቃለ መሕትትን ዝተረኸበ ሓበሬታ መሰረት መምህራን ኣብ ክፍሊ ዝጥቀምሎም መምሃሪ ሓገዝቲ ትሑት ፅሬትን በዝሕን ዘለዎም ምዃኖም ምርዳእ ይከኣል። ብፍላይ ኣብ ድሕሪት ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ንዝርከቡ ተማሃሮ፡ ንእሽቶ ስፍሓትን ዘይርኣን ናይቶም መምሃሪ መሳርሒታት፡ ነቲ ብመምሃሪ መሳርሒታት ኣቢሉ ክመሓላለፍ ዝተሓሰበ መልእኽቲ ክጥምዝዞ ይኽእል። ዘይምጥቃሞም እውን ነቲ ትምህርቲ ክውንነታዊ፣ ሰሓብን ኣድማዕነቱን ክደብዝዞ ይኽእል እዩ ይኽእል።

## 4.3.3. ግንዛበ መምህራን አብ አጠቃቅማ ናውተ ትምህርቲ

ሰደቓ :- ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትም/ቲ እኹል ግንዛበ ኣለኒ ዶ ትብል/ሊ?

| ወሃብቲሓበሬታ | ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትም/ቲ እኹል ግንዛበ ኣለኒ ዶ ትብል/ሊ? | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | እኹል ግንዛበ የብለይን | | ውሱን ግንዛበ ኣለኒ | | እኹል ግንዛበ ኣለኒ | |
| | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ |
| መምህራን | 7 | 77.7 | 2 | 22.2 | -- | -- |

ኣብዚ ሰሌዳ ቁፅሪ 4.3.3 ከም ዝተርኣየ ኣብዚ ዕላማ ዝተገበረ ቤት ትምህርቲ መምህራን ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ናውቲ ትምህርቲ 7 መምህራን (77.7%) እኹል ግንዛበ የብልናን፣ ክልተ (22.2%) ውሱን ኣለና ኣለና ይብሉ ካብዚ ኣብ

ሰደቃ ዝተቀመጠ ሓ በሬታ ናውቲ  መምሃሪ እቶም ክልተ ጥራሕ ብውሱን ግንዛበ  ብቕዓት ኣለና እኳ እንተበሉ ኣጠቓቕምኦም ምሉእ ብምሉእ ውፅኢታዊ እዩ ምባል ግን ውሑስ ኣይኮነን።

እዚ እውን ኣብ ምዕራፍ ክልተ ተገሊፁ ኣሎ፡ መምህራን ኣብ ምጥቃም ናውቲታት ትምህርቲ ዘይብቕዓት ብሰንኪ ሕጽረት ዓቕሚ ወይ ዘይምግዳስ መምህር፣ ስእነት ስልጠና፣ ከምኡ'ውን ናውቲታት ትምህርቲ ብዝግባእ ኣገባብ ምምራፅ ዘይምኽኣል ክኸውን ይኽእል። ትምህርታዊ ናውቲታት ተጠቒምካ ምምሃር ጥዑይ ናይ ክፍሊ ምትእስሳር ከም ዝፈጥር ኣብ ምዕራፍ ክልተ ተገሊፁ ኣሎ። ናውቲታት ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ብምንቕቓሕ ብንጥፈት ንኽሳተፉ ዘለዎም ሓይሊ ይውስኹ። ሓቅነት ናይቲ ዝቐረበ ትምህርቲ ስለ ዘዕብዩ፡ ንዕውትነት መስርሕ ትምህርቲ-ምምሃር ጠቓሚ ዝኾነ ጥዑይ ናይ ክፍሊ ምትእስሳር ይፈጥሩ።

## 4.3.4. ትሕዝቶ ቴክኖለጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ሰደቓ ሸውዓተ:- ቤት ትምህርቶም/ተን/ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ንምጥቃም ምችውነት ኣለዎ ዶ?

| ወሃብቲሓበሬታ | ቤት ትምህርቶም/ተን/ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ንምጥቃም ምችውነት ኣለዎ ዶ? | | |
|---|---|---|---|
| | እወ | ኣይፋል | ኣይፈለጥኩን |
| መምህራን | 7(77.8%) | 2(22.8%) | |
| ጨንፈር ማእከል | 2(100%) | | |
| ተምሃሮ | 40(100%) | | |

ቤት ትምህርቶም/ተን/ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ንምጥቃም ምችውነት ኣለዎ ዶ? ንዝብል ሕቶ

መምህራን ሸውዓተ(77.8%) ፣ ጨንፈር መእከል(100%) ፣ ተምሃሮ40(100%) እወ እንትብሉ ክልተ መምህራን (2 2.8%) ድማ ኣይፋል ከም ዝብሉ ብተወሳኺ ኣብ ዘምህሩሉ/ራሉ/ ቤት ትምህርቲ ንትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ግልጋሎ ት ዝውዕሉ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣለውዶ? ዝብል ቃለ መሕትት ቀሪብሎም መልሲ ተፀ ነዕቲ ኣይፋል እዩ ምክንያቶም እንትገልፁ ቅድሚ ኩናት ውስንት ቴብን ኮንፒተረትን ዝነበራ እንትኾን እዚኣተን እውንተ ኾ ሳኣን ኣፍልጦ ኣይንጥቀመለንን ነይርና ሐዚ ኻኣሞ ጠቕሊሉ የለን ይብሉ።  Aggarwal (1996+ 161) ንምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፀገም ካብ ዝፈጥሩ ነገራት ሓደ ዝርገሐ መብራህቲ ዘይምህላው፣በብእዋኑ ንመምህረንን መተሓባበርቲ ጨንፈር ማእከልን ስልጠናን ዓቕሚ መዕበይ ተሞክሮታት ዘይምሃበ፣ ግዜ ዝጠልቦ ውፂኢት ቴክኖሎጂ ዘይምትእትታው  ንግቡእ ኣጠቃቅማ ውፂኢት ቴክኖሎጂ ዝፅልዉ ዮም  ምባሉ ይዝከር። በቶም ምችውነት የብሉን ዝበሉ ወሃብቲ ሓበሬታ እውን እቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ፀገም ክኸውን ከም ዝኽእል እቲ ዝተገበረ መፅናዕቲ የመላኽት።

ኣጣቃቅማ ናውቲ ትምህርቲ (TLMs) ምስ ቴክኖሎጂ እተተደሚሩ መስተጋብራዊ ተበፃሕን ተዓፃፃፍን ናይትምህርቲ ተ መክሮታት ብምቕራብ ኣድማዕነት ትምህርቲ ክህሉ ይገብር ፣ ንባህላዊ ንዋት ናብ ዲጅታላዊ ቅርፂታት ከም ኢ-መፃሓፍቲ፣ቨርችዋል ቤተ ፈተነታት፣ምምስሳልን መስትጋብራዊ ሞዴላትን ይቅይሮ፣እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ቅድታት

ትምህርቲ ዘማልእን ተሳትፎ ተምሃሮን ነቀፊታዊ ኣታሓሳስባን ዘተባብዕን እዩ ኣፍልጦ ኣጣቃቅማ ቴክኖሎጂ ዘይብሎም መምህራን ዘጋጥሙ ብድሆታት ም ንኣስ ፍርያት ቴክኖሎጂ ምህላወ ትሑት ትሕተቅርፂን ብቁዕ ባዓል ሞያጨንፈር

ማእከልን ስልጠናን መምህራን ይርከብዎም።ብኣንፃሩ ካ ዝላዓለ ናይ ቴክኖሎጂ ስነ-ምምሃር ትሕዝቶ ፍልጠት ዘለዎም መምህራን ብቴክኖሎጂ ዝማዕበሉ መምሃሪ ናውቲ ንምጥቃምን ንምትግባርን ዝሓሸ ዓቅሚ ኣለዎም ።ብተወሳኺ ቴክኖሎጂ ኣብ መስፋሕ ዓቅሚን ምትሕብባር ተሞክሮን ቴክኖሎጅን ትምህርትን ዝተፈላለየ ፍርያት ፍልጠትን ንምፍራይ ክሕግዝ ይኽእል ከምኡ እውን ኣገልጉሎታትን ተምሃሮ ኣብ ስራሕ ቦታ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ይኽእሉ እዚ ድማ ተምሃሮ ኣብ ትምህርታዊ መደባት ዝተፈላለየ ስልጠና ግብራዊ ተመክሮን ብምሃብ ሓለፋ ክምዝረኽቡ እዩ።እዚ ፀጋታት እዚ ከመይ ክም ዝትግበረ ምስ ርእሰ መምህራንን ምክትል ርእሰ መምህራን ንመተሓባበሪ ጨንፈር ማእከል ከምኡውን ክፍሊትምህርቲ ቋንቋ መተሓባበሪ እብ ዝተገበረ ቃለ መሕትት ቤት ትምህርቶም/ተን/ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ንምጥቃም

ምስ ተወልድቲ ምስ ገበርቲ ሰናይ ብምትሕብባር ናይ ኢንቴርኔት ግልጋሎት፣ኮንፒተራት፣ውፂኢት ቴክኖለጂ ዝኽኑ ናው ቲ ትምህርቲ መሊስና ንምጥቃም ፈተነታት ነካይድ አለና ኢሎም ።

## 4.3.5 ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን

ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን ብዝምልከት ጭቡጥ መረዳእታ ንምርካብ ኣብ ክፍሊ ተረኺብካ ካብ ምዕዛብ ዝበለፀ ኣማራፂ ብዘይምህላዉ ኣብዚ ተፀናኢ ክፍሊ ዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ እንትምህሩ ኣብ ክፍሊ ተረኺቡ ንሕድሕዶም ከክልተ ክፍለ ግዘ ንምዕዛብ ክኢሉ እዩ።

## 4.3.6 መምህራንቋንቋ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ብቅዓት

| ትዕዝብቲ ዝተገበረሉ ደረጃ ክፍሊ | መምህራንቋንቋ ኣብ ኣጠቓቕማ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ብቅዓት | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ብሉፅ | ብጣዕሚ ብሉፅ | ድኹም | |
| 9ይ | 2 (15%) | 3 (35%) | 4 (50%) | |

ኣብ ሰደቓ ዝተርኣየ ኣብዚ ዕላማ ዝተገበረ ቤት ትምህርቲ መምህራን ታሽዓይ ክፍሊ ካብ ዝጥቀምሉ 9 መምሃሪ ሓገዝቲ ብብሉፅ፣ ብጣዕሚ ብሉፅ፣ 4 (50%) ድማ ድኹም ብቕዓት ተጠቂሞም እዮም። ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ መምህራን ካብ ዝጥቀምሉ ትሽዓተ ሓገዛት መምሃሪ እቶም ሰለስተ ጥራሕ ብ“ብሉፅ” ብቕዓት ዝተጠቐሙ እኳ እንተኾኑ ኣጠቓቕምኦም ምሉእ ብምሉእ ውፅኢታዊ እዩ ምባል ግን ውሑስ ኣይኮነን።

ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒሞም እንትምህሩ ዕላማታት ትምህርቲ ሸቶኦም ክወቕዑ ክእለት ብቅዓት ኣጠቓቕማ እቲ መምህር ይሓትት።ይኹን እምበር ኣብ እዋን ትዕዝብቲ መምህራን ኣብ ኣጠቓቕማሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝነበሮም ብቕዓት በቲ ዝድለ ከም ዘይነበረ እቲ ከይዲ ትዕዝብቲ የመላኸት።

Aggarwal (1996 159-161) ብቅዓት ኣጠቃቅማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን ክትሕት ዝኽእል ክእለት ምንኣስን ግዱስ ዘይምኳንን ከም ዝኾነ ይገልፅ። ስለዚ ብመሰረት እቲ ሙሁር ዝገለፆ ሓሳብ ኣብቶም ወሃብቲ ሓበሬታ ዝተራእየ ትሑት ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ትምህርቲ ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ምኽንያታት ክኾውን ይኽእል እዩ። ብቕዓት ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝዕቀን እቲ መምህር ዝቐርፆ ዕላማ ትምህርቲ፣ ባህሪ እቲ ትሕዝቶ ትምህርትን ዝመርፆ ሜላ ኣመሃህራን እዩ Clark and Irbing(1996፣63)። ስለዚ ተፀናዕቲ መምህራን ምስቲ ዘምህርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝኸዱ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ምጥቃም ፀገም ምንባሩ ምግንዛብ ይከኣል። ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምካ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስላጥ ኣብ ኣእምሮ ተምሃሮ ሓዱሽ ክእለትን ፍልጠትን ንክቕረፅን ኣብ ተደላዪ ግዘን ቦታን ንክግልገሉሉን ዘኽእል ዓቕሚ ምፍጣር እዩ። ምኽንያቱ እቶም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ተግባራትን ልምድታትን ብምቕራብ፣ ድሌት ተምሃሮ ብምልዕዓልን ኣቓልቦኦም ብምስሓብን ናብቲ ዝድለ ሸቶ ንኽምርሑ ፅቡቕ ተሳትፎ ንኸርእዩ ስለ ዘኽእሎም እዩ። እዚ ከዓ መምህራን ብዝግልገሉሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ከም ዝውሰን ኣብ ምዕራፍክልተHeinich et. al. (1996፣22) ይሕብር።

ካብዚ ሓሳብ ብምብጋስ መምህራን ዝጥቀሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ተሳትፎ ውሽጢ ክፍሊ ከመይ ከም ዝነበረ ንምዕዛብ ተፈቲኑ ኣሎ።

ብቅዓት ሓግዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ብምጥቃም መምህራን ንተምሃሮኦም ከምህሩ ከለዉ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዘ ርኣይዎ ተሳትፎ ኣዝዩ ፅቡቕ እንትኸውን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብዘይ ተጠቐምሉ ግዘ

## 4.3.7 ግቡእነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ኣብ ዘምህሩሎም ክፍልታት ዝተጠቐሙዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣብቲ ዕለት ክወሃብ ዝተደለየ ትሕዝቶ ትምህርቲ ግልፅን ጭቡጥን ካብ ምግባር መንፅር ክንደየናይ ዝኣክል ግቡእነት ከም ዘለዎም ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ንምርኣይ ተፈቲኑ እዩ። 6(66.7%) መምህራን ግቡእነት ዘለዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒሞም ዘምሃሩ ምኳኖም እንተመላኸት ብኣንፃሩ ድማ 3(33.3 %) ግቡእነት ዘይብሉ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን ምንባሩ ንምዕዘብ ተኻኢሉ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፀገም ከጋጥም ዝኽእል መምህራን ግዱሳት ዘይምኳንን ግንዛብ ዘይምህላው፣ ምንኣሰ ኣቅርቦትን ግዘን ምኽንያት ከም ዝኸውን ክልስ ሓሳባት Aggarwal (1996) 159-169) ስለ ዘረጋግፅዎ እዩ።ስለዚ ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን እቶም ሒዞምዎም ዝኣተዉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብውሱን መልክዑ ኣብቲ ክቐርበሉ ዝግባእ እዋን ዘይምቅራብ ምንኣስ ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን ናውቲ ትምህርትን ምህላዉ ኣብ ከይዲ ትዕዝብቲ ንምርግጋፅ ኪኢሉ እዩ።

## 4.3.8 ዝምድና ዕለታዊ ትምህርቲትን ንውት ትምህርትን

| ትዕዝብቲ ዝተገበረሉ ደረጃ | እቶም ናውትታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ከለዉ ኣብ ክፍሊ ዝነበር ዝምድናሙ |
|---|---|
| | |

| ክፍሊ | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ኣዝዩ ፅቡቕ | | ብጣዕሚ ፅቡቅ | | ፅቡቅ | | ድኹም | |
| | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % |
| ተምሃሮ | | | | | 12 | 30 | 28 | 70 |
| መምህር | | | | | 2 | 22.22 | 7 | 77 |

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰሌዳ ቁፅሪ 5 ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ንምምሃር ካብ ዝተጠቀምሎም ዓሰርተ ሸሞንተ መምሃሪ ናውትታት ዝተጠቀሙ ኮይኖም 8 (22.86 %)ፅቡቅ 20 (57.14%) "ትሑት" ብመምህራ ዝተረኸበ እንትኾን፣ ብወገን ተምሃሮ ድማ 12(30%) ፅቡቅ፣ 28(70%) ትሑት ምትእስሳር ፈጢሮም እዮም። ምኽንያት ናይቲ "ትሑት" ምትእስሳር፡ ከምቲ ኣብ ምዕራፍ ዝተገልፀ፡ ናውቲ ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ስለዘለዎም፡ ተማሃሮ ነቲ ዕላማ ትምህርቲ ብጭቡጥ ክርእዩ፡ ዕዉታት ክኾኑ፡ ተገዳስነት ትምህርቲ ከነቓቕሑ፡ ክውንነት ኣምር ክርድኡ፡ ፈጠራ ከዕብዩን ተመኩሮ ከስፍሑን ይሕግዙ። ይኹን እምበር ተምሃሮ ብዘይካ ብንጡፍ ኣእምሮኦም ምዕዛብ ነቲ ቋንቋ ናይ ምጥቃም ዓቕሚ ስለዘይብሎም ፅቡቕ ምትእስሳር ኣይተራእየን። ኣብ ዝተገበረ ትዕዝብትን ቃለ መሕትትን እውን ተመሳሳሊ ኩነታት እዩ ተረእዩ። ካብቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ፡ ካብ ክልቲኦም ወሃብቲ ሓበሬታ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ዝጥቀሙሉ ትምህርታዊ ናውትታት፡ "ብሉፅ" ምትእስሳርን ን ዕውት ምጥቃም ናውትን ዝግበር ምትእስሳር ከምዘይነበረ ምርኣይ ተኻኢሉ። እቶም ዝተጠቕሙሎም ናወተታት ኣብ መንጎ ተማሃሮ "ብሉፅ" ተማሃራይን ተማሃራይን ምትእስሳር ኣይፈጠሩን። ተምሃሮ ነቲ ቋንቋ ምትእስሳር ብዘርኢ መንገዲ ክጥቀሙሉ እኳ እንተኽኣሉ ኣብ መንጎ ተምሃሮ ግን ዝኾነ ምትእስሳር ከምዘይነበረ ተረዲኡ።

እዚ እውን ኣብ ምዕራፍ ክልተ ትምህርታዊ ናውቲ ብግቡእ ምጥቃም ካብ ዘለዎ ረብሓታት ጥዑይ ናይ ክፍሊ ምትእስሳር ምትብባዕ ምዃኑ ዘመልክት ኮይኑ፡ ብመንፅር እቲ ዝተገልፀ ሓሳብ ግን ክፍተት ከምዘሎ ምርዳእ እውን ተኻኢሉ።

## 4.4.መምህራን ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ናይ ምጥቃም ልምዲ

ምጥቃም ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቀልጢፎም ክርስዑ ዝኽእሉ ኣተሓሳስባታት፣ ምንቅስቓስ ነገራት፣ ክብደት፣ ጣዕምን ሕብርን ብጭቡጥ ክርድእዎ ኣብ ምግባር ዓብዪ ረብሓ ከም ዘለዎም Quist (2000፥ 104)ገሊፁ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ዓመታዊ ትልሚ ትምህርቲ 2017 ዓ.ም. ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ትልሚ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 9ይ ክፍሊ ብምውሳድ ብመሰረት እቲ ርእሲ ንምርኣይ ተፈቲኑ እዩ።

## 4.4.1.ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር

ሰደቓ :- ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንምግባር ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ግደ ክንደይ ዝኣክል እዩ ይብሉ/ላ?

| ወሃብቲ ሓበሬታ | ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንምግባር ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዎም ግደ ክንደየናይ ዝኣክል እዩ? | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ምንም ግደ የብሎምን | | ኣዝዩ ልዑል | | ልዑል | | ኣዝዩትሑት | | ትሑት | |
| | ብቁፅሪ | % | ብቁፅሪ | % | ብቁፅሪ | % | ብቁፅሪ | % | ብቁፅሪ | % |
| መምህራን | | | 6 | 66.6 | 1 | 11.1 | | | 2 | 22.2 |
| ተምሃሮ | | | 9 | 22.5 | 25 | 62.5 | 1 | 2.5 | 5 | 12.5 |

ካብ ሰደቓ ሓደን ከብ ዝተገበረ ቃለ መሕትትን ምርዳእ ከም ዝካኣል ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንምግባር ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክንደይ ዝኣክል እዩ ዝብል ሕቶ እንትምልሱ ክልተ (22.2%) መምህራንን ሓሙሽተ (12.5%) ተምሃሮ ትሑት እዩ ዝበሉ እንትኾን፣ ሽዱሽተ (66.6%) መምህራንን ትሽዓተ (22.5%) ተምሃሮ ኣዝዩ ልዑል ፣ሓደ(11.1%)መምህራንን 25 (62.5%) ተምሃሮ ልዑል ዝብል እዩ። በሓፈሻ 41(83.8%) ካብ ተፀናዕቲ ማለት እውን ሸውዓተ መምህራንን 34ተምሃሮን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ውፅኢታዊነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ግደ ኣወንታዊ እዩ ዝብል እምነቶም ዝገለፁ እንትኾኑ ብኣንፃሩ ሸሞንተ (16.33%) ማለት እውን ክልተ መምህራንን ሽዱሽተ ተምሃሮን ድማ ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ትሑት ኢሎም ይገልፁ።ብተወሳኺ መምህራን ዝተጠቐሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እቲ ዕለታዊ ትምህርቲ ውፂታዊ ኣብ ምግባር ዝነበሮም ግደ ዝምልከት 3 (50%) ነቲ ዕለታዊ ትምህርቲ ውፅኢታዊ ኣብ ምግባር በቲ ዝድለ ደረጃ ከምዘይኮነ 2 (33.3 %) ከም ማእኸላይ 1(16.7 %) ድማ ፅቡቕ ከምዝነበረ ንምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ። qulits(200፣104) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፅንስ ሓሳባት ግልፂ ኣብ ምግባር ወሳናይ ግደ ከም ዘለዎም ገሊፁ ምንባሩ ይዝከር። ካብዚ መረዳእታ ብምብጋስ ኣብ ሓፈሻዊ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስውኣት ዝርከቡ መምህራን ቋንቋ ትግርኛን ተምሃሮ 9ይ ክፍሊን ኣብ ግደ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ውፅኢታዊነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣወንታዊ ግደ ዝፃወት ምካኑ እኩል ርድኢት ዘለዎም እኳእንተኾነ ቁፅሮም ዘይናዓቅ መምህራንን ተምሃሮን ሕፅረት ግንዛብ ከም ዘለዎም እቲ መፅናዕቲ ይሕብር። Aggarwal (1996 158-160) ውፅኢታውነት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረጋገፅ ዕላማታት ትምህርቲ ዝተሃቀነሎም ሸቶ እንትወቕዑን ንዝተፈላለዩ ድሌት ምምሃር ተምሃሮ ምቹዋትን እንትኾኑን እዮም። ብመንፅር እዚ መምህራን ዝተጠቐሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ነቲ ዕለታዊ ትምህርቲ ውፅኢታዊ ኣብምግባር ኣብዝሓ ኣብ ትሑት ደረጃ ከም ዝርከቡ ምርዳእ ይከኣል።ምኽንያቱ እቶም ዝተጠቐሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረኣዩ ጥራሕ ብምንባሮም ዝተፈላለየ ድሌት ምምሃር ዘለዎም ተምሃሮ ተጠቀምቲ ዘይገብሩ ከም ዝነበሩ እቲ ከይዲ ትዕዝብቲ

የመላኽት።

### 4.4.2.ዓይነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ኣብ እዋን ምምሃር ምስትምሃር መምህራን ካብ ዝተጠቐሙዎም ሰለስተ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ሓደ ናውቲ ብኣካል እንትኾን እዚ ድማ ርእሲ እቲ ትምህርቲ "ስነ-ቓል" ዝብል ስለ ዝነበረ ተምሃሮ ዝኣከብዎም ስነ-ቓላት ብክወና ከቕርብዎ ብምግባሮም ከም ናውቲ ብኣካል ዝተሓሰበ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ዝተረፉ ክልተ መምህራን ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒሞም ክምህሩ እናተግበአ ናይ ምጥቃም ልምድን ተበግሶን ዝተሓተ ከምዝኾነ ንምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ።

ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ናይ ተፀናዓይ ቤት ትምህርቲ ዓመታዊ ትልሚ ትምህርቲ ብምውሳድ ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምሕባሮምን ዘይምሕባሮምን ተፈቲሹ እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምሕጋዝ ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ብዓይነት ተመቓቒሎም ምቕራቦም ንምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ።

Aggarwal (1996 ፣157) Wright (19894) Bowen (1982፣ 6) ዝተሓበረ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ክፍሊ ከይዲ ምምሃርም ስትምሃር ቋንቋ ግልፂ፣ ቀሊልን ጭቡጥን ጌርካ ንምቕራብ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም። መምህራን ካብቶም ዓይነታት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረኣዩ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምካ ምምሃር ይደልዩን የዘውትሩን። ብፍላይ ቻርት፣ ስእልን ፍላሽ ካርድን ዝኣመሰሉ መምህራን ቋንቋ ዝጥቀሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እዮም።

ካብ ዝቐረበ ሓበሬታ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ውሽጢ ክፍሊ ኣብ ግልጋሎት ካብ ዝወዓሉ ሰለስተ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ፣ እቶም ክልተ ዝረኣዩ እዮም። ብተመሳሳሊ መልክዕ ኣብዚ ተፀናዒ ቤት ትምህርቲ ናይ መፋርቕ ትልሚ ትምህርቲ ዝተገበረ ዳህሳስ ናይ 9ይ ክፍሊ ሓገዝቲናውቲ ትምህርቲ ተባሂሎም ካብ ዝተጠቐሱ ዓሰርተ ብሙልኦም ዝረኣዩ ከም ዝኾኑ እቲ መረዳእታ የመላኽት። ዝድመፁ፣ ዝድመፁን ዝርእዩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምጥቃም ትሕዝቶ ትምህርቲ ካብ ዘይፍለጥ ናብ ዝፍለጥ ብተግባር እናተመረሐ ክከይድን ምምሃር ድሌት ተምሃሮ መሰረት ዝገበረ ኣቀባብላ ትምህርቲ ክህሉን ይገብሩ። ብተወሳኺ ፅቡቕ ተላትፎ ዘለዎ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ከም ዘኽእሉ Aggarwal (1996153) የፍልጥ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ከተማ ፍረወይኒ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ክፍለ ጊዜ ቋንቋ ትግርኛ ብዝተግበረ ትዕዝብቲ ውሽጢ ክፍሊ ኮነ መምህራን ዘዳለዉዎ ናይ 2017 ዓ.ም ትልሚ ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ዝድመፁ ኮነ ዝድመፁን ዝረኣዩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣይተሓበሩን፤ መምህራን እውን እንትጥቀሙ ኣይተርኣየን።

### 4.4.3.መምህራን ውፅኢት ሕትመት ናይ ምጥቃም ልምዲ

ውፅኢት ሕትመት እንትበሃል ዝተፈላለዩ ንትምህርቲ ቋንቋ መሳለጢ ዘገልግሉ ተወሰኽቲ መፃሕፍቲ፣ ፖስተራት፣ ጋዜጣታት፣ መፅሄታትን ካብ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ተቖንጢሮም ዝተወሰዱ ሓሳባትን በረርቲ ፅሑፋትን የጠቓልል።

ብመሰረት እዚ ኣብ ከተማ ፍረወይኒ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ውፅኢት ሕትመት ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘይተጠቐሙ 7 (75 %) እንትኾኑ 2 (25 %) ውፅኢት ሕትመት እንትጥቀሙ ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ተራእዩ እዩ። ርእሲ እቲ ዕለት "ኣቀማምጣ ቀንዲ ሙሉእ ሓሳብ" ዝብል ስለ ዝነበረ መምህራን ንኣብ ዓንቀፅ ከመይ ቅርፂ ይሕዝ ስእሊ ዘርኢ ፖስተር ብምስቃል እቲ ምስሊ ዘመሓላልፎ ዘሎ መልእኽቲ ክዛረቡ ገይሮም እዮም። ስለዚ መምህራን ውፅኢት ሕትመትናይ ምጥቃም ልምዶም ትሑት ምዃኑ እቲ ከይዲ ትዕዝብቲ የመላኽት።

## 4.4.4.ስልጠና አፈፃፅማን ብዛዕባ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ሰደቃ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝምልከት ኣብ ስራሕ እናሃለዉ/ዋ ክንደይ ግዘ ስልጠና ረኺቦም/በን?

| ወሃብቲ ሓበሬታ | ስልጠና ብዛዕባ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ምንም ኣይረኸ ብኩን | | ሓደ ግዘ | | ልዕሊ ሓደ ግዘ | |
| | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ |
| መምህራን | 9 | 100% | | -- | -- | -- |

ካብዚ ሰደቃ ምርደእ ዝካኣል ኩሎም ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ታሽዓይ ክፍሊ 100% ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ከምዘይረኸቡ እዩ። ምስ ርእሰ መምህራንን ምክትል ርእሰ መምህራን ንመራሒ ጨንፈር ማእከል ከም ኡውን ክፍሊትምህርቲ ቋንቋ መተሓባበሪ እብ ዝተገበረ ቃለ መሕትት ድማ ንመምህራን ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ብዛዕባ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ስልጠና ከምዘይ ተውሃቡን ምክንያቱ ድማ ሕፅረት በጀትን ትኩረት ምንአስን ምካኑ ገለፂም አለው ።

Aggrawal(1996:159-16) መምህራን ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ስልጠናታት ክረኽቡ ምግባር እዋናዊ ኣጠቃቅማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክላለዩ ይሕግዝን ናብ ስራሕ ቅድሚ ምእታዎም ዘይፈልጥዎ ክእለትን ፍልጠትን ንአጠቃቅማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክዕብዩ ይገብም።

ይኹን እምበር ኣብ ሓፈሻዊ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስውኣት ዝርከቡ መምህራን ኣብ ስራሕ እናሃለዉ ስልጠና ብዘይምርካቦም ኣብ ኣጠቃቅማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ውስንነት ከጋጥም ከምዝኽእል እቲ መፅናዕቲ የረጋግፅ።

ሰደቓ ኣብ መምዘኒ(ውፅኢት ተኮር) መምህራን ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝብል ነጥቢ ምክታቱ

ዝምልከት

| ወሃብቲ ሓበሬታ | ኣብ መምዘኒ(ውፅኢት ተኮር) መምህራን ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝብል ነጥቢ ምክታቱ | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ግቡእ እዩ | | ብዝተወሰነ ደረጃ ግቡእነት ኣለዎ | | ግቡእነት የብሉን | |
| | ብቁፅሪ | ብሚእታዊ | ብቁፅሪ | ብሚእታዊ | ብቁፅሪ | ብሚእታዊ |
| መምህራን | -- | -- | 2 | 22.2 | 7 | 77.8 |

ካብዚ ሰደቓ ምርዳእ ዝካኣል

2(22.8%) ሓበሬታ ዋሃብቲ መምህራን ኣብ መመዘኒ (ውፂኢት ተኮር) መምህራን ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝብል ነጥቢ ምክታቱ ብዝተወሰነ ደረጃ ግቡእነት ኣለዎ እንትብሉ 7(77.8%) ድማ ግቡእነት የብሉን ዝብሉ እዮም። ምስ ርእሰ መምህራንን ምክትል ርእሰ መምህራን ንመተሓባበሪ ጨንፈር ማእከል ከምኡውን ክፍሊትምህርቲ ቋንቋ መተሓባበሪ እብ ዝተገበረ ቃለ መሕትት ዝሃብዎ ሓበሬታ ከም ዘማላኽቶ ምጥቃምን ዘይምጥቃምን ናውቲ ትምህርቲ ከም መገምገሚ ረቋሒ ኮይን ኣብ ውፂኢት ተኮር መምህራን ምክታቱ መምህርን ትኩረት ንክሀብሉ ከምልጓም ከይኑ ከምዘገልግል እምነቶም ይገልፁ።ስለዚ ኣብዛሓ ዋሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ግቡእነት የብሉን ብምባል ተምሃሮ ንምብቃዕ ዝስመዖም ሓላፍነት ትሑት ምኻኑ ክጥቀሙ ዘገድዶም ዘሎ እቲ መመዘኒ እምበር ኣሚነምሉ ከምዘይኮነ እቲ መፅናዕቲ የረጋግፅ። mcarthur(1989፣78)መምህራን ንዓርሰ ስብእና ፣ትንቢትን ድሌትን ተምሃሮኦም ኣብሸቶ ንምብፃሕ ዝተሓንፀፁ ዕላማታት ትምህርቲ ንምትግባር ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተገዳስነት ይሓትት ይብል ፥ብተወሳኺ ትምህረቲ ንምምሃር መምህሪ ንዋት ከም መገምገሚ መሳርሒ ምጥቃም ምስ TLM ዘየምጥቃም ክነፃር እንከሎ ሓያሎ ረብሓታት ኣለዎ።

## 4.4.5.መምህራን ብዝተፈላለዩ ሰሌዳታት ናይ ምጥቃም ልምዲ

መምሃሪ ክፍልታት ብዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክማልኡን ከመላኽዑን ከም ዝግባእ Quist (2000 104) ይገልፅ። ካብቶም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ድማ ዝተፈላለዩ ሰሌዳታት ይርከብዎም። ኣብ ምዕራፍ ክልተ ከም ዝተገለፀ ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ውሽጢ ክህልዉ ዝግብኦም ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ምልክታታት ዝጥቅዐሎም ስሌዳታት፣ ፍሌሽ ካርድታት፣ ስእልታት፣ ፎቶግራፋትን ቻርትታን እዮም። መምህራን እንተኾይኖም እቲ ክፍሊ ሰሓባይ ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ድሌትን ስምዒትን ተምሃሮ ንምልዕዓል ዕዙዝ ግደ ከም ዘለዎም ተስፋዬን ማረውን (1993163) ይገልፁ። እንተኾነ ግና መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ሰሌዳታት ተጠቂምካ ኣብ ምምሃር ትሑት ከምዘኾነ ንምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ።

## 4.5. ዓይነትን ኣመዳድባን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ዓይነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

ሰደቓ ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣየኖት ዓይነት ሓገዝቲ ናውቲ ይርከቡ?

| ወሃብቲ ሓበሬታ | ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣየኖት ዓይነት ሓገዝቲ ናውቲ ይርከቡ? | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | ዝረአዩ | | ዝድመፅ | | ዝረአዩንዝድመፅ | |
| | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ | ብቁፅሪ |
| መምህራን | 9 | 100% | -- | -- | -- | -- |

ኣብ እዋን ምምሃር ምስትምሃር መምህራን ካብ ዝተጠቐሙዎም ሰለስተ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ሓደ ናውቲ ብኣካል እንትኾን እዚ ድማ ርእሲ እቲ ትምህርቲ "ስነ-ቓል" ዝብል ስለ ዝነበረ ተምሃሮ ዝኣከብዎም ስነ-ቓላት ብክወና ከቕርብዎ ብምግባሮም ከም ናውቲ ብኣካል ዝተሓሰበ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ዝተረፉ ክልተ መምህራን ናውቲ ብኣካል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒሞም ክምህሩ እናተግበአ ናይምጥቃም ልምድን ተበግሶን ዝተሓተ ከምዝኾነ ንምዕዛብ ተኻኢሉ ብተወሳኺ ካብ እቲ ልዕል ኢሉ ዝተቀመጠ ሰደቃ መርዳእ ዝካኣል ዝራኣዩ ዝተጠቀሙ መምህራን ትሽዓተ (100%) ዝድመፅ የለን ፣ ዝረአዩንዝድመፅ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ድማ ፈፂሞም ከምዘየለው እቲ መፅናዕቲ የማላኸት። ከምኡ እውን ምስ ርእሰ መምህራንን ምክትል ርእሰ መምህራን ንመተሓባበሪ ጨንፈር ማእከል ን ክፍሊትምህርቲ ቋንቋ መተሓባበሪ እብ ዝተገበረ ቃለ መሕትት ብተደጋጋሚ ዝጥቀምዎም/መኦም/ ዓይነት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ከመይዝበሉ በየናይ መንገዲ ዝቐርቡ እዩም? ንዝብል ሕቶ ቀሪቡ ኩሎም ወሃብቲ ሓባሬታ(100%) ብተደጋጋሚ ዝ ጥቀምዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረኣዩ ኮይኖም ብቻርትን ጀዲድን ዝተዳለው እዮምይብሉ። እዞም ሓገዝቲ ናው ቲ ትምህርቲ ዝተወሰወኑ ብመተሓባባሪ ጨንፈር ማእኸል ዝተዳለው ኮይኖም ብብዛሓ ግን መምህራን ባዕሎም ዘደ ልውዎም እዮም። ስለ ዝኾኑ ድማ ንነዊሕ እዋን ዘይፀንሑን ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማ ብትክክል ሽትኡ ዘየውቅዑ ዝኾኑሉ ኣጋጣሚ ክህሉ ከምዝኽእል ኣየጠራጥርን ብምባል መልሶም ሂቦም እዮም። ብተወኺ ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ዓመት ናይ ተፀናዓይ ቤት ትምህርቲ ዓመታዊ ትልሚ ትምህርቲ ብምውሳድ ናውቲ ብኣል ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምሕባሮምን ዘይምሕባሮምን ተፈቲሹ እዩ። ውፂኢቱ ግን ዘተባብዕ ኣይነበረን ምክንያቱ እቶም ዝተቀመጡ ኗውቲ ትምህርቲ ቻርትን ጀዲድን ጥራሕ ብምጥቃም ክምዝሕገዙ ዝገልፁ እዩም። Aggarwal (1996 ፣157) Wright (19894) Bowen (1982፣ 6) ዝተሓበረ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ክፍሊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ግልፂ፣ ቀሊልን ጭቡጥን ጌርካ ንምቕራብ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም። መምህራን ካብቶም ዓይነታት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረኣዩ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምካ ምምሃር ይደልዩን የዘውትሩን። ብፍላይ ቻርት፣ ስእልን ፍላሽ ካርድን ዝኣመሰሉ መምህራን ቋንቋ ዝጥቀሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ እዮም። ካብ ዝቐረበ ሓበሬታ ምርዳእ ዝከኣል ኣብ እዋን ትዕዝብቲ ውሽጢ ክፍሊ ቃለ መሕትት መማህራንን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ዓመታዊ

ትልሚን ኣብዝ ተዳሃሰሰሉ ግዘ ኣብ ግልጋሎት ካብ ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ (100%) እቶም ዝረኣዩ ጥራሕ ከም ዝኾኑ እቲ መረዳእታ የመላኽት። ዝድመፁ ዝድመፁን ዝርእዩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘይምጥቃሞም ትሕዝቶ ትምህርቲ ካብ ዝፍለጥ ናብ ዘይፍለጥ ብተግባር እናተመረሐ ክከይድን ምምሃር ድሌት ተምሃሮ መሰረት ዝገበረ ኣቀባብላ ትምህርቲ ክይህን ከምራሕን ገይሩ ብተወሳኺ ፅቡቕ ተሳትፎ ዘለዎ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ እንተገበአ ንቲ ክይዲ ትምህርት ክምዝድብዝዝ ገይርዎ እዩ።እዚ ኩሉ ፀገማት ምንጩ ተክታታልን ኣምሃርን ዝኮነ ስልጠናታት ካብዘይ ምርካቦም ዝክሰት ክምዝኮነ እዩ ።ናይዚ ውፂኢት ካኣ ኣብ ሓፈሻዊ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስውኣት እቶም ልዕል ኢሎም ዝተሓበሩ ረብሓታት እቲ ተምሃራይ ክረክብ ከም ዘይከኣለ ምግንዛብ ተካኢሉ እዩ።

## 4.6. ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሙ ፀገማት

ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘጋጥሞም /መን/ ፀገም ኣሎዶ?

ንዝብል ሕቶ ኩሎም ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን (100%) እወ እዚ ዝግለፀሉ ድማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣበየናይ እዋን እቲ ትምህርቲ ማለት እውን (መእተዊ፣ ኣቀራርባ፣ መጠናኸሪን ገምጋምን) ከምዝጥቀሙ ንፁር ኣፍልጦ ከም ዘይብሎም ብፍላይ ከኣ ውፂኢት ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ነገራት ኣበይን ከመይን ክጥቀሙ ከምዘለዎም ከምዘይፈልጡ እቲ መ ፅናዕቲ የረጋግፅ። ካብ ፅሑፋውን ቃላውን መሕትት ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን ዝተረኸበ መልሲ ምርዳእ ዝካኣል ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንኣወሃህባ ትምህርቲ ንመምህርኮነ ንተምሃራይ ልዑል ረብሓ እኳ እንተሃለዎም ኣብ ኣጠቓቕማ ዘሎ ክፍተት ግና ንረብሐኦም ዘየጉልህ እዩ። እዚ ካብ ዝግለፀሎም ኣገባባት ሓደ እቶም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መዓዝ ከም ዝጥቀሙሎም ንፁር ዝኾነ ግንዛበ ዘይምህላው፣ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ከይተጠቐምካ ምምሃር፣ ካብቶም ዓይነት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝረኣዩ ጥራሕ ምዝውታር ፣ብጥንቃቐ ዘይምድላው ፣እቶም ዝተዳለው ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፀናሕነት ዘይብሎምን ብቐሊሉ ዝበላሸውን ምኽኖምን ዝዕቀብሉ ቦታ ዘይምርካብን እዮም። እዚ ድማ ኣብ ቀባብላ ትምህርቲ ተምሃሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ከም ዘሕድረሎም ካብቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ ምርዳእ ይካኣል። ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣመልኪቶም ንቐፃሊ ኣድላይ እዩ ዝበልዎ ድማ ንመምህራን ኣብክሊ እዚ ዛዕባ ስልጠናታት ክወሃብን ምስ ኮሌጃትን ዩኒቨርስታትን ተሞክሮ ልውውጥ ዝገብሩሉ ባይታን ግዘን ተዝመቻቸ ዝሓሸ ዓቅሚ ምፍጣር ምተኽኣለ ይብሉ ።ብሓፈሻ ኣብ ኣጠቃቅማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝተሓበሩ ግድፈታት ንምምላእ ኣብ ክሊ እዚ ዛዕባ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብርቲዐን ተዝሰርሓሉ ለውጢ ክመፅእ ከም ዝክእል ምርዳእ ይካኣል።

ንኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን ዝፀልዉ ነገራት ንኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝፀሉ ዝተፈላለዩ ነገራት ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለፅ ከም ዝኽእል እዩ ።ብቑጠባዊ መዳይ ብጉቡእ ዝተዓ ጠቃ ኣብያተ ትምህርቲ መብዛሕቲኡ ግዘ ክም ሰሌዳታት ሞዴላትፕሮጀክተረ ናይድምፅን ምስልን መሳርሒታት ከሙእውን ኮንፒተራት ዝኣመሳሰሉዝተፈላለዩ ናይ መምሃሪ መሳርሕታትኣለዉወን።በቲ ካልእ ሸነኽካኣ ቁጠባዊ ፀገም ዘለወን

ወይ ኣብ ገጠራት ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ  ኣብዚ ናውቲትምህርቲ ብዙሕሕፀረት የጋጥመን እዩ ። እኹል ሃፍቲ ኣብ ዘይህልወሉ እውን እቶም ንፋዓት መምህራን ከይተረፈ ምምሃረ ይፅገሙ እዮም። ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢ እቲ መምህር ኣለዎፍልጠትን ኣራኣእያን ስልጠናን እዩ። ዝተፈላለዩ ናይ ምምሃር መሳርሕታት ኣብ ምጥቃም ዝሰልጠኑን ምትእምማንዘለዎምን መምህራን መብዛሕቲ ኡ ግዘ ኣብ ማዓልታዊ ትምህርቶም የእተውዎ እዮም ። ኣማሃህራ ውፂእታዊ ምኹኑ ዘለዎም እምነት እውን ኣገዳሲ እዩ ፣መምህራን ብዓይኒ ዝረአ ወይ ዝንቀሳቀስ መሳርሒታት ምጥቃም ዘለዎምጥቅሚ እንተሪእዮም ብዝያዳ ኣብግብሪ ንከውዕልዎ ይድረኹ እዮም።በቲ ካልእ ሸነኽ ስልጠና ዘይምርካብ ወይ ንቴክኖሎጂያዊ ፍርሂ ዘይምህላው ንመምህራነ ክመ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሒ ወይ መልቲ ሚድያ ዝኣመሰለ ዘመናዊ መሳርሕታት ንከየጥቀሙ ክዓግቶም ይኽእል እዩ።ብተወሳኺ ስርዓተ ትምህርቲን ኣከባብን እውን ኣገዳሲ መመዘኒ እዩ።ከምስነፍልጠትን ጂኦግራፍን ቋንቋታትን  ዝኣመሰሉ ገሊኡ ዓይነት ዚርእን ግብራውነ መምሃሪ ናውቲ ትምህርቲ ጌርካንክትምህር ብዝያዳ ዝበቅዕእዩ።ባህርያት  ናይቲ ትምህርቲ ደረጃ ናይቶም ተምሃሮን ከሙእውን ናይትምህርቲ ሸቶታት ነቲ ዘድሊ ግቡእን  ዓይነትነ ናይ ምምሃር መሳሒታትይፀልዎእዩ።ብዘይካ እዚ ክም በዝሒ እቶም ተምሃሮ ግዜን ፀቅጢ ፈተናታትን ዝኣመሰሉ ነገራት መምህራን ትምህርቶም ንምምሃር ዝሕግዝ መሳርሕታት ከይአተዉ ከምዝኽእሉ  ዝአምኑ እንተኾይኖም ክፀልዎም ይኽእል እዩ።ካልእ ምምሕዳራዊ ደገፍ መሪሕነት ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ ። መሪሕነት  ቤት ትምህርቲ ናይ ምምሃር መሳርሕታት  ነይ ቀረብ ናውቲ ክምኡእውን ቀፃሊ ዕቤት ክእለታት ንክገብሩ ምስ ዘተባብዕ መምህራን  ደገፍን ሓይልነ ይስዋዖም እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ካኣ ኣብተን ዘይረብሓ መሪሕነት ግጉይ ቀዳምነት ዝወሀበን ነገራት ዘለዉመምህራን ናይ ምምሃር መሳርሕታት ከም ኣድላዪ ገይርካ ኣይራአን ይኸውን እዚ ድማ ዕሽሽ ክመ ዝቡሉ ወይ እኹል ከም ዘይጥቀሙይገብሮም።  ኣብዚ ርእሰ ጉዳይ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብኸልተ መንገዲ ተመዲቦም ኣለዉ። እዚኣቶም እውን ውልቃውን ትካላውን ዝፀልዉ ነገራትዝብሉ እዮም።

## 4.7. ትንተና መረዳእታ ቃላዊ መሕትት መምህራን

### 4.7.1 ትንተና መረዳእታ ዕፁው ቃለ መሕትት

ብፅሑፋዊ መሕትት ዝተረኸበ መረዳእታ ብቃላዊ መሕትት ንምጥንካር ኣብ ሕቶ ቑፅሪ ሓሙሽተ ትምህርቲ ቋንቋ ብሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣደጊፍካ ምቕራብ ንተመሃራይ ኮነ ንመምህር ይጠቅም ዶ? ብኸመይ ይጠቅም? ዝብል ሕቶ ቀሪቡ ኩሎም ወሃብቲ ሓበሬታ መምህራን (100%) እወ ይጠቅም ዝብል መልሲ ሂቦም። ብከመይ ንዝብል ሕቶ ድማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንመምህር ትሕዝቶ ትምህርቲ ግልፅን ጭቡጥን ገይሩ ከቕርብ ዘኽእሉ እንትኾኑ ንተምሃራይ ድማ ዝተምሃሮ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከይረስዖ ንነዊሕ እዋን ክፀንሕን ክእለት ምዝካር ከዕብን ስለ ዝገብሩ እጃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ልዑል እዩ ብምባል ገሊፆም። Bowen (1982፣1) ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንመምህር ብቐሊሉ ክርስዑ ዝክእሉ ኣተሓሳስባታትን ስፍሓት ነገራትን ቀሊልን ጭቡጥን ብዝኾነ መንገዲ ንምቕራብ እንተኽእሎ ንተምሃራይ ድማ ኣብ ኣቀባብላ ትምህርቲ ፍርሓትን ጭንቀትን ከይህሉ ብምግባር ዝተምሃሮ ትምህርቲ

ከይረሰዖ ክፀንሕ ከም ዘኽእሎ ምጥቃሱ ይዝከር።

### 4.7.2 ትንተና መረዳእታ ክፉት ቃለ መሕተት

ኣብ ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርት ዘጋጥሙ ፀገማት ብዋናነት ካብ ዝተጠቐሱ ዓርሱ ዝኻኣለ ናይ ቋንቋ ክፍሊ ዘይምህላው፣ ግቡኣት ዝኾነ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ንምጥቃም ግንዛበ ዘይምርካብን በዓል ሞያ ጩንፈር ማእኸል ዘይምህላው ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ኣበየናይ እዋን ትምህርቲ( መእተዊ፣ ኣቀራርባ፣ መጠናኻሪ ፣ ግምጋም) ከም ዝጥቀሙ ንፁር ኣፍልጦ ዘይምህላው፣ብምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዝምልከት ከም መገምገሚ(መምዘኒ) ኮይኑ ምምፅኡ ንይምስል እምበር ኮነ ኢልካ ተምሃራይ ንምብቃዕ ዘይሰርሓሉ ምህላው፣ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘላቕነት ዘለዎምን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሑ ኮይኖም ክዳለው እናተገበአ ብተብተብ ኣዳሊኻ ብምጥቃም ክመሓላለፍ ዝተደለየ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዕላምኡ(መልእክቱ) ምዝባዕን መምርሒ ንመምህር ዘይምህላው እውን ከመይ ዓይነት ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ከም እትጥቀሙ ዘይምፍላጥ ከምዘሎ ካብቶም የጋጥሙ ዝበልዎም ፀገማት ከም ዝኾኑ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት።

## 4.8 ትካላዊ ፀለውቲ ነገራት

### 4.8.1ቦታ ዝምልከት

ብ መንፅር ተፀናዒ ቤት ትምህርቲ እንትረአ ክፍልታት መምህሪ ቋንቋ ኩሎም ንምምልላስን ኣብ ክፍሊ ኣቕሚጥካ ንምጥቃምን ኣፀጋምቲ እዮም፣ከምኡ እውን እቶም ዝተረኸቡ ናውቲ ትምህርቲ ብኣገባቡ ዝቅመጥሉ መዓቀቢ ቦታ የብሎምን ምስካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ተሓዋዊሶም ዝኽዘኑሉ ኣሰራርሓ እዩ ዘሎ። ነዚ ዝምልከት ኣብ ምዕራፍ ክልተ ንኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፅዕንቶ ካብ ዝፈጥሩ ነገራት ሓደ ንምሓዝን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምውሳድን ዘፀግሙ ክኾኑ የብሎምን ብምባል ተገሊፁ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሓፈሻዊ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስውኣት ዘሎ ኩነታት ነዚ ፀገም ብሰፊሑ ዝረኣየሉ ከነታት ክምዘለእዩ በቲ ትዕዝብቲ መፅነዕቲ ምርግጋፅ ዝተካለኣብ ።

## 4.8.2.ኣመራርሓ ትምህርቲ

ዝተፈላለዩ ኣመራርሓ ትምህርቲ ፤መምህራን በብእዋኑ ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝጥቀሙሎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ከገልግሉ ዝኽእሉ ንሓደ ግዘ ጥራሕ እዩ። ምኽንያቱ መምህር ሓደሽቲ ዝኾኑ እናዳለወ ክጥቀም ይግባእ ይብሉ ናይዚ መርኣያ ካኣ በብሰሙኑ ዝሰራሕ ናወቲ ትምህርቲ ከም ብጠቃምነቱ ዘይኮነስ ብበዝሒ ዝሰርሕዎ መጠን ዝረኸብሉ ነጥቢ ኣብ መለክዒ ውፂኢተ ተኮር መምህራን ተቀሚጡ ይርከበ ።

ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ካብ ሓደ ግዘ ንላዕሊ ምጥቃም ኣድላዪ ኣይኮነን ይብሉ።ነዚዝምልከት Aggarwal (1996፣159-161) ሎሚ ንምስትምሃር ኣብ ግልጋሎት ዝወዓሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ስዒቡ ንዝቐርብ ትምህርቲ መሰረት ክኾኑ ይግባእ። ሓደ ግዘ ተጠቒምካ ዝድርበ እንተኾይኑ ተዛማድነትን ተተሓሓዝነትን ዝህልዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክህቦ ዝኽእል ረብሓ ኣይህሉን ይብል። እንተኾነ ኣብ ሓፈሻዊ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተክሊ ስውኣት ዘለዉ ኣመራርሓ ትምህርቲ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ በተለልዐል ኢሉ ዝተገለፀ ሓሳብ ዘይኮነሰ ዝልክዕዎ

ብመንፅር ውፀኢት ተኮር ዝጠልቦ በዝሒ ምስራሕ እዩ።እዚ ከአ ክፀልዉ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ሐደ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ከይዲ ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ዘለዉ መምህራን ዘጋጥምዎም ፀገማት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

✓ መምህራን ተገዱስነት ዘይምህላው

✓ ስልጠና ብዘይ ምርካብ

ሕፀረት ግንዛበ ንኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ምህላው

✓ ምንኣስ ድሌት ምጥቃም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

# መጠቓለሊ፣መደምደምታን መፍትሒ ሓሳባትን

## 5.1 መጠቓለሊ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ከተማ ፍረወይኒ ዝርከብ ሓ/2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተሸዓይ ክፍሊ ኣብ ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ጠመተ ገይሩ ዝተኻየደ እዩ። ነዚ መረዳእታ ንምርካብ ብኣካቢ ሜላ ዝተወሰዱ ትሸዓተ መምህራን፣ ሳላሳን ሐሙሽተን ተምሃሮ፣ ከምኡ እውን መተሓባበሪ ቋንቋ ውሽጢ ዓዲን መተሓባበሪ ጨንፈር ማእክልን እዩም ብፅሑፋዊ ምሕትት ፣ቃላዊ ምሕትትን ትዕዝብትን ዝተረኸበ መረዳእታ ብዓይነታዉን ኣሃዛውን ተተንቲኑ ድሕሪ መቕራብ ዝስዕብ መደምደምታን መፍትሒ ሓሳብን ተዋሂቡ ኣሎ።

## 5.2 መደምደምታ መፍትሒ ሓሳባትን

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ከተማ ፍረወይኒ ዝርከብ ሓ/2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተሸዓይ ክፍሊማእኸል ትኹረቱ ብምግባር ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ጠመተ ገይሩ ዝተኻየደ እዩ። ሜላ መአከቢ መረዳእታታት ትዕዝብቲ ውሽጢ ክፍሊ፣ ቃላውን ፅሑፋውን መሕትት ብምጥቃም ዓይነታውን ኣሃዛውን መረዳእታታት ተኣኪቦም እዮም። ካብዞም መረዳእታታት እዚኣቶም ብምብጋስ ኣብ ዝስዕብ መደምደምታ ተበፂሑ ኣሎ።

ካብ ርካቦት መረዳእታታት እዚ መፅናዕቲ ብምብጋስ ኣብዚ ዝስዕብ መደምደምታ ሓሳብ ተበፂሑ ኣሎ።

❖ መምህራን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ንምጥቃም ዘኽእሎም ቅድሚ ናብ ስራሕ ምእታው ይኹን ኣብ ስራሕ

እናሃለዉ ስልጠና ብዘይምርካቦም ኣብ ኣጠቓቕማ ዘለዎም ግንዛበ ትሑት ምዃኑ እቲ መፅናዕቲ የረጋግፅ።

❖ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝዛመዱ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተጠቒምካ ከይዲ ምምሃር ምስትምህር ክሳለጥ እናተገብአ ኣብዝሓ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብቓል ጥራሕ የምህሩ።

❈ ዓርሱ ዝኻኣለ መምሃሪ ክፍሊ ቋንቋ ዘይምህላዉ ካብ ትዕዝብቲ ካብ ፅሑፋውን ቃላውን መሕትት ዝተረኸቡ ዝተሳንዩ መረዳእታት የረጋግፁ ።ስለዚ መምህራን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክጥቀሙ እንተኾይኖም ዓርሱ ዝኻኣለ ማእከል ትምህርቲ ክፍሊ ቋንቋ ኣድላይ ከም ዝኾነ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት።

❖ መምህራን ዝተጠቐምዎም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ቋንቋ ብዓይነት ፈሊኻ እንትረአዩ ኩሎም ዝረአዩ እዮም። ካልኦት ዝድመፁ ኮነ ዝረአዩን ዝድመፁን ውስናት እንተሃለዉ እኳ ግልጋሎት እንትህቡ ኣይተርኣየን። ግልጋሎት ከም ዘይህቡ ብትዕዝብቲ ካብፅሑፋውን ቃላውን መሕትት ዝተረኸበ መረዳእታ ኣረጋጊፆም እዮም። ግልጋሎት ከይህቡ ከም ምኽንያት ዝተገለፀ እቶም ናውቲ ንኻልእ ግልጋሎት ከውዕሉ ስለ ዝግበር ሰብ ሞያ ምስኣን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን

መምህራንን ተበግሶ ዘይምህላው፣ ብቅዓትምንኣስን ዝብል እዩ። ስለዚ ተምሃሮ ብዝድመፁ ኮነ ብዝድመፁን ዝራኣዩን ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ክመሃሩ ዘይምኽኣሎም ዝተፈላለየ ድሌትን ክእለትን ምምሃር ዘለዎም ተምሃሮ ተጠቀምቲ ከምዘይኮኑ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት።

❖መምህራን ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘገልግሉ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ፀናሕነት ዘይብሎምን ንሓደ ግዘ ተጠቒምካ ከም ዝድርበዩን ኣብ ጨንፈር ማእከል ብግቡእ ከምዘይቅመጡን ብትዕዝብቲ፣ብፅሑፋውን ቃላውን መሕትት ዝተረኸበ ዝተዋደደ መረዳእታ የማላኽት ።ስለዚ እቶም ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርቲ ተኸታቲሉ ንዝመፅእ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከገልግሉ እናተገበአ ግልጋሎት ከምዘይህቡ እቲ መፅናዕቲ ኣረጋጊፁ ኣሎ።

ኣብ ምጥቃምውዕኢት ቴክኖሎጂ እቲ ቤት ትምህርቲ ምችው ከም ዝኮነ መምህራንን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ይ ገልፁ ። እንተኾነ ብዝተገበረ ቃለ መሕትት ፅሕፋዊመሕትት ትዕዝብትን ዝተዋደደ መፅናዕቲ ንፍርያት ቴክኖሎጂ ብሰን ኪ ዕንዋት መሰረተ ልማዓት ሕዕረተ እታወት፣ ምንኣስ ተገዳስነትን ዓቅምን መምህራንን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ክም ዘይጥቀሙ ምርግጋፅ ኪኢሉ እዩ። እዚ ካኣ ንቲ ግዜ ዝጠልቦ ሜሌ ኣማሃህራ ዐንቃፍን ንድሕሪት ዝጎተትነ ኰይኑ ረኺብዎ እዩ።

## መዋኸስቲ ፅሑፋት

በድሉ ዋቅጅራ: 1996, በሥነ ፅሑፍ ቋንቋን ማስተማር: ኣዲስ ኣበባ፣ ንግድ ማተሚያ ቤት

ባየ ይማም: 200, የአማርኛ ስዋስው አዲስ አበባ፣ አሌኒ ሃላፊነቱ የተወሰነ የግል ማህበር

ተስፋዮ አበራና ማረው አለሙ: 1993, አማርኛ ቋንቋን በከፍተኛ ሁለተኛ ደረጃ ትምርህቲ ቤት የማስተማር ዘዴ, ባህርዳር ዩኒቨርስቲ ትምህርቲ ፋካሊቲ፣ የአማርኛ ትምህርቲ ክፍል ለልዩ ዲግሪ ፕሮግራም የርቀት ትምህርቲ የተዘጋጀ /ያልታተመ/

ትምህርት ሚኒስተር: 1994, ት.መ.ማ.ማ.ድ, የትምህርት ፓሊስና አተገባበሩ, አዲስ አበባ

አለም እሸቱ: 1995, በሁለተኛ ቋንቋ የማስተማሪያ ዝግጅት ሂደት ውስጥ የክህሎት አደረጃጀትና ትኩረት የሚሹ ይዘቶች አወቃቀር, አዲስ አበባ፣ ከጥቅምት 22- 2/1995 ለአማርኛ እንደ ሁለተኛ ቋንቋ ትምህርት የተዘጋጀ አውደ ጥናት የቀረበ። /ያልታተመ/

ጌታቸው ለገሰ: 1992 : በአዲስ አበባ መስተዳደር ለ7 ክፍል የሚተላለፈው አጋ የአማርኛ ቋንቋ ትምህርት በሬድዮ የቋንቋውን ትምህርት ጥራት በማሻሻል ሊያበረክት የሚችለው አስተዋፅኦ። አዲስ አበባ ዩኒቨርስቲ፣ በቋንቋዎች ጥናት ተቋም፣ አማርኛን በማስተማር ስነ-ዘዴ ለማስተማር ዲግሪ ማሟያ የቀረበ። /ያልታተመ/ ያለው እንዳወቀ, 2006, የምርምር መሰረታዊ መርሆችና አተገባበር። አዲስ ኣበባ፣ አልፉ አስታሚዎች።

Aggarurwal, J. 1995 Essentials of Educational technology: Teaching learning Innovations in Education. New-Delhi: vikes publishing House.

j.1996 Principles, Methods and Techniques of Teaching. New- delhi: Jersey: vikas publishing house .

Best, J. & Kahn, J. (2003) Research in Education. (9th ed.) New Delhi: Prentice Hall. Bowen, B. M. (1982) Look Here!Visual Aids in Language Teaching.

Allen,v.1985 techniques teaching vocabulary oxford university press

Hittleman, D. 1988 Development Reading, K-8 Teaching from a whole language Perspective (3rd ed) Columbus: Merriell Publishing Company.

Islam & mares 2003. Developing Materials For language Teaching printed and bounded in Great Britain by Cromwell press, litd London,

Kieffer, R and lee, W. 1974 Manual of Audio Visual Techniques. New Jersey: prints- Hall

MICArthur, T 1989 Foundation course for language Teachers. Cambridge: Cambridge

university press.

Mashuhara, 1998 Tomlinson Developing Materials For language Teaching printed and bounded in London, Great Britain by Cromwell press, litd

Mcdonough, J and Shaw, C. 1993 materials and methods in EIT: A teachers Guide Oxford: Blackwell.

Newby, J. et al. 1996 instructional Technology for Teaching and learning. New Jersey: Printce Hall.

Nkuuhe,, J.et.al.2000. Instructional media. In Barara, Metal (Eds) Teach your best:

A hand for University lectures. Nairobi: Integrated system Ltd. PP. 66-79 , D 1988 Syllabus design. Oxford; oxford university press. ,

D. 1991. Language teaching methodgy: A Text Book for Teachers New York Prints -Hall international. . D. 2000 primary teaching methods. Oxford: Macmillan publishwra. Limited.

E. Bestate Terefe .(2000) Application of Instructional Materials in the Primary School.

F. Celce-Murcia, M. (ed.) (1991) Teaching English as a Second or Foreign Language. Los Angeles Heinle and Heinle Publishers. Clark, L. and Irving, S.

G. College of Teacher Education, July,12-18 1998.

H. Ashby, E. and Besse, M. (1972) The Fourth Revolution-Instructional Technology in Higher Education.

I. Cunningworth, A.(1989) Evaluating and Selecting EFL Teaching Materials. Oxford

J. Hong Kong: Macmillan Publishers Ltd. Burns, K. et al. (1999) Teaching Reading:

K. In Today's Elementary Schools. (7th ed.) New York: Houghton Mittlin Company.Hutchinson, T. and Waters, A. 1987 English For Specific Purposes: ALearning Centered Approach.

L. New York: McGraw-Hill Co. Atkins, J. et al.(1996) Skills Development methodology Part

M. Richards and D.Nunan (Eds), Language Teacher Education.Cambridge: Cambridge U niversity Press PP. 66-72. Dubin, and Olshtain, E.(1986) Course Design Developing Programs and Materials for.Language Learning

N. University Press.Day, R.(1990) Teacher Observationin Language Education.In J.C.

O. Unpublished Master's Thesis, Addis Ababa University, Faculty of Education,

P. Addis Ababa. niversity Press. PP. 66-72. Dubin, F. and Olshtain, E. 1986 Course Design

Developing Programs and Materials for Language Learning.

Q. Practices Handbook. London: Heinemann. Grains, R. and Redman, S. 1986 Working with Words:

R. A Guide to Teaching Vocabulary. Cambridge: Cambridge University Press.

S. Grant N. (1987) Making the Most of Your Text Book. London: Longman Group Ltd. Harmer, J. (2001) The Practice of English Language Teaching.

T. London: Pearson Educational Limited.Harrison, R. H. and Gowin, L. E. (1995) The Elementary Teacher In Action. Sanfransisco:

Wadsworth Publishing Company Inc. Heinich, R. et al. (1996) Instructional Media and Technologies for Learning.

# ዩኒቨርስቲ መቐለ

# ኾለጅ ሕብረተሰብን ሳይንስን ቋንቋታትን

# ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፣ስነ ፅሑፍን ትውፊትን ትግርኛ

## ኣጠቓቕማ ሓገዝቲ ናውቲ ትምህርትን ዝምድና ትሕዝቶ ትምህርትን መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ታሸዓይ ክፍሊ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተኸሊ ስዋኣት ከተማ ፍረ-ወይኒ

## ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ኽፋል መማልኢ ኮይኑ ዝቐርብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ

***ልጋብ***«ሀ» ቅጥዒ ምክትታል ትዕዝብቲ ክፍሊ

ቀዳማይ ክፋል፡- ሓፈሻዊ መግለፅታት

1.ሀ. ስም ቤት ትምህርቲ----------------------------- ለ .ደረጃ ክፍሊ----------------------------------------- ሐ. መንፈቅ ዓመት-------------------------------------መ.ዕለት ትዕዝብቲ--------------- ወርሒ-----------

2. ትልሚ ትምህርቲ ሰሚስተር ወይ ፍርቂ ዓመት ሀ ዝተዳለወ ለ ዘይተዳለወ

3. መዓልታዊ መደብ ትምህርቲ

ሀ ዝተዳለወ ለ ዘይተዳለወ

4. ትልሚ ሰሚስተርን መዓልታዊ ትምህርትን

ሀ ብግቡእ ይትግበር ኣሎ ለ ብግቡእ ይትግበር ኣሎ።

አይኮንን

5. ኣብ ትልሚ ሰሚስተር

ሀ ዝርከቡ ናይ ምምሃር ሓገዛት ተጠቒሶም ኣለዉ።

ለ. ኣይተጠቕሱን።

6. ኣብ መዓልታዊ ትልሚ ትምህርቲ ዝርከቡ ናይ ምምሃር ሓገዝቲ

ሀ. ተጠቒሶም ኣለዉ ለ. ኣይተጠቕሱን

7. ኣብ ዓመታዊ ትልሚ ትምህርታዊ ናውትታት እንተተጠቒሶም ምስ ናይ መዓልታዊ ትልሚ ትምህርቲ ናውትታት ይመሳሰሉ

ድዮም?

ሀ .ተመሳሳሊ ለ .ተመሳሳሊ ኣይኮነን።

8. መምህር ኣብቲ ዕለት ዝጥቀመሉ ናይ ትምህርቲ ናዉትታት ምስ ዕለታዊ ትምህርቲ ዝምድና ነይርዎ ዶ? --------------።

ሀ. እወ ለ. አይነበሮን ሐ.ብከፊል

9. ብመምህር ንዕለታዊ ትልሚ ትምህርቲ ንምትግባር?

ሀ/ መምርሒ መምህር ለ ስርዓተ ትምህርቲ ሐ.መምህር ብዘይ ዝኾነ ደጋፊ ሓበሬታ ካብ ተመኩሮኦም ተመርኲሶ ተጠቒሙሎም መ.ንኹሎም ተጠቀቒሙ

10.መምህር ዝጥቀመሎም መምሃሪ ናውትታት ምስ ድሌትን ደረጃ ክፍልን ተምሃሮ ዝመጣጠን ኔሩዶ ? ሀ.እወ ለ. አይፋል ሐ . ብመጠኑ

11. መምህር ንዕላማታት ትልሚ ትምህርቲ ናይቲ መዓልቲ ኣብ ምዕዋት ዝጥቀመሉ ናይ ትምህርቲ ናዉትታት ክሳብ ክንደይ ግቡእ እዩ?

ሀ. አዝዩ ብጣዕሚ ፅቡቕ ለ. ብጣዕሚ ፅቡቕ ሐ. ፅቡቕ መ. ንእሽቶ እዩ።

12. ኣብታ መዓልቲ እቲ መምህር ዝጥቀመሉ /ትጥቀመሉ/ ዝነበረ መጠን ናይ ምምሃሪ ሓገዛት?

ሀ. ኣዝዩ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. እዝዩ ንእሽተይ መ.ንእሽቶ

13. ኣብ ዕለታዊ ት/ቲ እቲ መምህር ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ምምሃር ሓገዛት ፅሬት?

ሀ. ኣዝዩ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ኣዝዩ ትሑት መ.ትሑት

14. እቲ መምህር ኣብ ዕለታዊ ት/ቲ እቲኣ እተጠቕመሉ ሓገዛት ንምምሃር ብኸመይ ተረኺቡ፣

ሀ. ዝተዓደገ ለ. ካብ ናይ ከባቢ ንብረት ዝተሰርሐ ሐ. ከም ህያብ ዝተቐበለ

መ.ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተቐበሉ እዮም።

14.1 እንተተዓዲጉ መን ገዚእዎም?

14.2 ካብ ናይ ውሽጢ ዓዲ ንብረት ዝተሰርሑ እንተኾይኖም መን ኣዳልዩዎም?

14.3 ከም ህያብ እንተተቐቢልካ ካብ መን?

15. ኣብ ዕለታዊ ት/ቲ እቲ መምህር ዝጥቀመሉ ዝነበረ መጠን ናይ ምምሃር ሓገዛት?

ሀ . ብጣዕሚ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ብጣዕሚ ድኹም መ. ድኹም

16. ኣብ ዕለታዊ ትምህርቲ እቲ መምህር ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ምምሃር ሓገዛት /ናውቲ / ፅሬት እንታይ ይመስል?

ሀ. ብጣዕሚ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ብጣዕሚ ድኹም መ. ,ድኹም

17. ኣብ ዕለታዊ ትምህርቲ እቲ መምህር ንትምህርቲ ዝጥቀመሎም ናይ ምምሃር ሓገዛት ክሳብ ክንደይ ግቡእ እዮም?

ሀ. ብጣዕሚ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ብጣዕሚ ድኹማት መ ድኹማት

18. ኣብ ዕለታዊ ትምህርቲ መምህር ዝጥቀመሉ ዓይነት ሓገዛት መምሃሪ እንታይ እዩ?

ሀ. ስእላዊ ለ. ድምፂዊ ሐ. ድምፅን ስእልን መ.ሞዴል

19. መምህር ኣብ ምጥቃም መምሃሪ መሳርሒታት ዘለዎ ብቕዓት እንታይ እዩ? ሀ. ኣዝዩ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ኣዝዩ ድኹም D. ድኹም

20. መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተማሃራይ ማእከል ዝገበረ ኣብ ምግባር ናይቲ እዋን ሓገዛት መምሃሪ ክሳብ ክንደይ ሓገዝቲ እዮም?

ሀ. ብጣዕሚ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ  ሐ. 'ብጣዕሚ ድኹማት መ. ድኹማት

21. ኣብታ መዓልቲ ዝቐርብ ናይ ምምሃር ሓገዛት ስሕበት? ሀ. ኩሎም ተምሃሮ ናይ ሓጎስ ስምዒት የርእዩ ለ. መብዛሕትኦም ተምሃሮ ናይ ሓጎስ ስምዒት የርእዩ ሐ. ፍርቂ ተማሃሮ ናይ ሓጎስ ስምዒት የርእዩ መ. ኩሎም ተማሃሮ ናይ ሓጎስ ስምዒት የርእዩ

22. ተምሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ክፍለ ግዜ ብመምህር ንዝሓተቶም ሕቶታት ብሓገዝ ናይቲ  ዕለት መምሃሪ መሳርሒታት ይምልሱ ድዮም? ሀ.ብጣዕሚ... ኣዝዩ ቅልጡፍ  ለ. ኣዝዩ ቅልጡፍ ሐ. ድኹም  መ. ኣዝዩ ድኹም

23. ኣብዚ ዕለት  ንምምሃር እተጠቕመሉ  ናውቲ ትምህርቲ  እንታይ ንምምሃር  እዩ፧

ሀ.ክእለት ምንባብ  ለ.ክእለት ምስማዕ

ሐ.ክእለት ምፅሓፍ  ንቃላትን ሰዋስውን

መ.ክእለት ምዝራብ  ረ.ክእለት ውህደት

24. ተማሃሮ ነቶም ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት ተጠቒሞም ኣብ ክፍሊ ክንደይ ተሳትፎ የርእዩ?  ሀ .ብጣዕሚ ፅቡቕ  ለ. ፅቡቕ ሐ.  ዳሓን  መ. ድኹም

25. ተምሃሮ ነቶም ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት ተጠቒሞም ኣብ ነንሕድሕዶም ክሳብ ክንደይ ምትእስሳር የርእዩ?

ሀ. ኣዝዩ ፅቡቕ ለ. ፅቡቕ ሐ. ኣዝዩ ድኹም መ. ድኹም

**ልጋብ** "ለ ፅሑፍዊ መሕትት፦ • ኣብቲ መሕተቲ ፅሑፍ ስም ኣየድልን »

ኣብ ወረዳ ፍረወይኒ ንመምህራን ቋንቋ ትግርኛ  ታሽዓይ ክፍሊ ዝተዳለወ  ።

ክቡር መምህር፡ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ መሕተቲ ፅሑፍ፡ ኣብ ተኽሊ ስዋኣት ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ 9ይክፍሊ፡ መምህራን ቋንቋ  ትግርኛ ዝጥቀሙሉ ፀጋታት ትምህርቲ ንምፍታሽ ዝተዳለወ መፅናዕቲ ሓበሬታ ምእካብን ዝተዓዘብናዮም ፀገማት ንምፍታሽን መፍትሒ ንምሕባርን እዩ።

እቲ መፅናዕቲ ነቲ ዝድለ ዕላማ ንምዕዋት ኣገዳሲ ሓበሬታ ምእካብን ምድልዳልን የድሊ።

ስለዚ መልስኹም ኣብቲ ዝተዋህበ ቦታ ክትፅሕፉ ብትሕትና ይሓትት። ስለቲ ምትሕብባርኩም የቐንየልና።

። እቲ መጽናዕቲ ውጽኢታዊ ንኽኸውን ተራኻ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ።

። ምስ ካልእ ሰብ ብምዝርራብ ንውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ክፀልዎ ስለ ዝኽእል፡ ነቲ መሕተቲ ፅሑፍ ባዕልኹም ምልእዎ።

• ካብ ዝቐረቡ ሕቶታት ወፃኢ ካልእ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ኣብ መወዳእታ ናይቲ መሕተቲ ፅሑፍ ክትፅሕፉ ትኽእሉ ኢኹም።

• ኩሉ እቲ እትህቦ ሓበሬታ ካብቲ መሕተቲ ፅሑፍ ዝተዳለወሉ ዕላማ መፅናዕቲ ወፃኢ ንኻልእ ዕላማ ኣይውዕልን እዩ። ስለቲ ክቡር ግዜኹምን ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምሃብ ዘለኩም ድልውነትን ብጣዕሚ ነመስግን። ነሓሰ 2017 ዓ.ም

ቀዳማይ ክፋል፡ ውልቃዊ መግለፂ

1. እትምህረሉ ቤት ትምህርቲ-----------------------2. ፆታ ሀ .ጓል ኣንስተይቲ   ለ .ተባዕታይ

3. ናይ ኣገልግሎት ዓመታት    ሀ. 1-5   ለ. 6-10 ሐ .11-20   መ. ልዕሊ 21 ዓመት

4. ደረጃ ትምህርቲ   ሀ .ዲፕሎማ   ለ .ዲግሪ   ሐ. ካልኣይ ዲግሪ

5. ብደረጃ ኮሌጅ ዝሰልጠንካ እንተኾንካ /ዝሰልጠንካሉ ዓይነት ትምህርቲ /ዓባይ----------------------------------------------------------- 6. ዓመት ምረቓ። --------------------------------------------------------- 7. ደረጃ ክፍሊ ትምህር __________ 8. ኣብ ሰሙን ክንደይ ክፍለ ግዘ ትምህር? ሀ .10-14 ለ. 11-15 ሐ. 16 - 20 መ. 20-24 ረ. ልዕሊ 25

ልጋብ 3

ካልኣይ ክፋል፡ ዝርዝር ሓበሬታ

9. ብዛዕባ ናዉቲ ትምህርቲ ከም ፍሉይ ኮርስ ኣፅኒዕካዮ ዲኻ? ሀ. ተማሂረ እየ ለ.ኣይተማሃርኩን ሐ. እቲ ኮርስ ንባዕሉ ኣሎ ድዩ የለን ኣይፈልጥን።

10. ቅድመ-ኣገልግሎት ስልጠና ኮርስ ወሲድኩም እንተኾይንኩም ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ እኹል ግብራዊ ተመኩሮን ትምህርትን ዝረኸብኩም ዶ ይመስለኩም? መልሲ፡ ከምኡ ይመስለኒ። ሀ.ስልጠና አይረኸብኩን ለ. ከምኡ ኣይመስለንን ሐ. ርእይቶ ክህብ ይኸብደኒ እዩ።

11. ንሕቶ ቁጽሪ 10 ዝሃብካዮ መልሲ "ከምኡ ይመስለኒ" እንተኾይኑ፡ እቲ ኮርስ ንኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ ብዝምልከት ንዝህልወካ ሓላፍነት ብኣድማዒ መንገዲ ዘዳለወካ ይመስለካ ዶ?

ሀ.ብዝለዓለ ደረጃ ኣዳልዩኒ ለ.ፈጺሙ ኣየዳለወኒን ሐ.ብመጠኑ ኣዳልዩኒ መ.ኣይፈልጥን።

12. ብደረጃ ኮርስ ብዛዕባ ትምህርታዊ ናዉቲ ዝምልከት ኮርስ ወሲድካ እንተኾይንካ፡ እቲ ኮርስ ንሞያ መምህርነትካ ዘለዎ ረብሓ ምሉእ ብምሉእ መዓስ ኢኻ ተረዲእካዮ?

ሀ. ኣብቲ ኮርስ እናተሳተፍኩ ከለኹ ለ. ኣይዝክሮን እየ ሐ. ድሕሪ እቲ ኮርስ ወዲአ ናብቲ...

ናይ ስራሕ ዓለም ምስ አተኹ መ.ድሕሪ ዝተወሰነ ቁፅሪ ዓመታት

13. ኣብ እዋን ስልጠና ብዛዕባ ትምህርታዊ ሓገዛት ዝምልከት ኮርስ እንተተዋሂቡካ፡ ነቲ ኮርስ ክትከታተሎ እኹል ግዜ ነይሩካ ድዩ? ሀ.እወ

ለ. ኣይፋልን ሐ. ሎሚ ኣይዝክሮን'የ

14. ብኣሰልጣኒኻ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ እቶም ሓገዛት ዝምልከት ፅሑፍ ተዋሂቡካ ድዩ? ሀ. እወ ለ. ኣይፋልን ሐ. ካልእ መልሲ እንተሃልዩ ግለፅ

15. ንሕቶ ዓሰርተ ኣርባዕተ መልስኻ "እወ" እንተኾይኑ፡ እቲ ዝወሃብ ፅሑፍ ኣብ ስራሕካ ክሳብ ክንደይ ሓጊዙካ? ሀ .ኣዝዩ ለ. ኣዝዩ ብዙሕ ሐ. ብመጠኑ መ. ፈፂሙ ኣይኮነን።

16. ንሕቶ ዓሰርተ ኣርባዕተ መልስኻ "ኣይፋል" እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ ትምህርታዊ ሓገዛት ዘለካ ኣፍልጦ ካበይ ኣምፂእካዮ?

ሀ.ኣብ ስራሕ ስልጠና ለ.ካብ ኣዕሩኽተይ ሐ.ናይ ገዛእ ርእሰይ ፃዕሪ መ.ካብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን ውልቃዊ ተመኩሮታትን

17. ኣብ ስራሕ ኣብ ዝኾነ ስልጠናታት ብዛዕባ ትምህርታዊ ሓገዛት ተሳቲፍካ ትፈልጥ ዲኻ?

ሀ. ሓደ ግዜ ተሳቲፈ ለ. ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ተሳቲፈ ሐ. ፈፂመ ኣይተሳተፍኩን።

18. መልሲ ናይ ሕቶ ቁፅሪ ዓሰርተ ሾብዓተ "ተሳቲፈ" እንተኾይኑ፡ እቲ ስልጠና ዝተወደበ ድዩ? ሀ. ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ለ. ብደረጃ ቤት ፅሕፈት ወረዳ ሐ. ብብርኪ ቤት ፅሕፈት ዞባ

19. ኣብዚ ሕዚ እዋን ንኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ ብዝምልከት እኹል ፍልጠትን ክእለትን አለኩም ዶ ትብሉ?

ሀ .ልዕሊ እኹል ኣለኒ ለ .እኹል ኣለኒ ሐ. እኹል ክእለት የብለይን መ. ፍልጠት የብለይን።

20. ብናትካ ኣረኣእያ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዕዉት ንምግባር፡ ተራ ናዉቲ ትምህርቲ እንታይ ይመስል?

ሀ. ኣዝዩ ልዑል ለ. ልዑል ሐ. ትሑት መ. ተራ የብሉን

21. ቤት ትምህርትኹም ካብ ፋብሪካ ዝመፅእ ናይ ትምህርቲ ናዉቲ  ንምጥቃም ናይ ባጀት ፀገም ኣለዎ ዶ?

ሀ. ገለ ጸገም ኣሎ ለ. ኣሎ ድዩ የለን ኣይፈልጥን ሐ. ብዙሕ ጸገም ኣሎ መ. ፀገም የለን

22. ተምሃሮ ብሓገዝ ትምህርታዊ ሓገዛት ክመሃሩ ከለዉ ናይ ምቕባልን ምዝካርን ክእለቶም ከም ዝመሓየሽ ትኣምን ዲኻ?

ሀ ኣትሪረ እኣምን ለ ፈፀመ ኣይኣምንን እየ  ሐ.ብመጠኑ እኣምን መ.. ንምውሳን ኣፀጋሚ እዩ።

23. ብመልክዕ ወፈያ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ሓገዛት ንምግዛእ ካብ ቤት ትምህርትኻ ወፀኢ ካብ ዝርከቡ ምንጭታት ባጀት ክትረክብ ክንደይ ፃዕሪ ትገብር?

ሀ ብዙሕ ፃዕሪ ለ ውሑድ ፃዕሪ ሐ ማእከላይ ፃዕሪ  መ.ዝኾነ ፃዕሪ ኣይገበርኩን።

24. ኣብ ገምጋም መምህራን ንኣጠቓቕማ ትምህርታዊ ናዉቲ  ዝምልከት ነጥቢ ምእታው ግቡእ ይመስለኩም?

ሀ .ኣዝዩ ግቡእ ለ. ብመጠኑ ዝምጥን

ሐ.ኣግባብነት ዘይብሉ መ.ምውሳን ኣፀጋሚ እዩ።

25. ቤት ትምህርትኹም ፍርያት ቴክኖሎጂ ኣብ ምጥቃም ክሳብ ክንደይ ምቹእ እዩ?

ሀ. ልዑል እዩ ለ. ማእከላይ እዩ ሐ. ምቹእነት የብሉን

መብርሂ 2

• እቲ መፅናዕቲ ውፅኢታዊ ንኽኸውን ተራኻ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ስለቲ ክቡር ግዜኹምን ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምሃብ ዘለኩም ድልውነትን ብጣዕሚ ነመስግን።

ቀዳማይ ክፋል፤ ቓለ መሕተት

1. ኣበይ ተማሂርካ? ሀ. ኮሌጅ ለ. ዩኒቨርሲቲ ሐ. ካልእ እንተሃልዩ ግለጾ

2. ኣብ ምምህርና ዝፀናሕካዩ  ክንደይ ግዜ?

3. ኣብ ሓደ ክፍሊ እትምህሮም ተማሃሮ ብማእከላይ ገምጋም ክንደይ ይኾውን?

4. ኣብ ኮለጅካ ብዛዕባ   ናውቲ ሓገዛት ዝምልከት ኮርስ ወሲድካ ዲኻ?

ሀ. እወ   ለ. ኣይፋልን

5. ንሕቶ ቁፅሪ ኣርባዕተ መልስኻ እወ ካብ ኮነ፡ ስራሕ ካብ እትጅምር ኣትሒዙ ብኸመይ ሓጊዙካ? ሀ. ኣዝዩ ጽቡቕ ለ. ኣዝዩ ጽቡቕ ሐ. ጽቡቕ መ. ማእከላይ ረ. ፈፂሙ ሓጋዚ ኣይኮነን።

6. ብመምሃሪ መሳርሒታት ምምሃር ጠቓሚ ዶ ይመስለካ/ኪ?

7. ንመምሃሪ ቋንቋ ብመምሃሪ ሓገዛት ምድጋፍ ንተማሃራይን ንመምህርን ጠቓሚ ድዩ? ንምንታይ፧

8. መምሃሪ ሓገዛት (መምርሒ መምህር፣ መፅሓፍ ትምህርት፣ ተማሃራይን ሲለባስን) ንመምሃሪ ሓገዝቲ ኣብ ምጥቃም ይሕግዙኻ ድዮም? ንምንታይ፧

9. ኣየናይ ናይ ምምሃር ሓገዝ (ሲለባስ፣ መምርሒ መምህር፣ መምሃሪ መፅሓፍ ) እዩ ዝያዳ ሓጋዚ ኮይኑ ዝረኸብካዮ?

10. እቶም እትጥቀመሎም ናይ ምምሃር ሓገዛት /ናውቲ ትምህርቲ/ ካበይ ትረኽቦም? ከመይ ጌርካ ትረኽቦም?

11. ኣብ ሞያ መምህር ኣብ ዘለኻሉ እዋን ብዛዕባ ሓገዝ መምሃሪ ዝኾነ ሞያዊ ስልጠና ወሲድካ ዲኻ? መን እዩ ዘዳለዎ?

12. ብዛዕባ ኣጠቓቕማ  ናውቲታት ትምህርቲ ብመምህራን እንታይ ርእይቶ ኣለካ?

13. ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ትምህርታዊ  ናውትታት ምስ ተጠቐምካ፡ ትምህርቲ ናይቲ  ዕለት ንተማሃሮ ንፅር

ምኳኑ ብኸመይ ትፈልጥ?

14. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ንመምሃሪ ናውትታት ንምጥቃም ምቹኣት ዝኾኑ ፍርያት ቴክኖሎጂ ኣለዉ ድዮም?

15. ኣብ ቤት ትምህርትኻ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ናውትታት ትምህርቲ ሓሳብካ ከተካፍሎም እትኽእል መምህራን ኣለዉ ድዮም? ኣብ ሞያኻ ክሳብ ክንደይ ሓጊዙካ?

16. ንትሕዝቶ ናይታ መዓልቲ ኣድለይቲ ዝነበሩ ናይ ትምህርቲ ናውትታት ንተማሃሮኻ ዘደናገሩሉ እዋናት ኣሎ ድዩ? እንተዘይኮይኑ ንምንታይ እዚ ዘየጋጠመካ ትመስለካ?

17. ናይ ትግርኛ ቋንቋ መምሃሪ ናውትታት ኣብ ምጥቃም ፀገም ኣጋጢሙኩም ዶ? ከምኡ እንተኾይኑ እንታይ እዮም?

18. መብዛሕትኡ ግዜ እንታይ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ናውትታት ኢኻ ትጥቀም? ንምንታይ፧

19. መብዛሕትኡ ግዜ ኣየናይ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ኢኻ ንምዕዋት ናውትታት ትምህርቲ ትጥቀም? ንምንታይ፧

20. ኣብ መፃኢ ናውትታት ትምህርቲ እንታይ ርእይቶ ኣለኩም?

21. ኣብ ኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ ዝኾነ ፀገም ኣጋጢሙካ ድዩ?

22. ንኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ ብዝምልከት ካብ መምህራን እንታይ ትፅቢት ይግበር?

23. ንኣጠቓቕማ ናዉቲ ትምህርቲ ብዝምልከት ኣብ መፃኢ እንታይ ኣገዳሲ ይመስለካ?

ሀ.